ወ ያ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1067 | www.woyengazeta.org | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

“ማእኸል ስሕበት ቀፃሊ ቃልስና ብሄራዊ ረብሓ፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ እዩ”

❖ ኣብ ግዚያዊ ምምሕዳር ዝተሰግሰገ ጉጅለ እናተኣምረረ ይኸይድ ኣሎ።

ምክትል ኣቦ መንበር ህወሓት፤ ኣማኑኤል ኣሰፋ

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ ቀፃሊ እዋናት ቀንዲ ትኹረቱ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምሕላው፣ ሃለዋትን ድሕንነትን ምርግጋፅ ምኳኑን ነዚኦም ማእኸል ስሕበት ገይሩ ክሰርሕ ከምዝጀመረን ኣባል ፈፃሚ ስራሕን ምክትል ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓትን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ ገሊፁ።

ተጋዳላይ ኣማኑኤል ነዚ ዝገለፀ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ካብ 29 መጋቢት ክሳብ ሰለስተ ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘካየዶ ኣፈፃፅማ መደባት ስራሕ ሽዱሽተ ኣዋርሕን ቐፀልቲ ኣንፈታትን፤ ውድብ ህወሓት ናብ ንቡር ቁመንኡ ንምምላስ ዝነበሩ ዓበይቲ መደባትን ኣፈፃፅመኦምን ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያትን ኣመልኪቱ ምስ ሚድያ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት እዩ።

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብቶም ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ስትራተጂክ ዓቕምታቱ ወዲቡ ቃልሲ ኣንፃር ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ እናካየደ ከምዝፀንሐን ኣብዚ ቐረባ እዋን ድማ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ዘሃገረ ክሕደትን ጥልመትን ዝፈፀመ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተሰግሲጉ ዝነበረ ሓይሊ ከም ሓዱሽ ናይ ምትዕርራይ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ምክትል ኣቦ መንበር ህወሓት ተጋዳላይ ኣማኑኤል ግልፂ ገይሩ።

ከም ኣገላልፃ ተጋዳላይ ኣማኑኤል፤ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ካብ ውሽጣዊ ጉዳያቱ ውፅእ ብዝበለ ድማ ኣብ ቐርኒ ኣፍሪካ ዝምዕብሉ ዘለው ጂኦፖለቲካዊ ጉዳያት ብመንፅር ንህዝቢ ትግራይ ዝህልዎም ፅልዋታትን ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያትን ብዕምቆት ከምዝተመያየጠን ሓበራዊ ኣረዳድኣን መደምደምታን ከምዝተበፅሐን ሓቢሩ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብፍላይ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ዝተወሰኑ መሰረታዊ ጉዳያት ንህወሓት ወኪሎም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ተመዲቦም ዝነበሩ ሰባት ህወሓት ከምውድብ ንምፍራስን ንምብታንን ዝተንቀሳቐሱ፣ ብቀንዲ ድማ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ዝሓንሸሹ፣ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ከይፍፀም ዕንቅፋት እናፈጠሩ ዝመፁ ኣካላት ብምኳኖም ምትዕርራይ ንኽግበር ኣብ ጉባኤ ብዝተወሰነ መሰረት ንተግባራውነቱ ሰፋሕቲ ቃልስታት እናተኻየደ ከምዝመፀ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣፍሊጡ።

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሓምሳ ክድመሮ ሓደ ወንበር ዝነበሮ ውድብ ህወሓት ዝወከሎም ካብ ፕረዚዳንት ጀሚሩ ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ኣባላት ካብኔ ብሄራዊ ክሕደት ብምፍፃምን ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ስለ ዝሓንሸሹን ብኻልኦት ንኽትክኡ ከምዝወሰነን እዚ ድማ ህወሓት በይኑ ክውስኖ ስለዘይኽእል ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ብዙሕ ምዝርራብ ኣብ መወዳእታ ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ህወሓት ብዝወከሎ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ ክትካእ ከምዝተገበረ ሓቢሩ።

ድሕሪ ምትዕርራይ ግዝያዊ ምምሕዳር፣ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ መደባት ከምዘወፁን ማእኸል ስሕበት ናይቶም ዝቕፅሉ መደባት ድማ ሓራ ዘይወፀ ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ውሑስ ምግባር፣ ካብ መረበቱ ዝተማዛበለን፣ ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ምምላስ፣ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ፣ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ ከምዝኾኑ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ዞባና እናማዕበሉ ዝመፁ ዘለው ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት ኣዝዩ ተኣናፊ ምስሕሓባት ይረኣየሉ ከምዘሎ ዝሓበረ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ብፍላይ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ምትፍናን ብመንፅር ትግራይ ዝህልዎ ሳዕቤን ብትኹረት ክረአ ከምዘለዎን ክግበር ኣብዘለዎ ጥንቃቐታትን ኣመልኪቱ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዝርዝር ከምዝገምገመን ግልፂ ገይሩ።

ምትፍናን ኢትዮጵያን ኤርትራን ናብ ኲናት ንኸየምርሕ ማሕበረሰብ ዓለም፣ ጎረባብቲ ሃገራትን ካልኦት ደለይቲ ሰላም ሓይልታትን ዓገብ ክብሉን ኣድላይ ጥንቃቐ ክገብርን ከምዘለዎ ዝሓበረ ተጋዳላይ ኣማኑኤል፤ እዚ ምትፍናን ዘይተርፍ ኮይኑ ናብ ኲናት እንተምሪሑ ግን ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ናብ ሓደጋ ብዘየውድቕ፣ ብመንፅር ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ክረአ ከምዘለዎ ገሊፁ።

ምክትል ኣቦወንበር ህወሓት ተጋዳላይ ኣማኑኤል ነዚ ከምመፍትሒ ሓሳብ ኢሉ ዘቐመጦ፤ ሓዱሽ ዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ቀልጢፉ ተመዓራርዩ ናብ ስራሕ ክኣትውን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ትኹረት ሂቡ ክሰርሕን ምኽኣል ከም ህዝቢ፣ ከም ውድብን ከምሰራዊት ትግራይን ድማ ነዚ ኩነታት እዚ ብጥንቃቐ ክሪእዎ ከምዘለዎም ኣፍሊጡ።

“ድሕሪ ወፍሪ እምቢታ ውድብና ህወሓት ናብ ንቡር ቁመንኡ ንምምላስ ዝነበሩ ዓበይቲ መደባትን ኣፈፃፅመኦምን እንታይ ይመስሉ” ብምባል ንዘቐረብናሉ ሕቶ ተጋዳላይ ኣማኑኤል እንትምልስ፤ ብሄራዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ዝሓንሸሸ ፅግዕተኛ ሓይሊ ህወሓት ንምፍራስ ዝሓዞ ኣጀንዳ ንምፍሻል ጉባኤ ምክያድ ወሳኒ ከምዝነበረን ድሕሪ ጉባኤ ምክያዱ ድማ ነቶም ኣብ ጉባኤ ዝተወሰኑ ውሳነታትን ደምዳም ሓሳባትን ብምሓዝ ኣብ ህዝቢ፣ ኣባልን ኣመራርሓን ንፅረት ንምፍጣር ዝተፈላለዩ መድረኻት ከምዝተኻየዱ ውፅኢቶም እውን ዓብይ ምኳኑ ገሊፁ።

ኣብቲ ህዝቢ ግልፅነት ምስተፈጠረ እውን ኣብቲ ዝነበረ ግዝያዊ ምምሕዳር ክሒዱ ድምፂ ህዝቢ ክሰምዕ ስለዘይከኣለ መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ነቲ ህወሓት ዝሓዞ ኣንፈት ቀልጢፉ ስለዘይተቐበሎ በቲ ዝተደለየ መንገዲ ክመዓራረ ከምዘይከኣለ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ወሲኹ ሓቢሩ። እቲ ኹነታት እናኸፈአ ምስከደ እቲ ቃልሲ በፂሕዎ ካብ ዝነበረ ብርኪ ብሓደ ደረጃ ሓፍ ክብል ብምግባር ብሰላማዊ መንገዲ “ወፍሪ እምቢታ ንብሄራዊ ክሕደት ብተናን ምልክን” ብዝብል ህዝቢ ትግራይ እምቢትኡ ዝገለፀሉ ኩነታት ከምዝተፈጠረ ይገልፅ።

ውፅኢት ናይዚ ወፍሪ እምቢታ ዝገለፀ ተጋዳላይ ኣማኑኤል፣ ኣብ ዝተወሰኑ ከባቢታት ትግራይ ዝተዓፈኑ ወረዳታት ዋላ እኳ እንተሃለው እቲ ኣብዝሓ ህዝቢ ትግራይ ግን ድምፁ ዘስመዓሉ እቲ ቃልሲ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየ ዝኸደሉ፣ ኣብያተ ምኽሪ ህላወኦን ዘረጋገፁሉ፣ ኣብ ዞባ፣ ወረዳን ጣብያን ዘለው ምምሕዳራት እውን ሕገ-መንግስታዊ ስልጣኖም ዘረጋገፁሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ ክብል ሓቢሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ናይዚ ህዝባዊ ቃልሲ ውፅኢት እቲ ብሄራዊ ክሕደት፣ ዝፈፀመ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተሰግሰገ ጉጅለ ኣብ መላእ ትግራይ እናተሸምረረ ከይዱ እቲ ቃልሲ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ደይቡ ናብቲ ሐዚ ዘለናሉ ተነፃፃሪ ዝሓሸ ሃዋህው ከምዝበፅሐን እቲ ዝተኻየደ ወፍሪ እምቢታ ቃልሲ እውን ዕውት ከምዝኾነን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣዘኻኺሩ።

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፤ ፅንዓትን ዓወትን!

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ሰይኣውትን - መነን ይሕደጉ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

20 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1067
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ህዝባዊ እምቢታ ኣብ ዝፈጠሮ ተነፃፃሪ መድረኽ ኮይንና ዝያዳ ንጠናኸር!!

እንርከበሉ መድረኽ ኣቲናሉ ካብዝነበርና ሓደጋን ጉዕዞ ዕንይንይን እናወፃእና ከምውድብ ናብ ምሕዋይን መቐይሮ ነጥቢ ክኾኑ ናብዝኽእሉ ሓደሽቲ ዝላታት ዝተሰጋገርናሉን ወሳኒ ምዕራፍ ምዃኑ ኣብቲ ባይታ ብዘሎ ንቡር ምንቅስቓስ ምግንዛብ ይከኣል።

ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዝነብር ህዝብና፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ወዲቑ ዝሳቐይ ዘሎ ወገንና፣ ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ካብ ምውቕ ገዝኡ ተመዛቢሉ ኣብ ፎቐድኡ ስደት ሓሰራ መከራ ዝበልዕ ዘሎ ህዝብና፣ ኣመራርሓናን ኣባልናን፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ስድራ ስውኣትና፣ ተጋደልትናን ነባር ዓቕምታትናን፣ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ክብሪ ይብፃሕኩም እሞ፤ ንስኹም ብዘካየድኩምዎ ዘይተሓለለ ቓልስን ዘርኣኽምዎ ፅንዓትን ናብዚ ንውድብናን ህዝብናን ናብ ዝተረጋገአ ናይ ቃልሲ ሃዋህው ዝመልስ ምቹው ዕድል ክንፈጥር ክኢልና ኣለና። ከምዝፍለጥ እቲ ንቑልፊ ሓላፍነት ግዝያዊ ምምሕዳር ተቖፃፂሩ ድላዩ ክገብር ዝፀንሐ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ክገልስን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብንቡር ከመዓራረን ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ ኣሎ። መላእ ኣባልናን ተቓላሳይ ህዝብናን ቀዳምነት ክወሃቦ ኣብዝግባእ ሕውየት ውድቡ ናይ ምርግጋፅ ኣጀንዳ ዓሲሉ ብዘካየዶ ፈተናታት ዝተመልአ ቃልሲ ተባራዕቲ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ንምምላስ ኩሉ መዳይ ዓቕምታትና ኣዋዲድና ክንረባረብ ኣብ ንኽእለሉ ምቹው ኩነታት ክንርከብ ኣኺሊና ኣሎ።

መሪሕነትና፣ ኣባላትናን ህዝብናን ንውሳነታት መበል 14 ጉባኤ ውድብና ህወሓት ኣማእኺሎም "ወፍሪ እምቢታ!" ብዝብል መሪሕ ቃል ዝተሰነየ ውዑይ ቃልሲ ብምክያዶም ውድብናን ህዝብናን ካብዝኣተውዎ ሓደጋ ዘድሕኑ ዓበይቲ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት ክተኣኻኽቡን ክጠናኸሩን ክኢሎም እዮም። ህዝቢ ትግራይ ኣብቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ሓደጋን ኣብ ኣፈታትሕኡን ትኽክለኛ ግንዛበ ጨቢጡ ሓድነቱ ብምሕላው ክቃለስ ዕድል ሂቡ እዩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተጨጨሐ ፅግዕተኛ ጉጅለ ንክብርታት ውድብናን ዘይጠሓሱ መትከላትናን ሃደሽደሽ ኣቢሉ ውድብ ከፍርስ ዝገበሮም ውዲታት ብምፍሻል ክብርታትና ናብ ቦትኦም ከምለሱን ከምኣብያተ ምኽሪ ዝበሉ መግለፂ ሉኣላውነት ህዝብና ከይፈርሱን ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ብምግባር "ኣብ ትግራይ ስርዓት ፈሪሱ እዩ፣ ፌደራል መንግስቲ ይእተወና" ክሳብ ምባል ዝበፅሐ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ጥራሕ ዝባኑ ክተርፍን ዓቕምታት ህዝብናን ሓይልታት ፀጥታናን ኣብ ቁልፊ ተግባራቶም ከተኩሩን ዕድል ኣመቻቺዩ እዩ። እዚ ጉጅለ ኣብ ናይ ድሕረት ኮረቻ ተሳፊሩ ሕልምታቱ ከፈፅም ዘካየዶም መዕነውቲ ተግባራትን ወፍሪ ፀለመታትን ኣብ ምቅላዕን ህዝብና በዚ ጉጅለ ተደናጊሩ ዓቕምታቱ ከይበታተን ኣብ ምግባርን ናይ ህዝባዊ እምቢታ ቓልስና ዘረጋገፆ ዓወትን ዝፈጠሮ ጥጡሕ ባይታን ህዝቢ ትግራይ ካብ ዕንይንይን ስግኣትን ክወፅእን ብዛዕባ ውራዩ ከሰላስልን ዕድል ዝሃበ ኮይ ኣሎ።

ብመሰረት እዚ፤ ብውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኮይኑ ንክመርሕ ዝተወከለ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ፣ መደራድርትና መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ተሰማዕሚዕሉ ስርሑ ብዕሊ ጀሚሩ ኣሎ። ካብ ሕዚ ንደሓር ነቲ ዝባኸነ ግዜ ኣከሓሒስና ኣብ ኢድ ወረርቲ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና ሓራ ንምውፃእ፣ ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ንምምላስ፣ ሉኣላዊ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ንምውሓስ፣ ዳግመ ሕውየትን ዘላቒ ህንፀትን ትግራይ ንምዕማም፣ ሕቶታት ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ህዝብና ንምምላስ ብዕቱብ ሰሪሕና ውፅኢት እነምፅኣሉ ዕድል ክንፈጥር ኣለና። ነዞም መሰረታዊ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ንምምላስ ውድብ ህወሓት ንመላእ ኣመራርሓኡ፣ ኣባላቱን ህዝቡን ኣለዓዒሉን ወዲቡን ክቃለስ ብቑርፀኝነት ተበጊሱ ኣሎ። ውድብ ህወሓት፣ ተልእኾታት ግዝያዊ ምምሕዳር ንምዕዋት ግቡኡ ክፍፅም ዝከኣሎ ኩሉ ርብርብ ክገብር ብዕላዊ መግለፂ ቃል ካብ ምእታው ሓሊፉ ብተግባር እውን ምስሓዱሽ ግዝያዊ ምምሕዳር ተቐራሪቡ ኣብ ናይ ሓባር ትልሚ ምስራሕ ጀሚሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ስቓይ ህዝብና ከብቅዕ ኣብዘለና ብጣዕሚ ውሱን ግዘ ተረባሪብና ሕሉፍ ድኽመታት ብዘከሓሕስ መልክዕ መደባትና ክንፍፅም ይግባእ። ሓዱሽ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ይኹን ውድብና ህወሓት ዝሓዝዎ ትልምታት ንምዕዋት ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳርና ዝተማልአ ቑመና ሃልይዎ ሓላፍነቱ ብኣግባቡ ንክፍፅምን ዕማማቱ ንከዐውትን ዘኽእል ምቹው ኩነታት ንምፍጣር ኩለመዳይ ርብርብ ከምዝገበር ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ወሲኑ ኣብ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ኣትዩ ይርከብ።

ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኣብ መፈለምታ ሚያዝያ ዘካየዶ ገምጋም ኣፈፃፅማ ሕሉፍ መደባት ሽዱሽተ ወርሒ 2017 ዓ/ም፤ ነቲ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ካብ ህዝቢ ንምንፃል ብወፍሪ እምቢታ ዝተገበረ ቃልሲ ትኽክል ምንባሩን ምስቲ ጉጅለ ዘለና ኣፈላላይ እውን ናይ ስልጣን እንተይኮነ ናይ ሰልፊ ለውጢ ምዃኑ ምሉእ መደምደምታ ብምሓዝ እቲ ጉጅለ ኣብዚ እዋን ናብ ደምብኡ ናይ ምሕዋሱ ጉዳይ ምስፀላእቲ ኣቐዲሙ ፈጢርዎ ንዝፀንሐ ርክብ መረጋገፂ ምዃኑ ኣስሚርሉ እዩ። በዚ መዳይ እንትርአ እቲ ጠላም ጉጅለ ዝሓዞም መርገፅታትን ዝወሰዶምን ዝወስዶም ዘሎን ስጉምታትን ብዕላማን ብኣተሓሳስባን ካብ መትከላት ህወሓትን ድልየታት ህዝቢ ትግራይን ወፃኢ ዝኸደ ናይ ኣሰላልፋ ኣፈላላይ ዝፈጠሮ ምዃኑ ተገንዚብካ ዝተጀመረ ቓልሲ ኣንፃር ብሄራዊ ክሕደት ክጐሃሃር ምግባር መማረፂ ዘይብሉ ይኸውን። ብመሰረቱ እቲ ቓልሲ ተጀሚሩ እምበር ኣይተወደአን። ሕዚ እውን ልዕሊ ኩሉ ንውሽጥና ብምርኣይ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ቃልሲ ምንቅስቓስ ዝበለፀ ክነጐሃህር ኣለና። ዝተፈላለዩ ጉድለታት፣ ዘይመትከላዊ ምትእስሳራት፣ ዝተፈላለየ መበገሲ ዘለዎም ምሽርሻራት፣ ናይ ስልጣን ሃረምረማት ከባብያውነትን ካልኦት ኣብዚ ዙርያ ዘለው መሊኦም ዘይተወገዱ ክፍተታት፣ መስመር ንምትሓዝን ብኹለመዳይ ምዕሩይ ሕውየትና ንምርግጋፅን ውድብና ህወሓት ብቀፃልነት ዲሞክራሲያዊ ቓልሱ ኣጠናኺሩ ክቕፅል እዩ።

ብሓፈሻ መሪሕነትና፣ ኣባልናን ህዝብናን ሳላ ብፅንዓት ዝተቓለሱ ኣንፃር ብሄራዊ ረብሓታትና ዝተሰለፈ ጠላም ጉጅለ ብህዝቢ ተተፊኡ ናብ ደምብኡ ኣትዩ ኣሎ። ህወሓት እውን ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዘለዎ ቦታ ብምምዕርራይ ቀፃሊ ስራሕቱ ዘሳልጠሉን ነቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ምሉእ ደገፍ ዝህበሉን ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩ ንዝበለፀ ቓልሲ ተዳልዩ ይርከብ። ናብዚ ተነፃፃሪ መድረኽ ዘብቀዐና ብወፍሪ እምቢታ ዝተዓጀበ ህዝባዊ ቃልስናን ሕብረትናን ብምጥንኻር ቀፃሊ ዕማማትና ንምዕዋትን ሽርሒ እቲ ጠላም ጉጅለ መሊኡ ከብርዕን ንምግባርን ቀላፅምና ጠሚርና ንውፈር።

ትብፃሕ

እዛ ብርኩታ ነገር ኣላታ!

ዝኸበርኩም ኣሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን፤ ሰላም ከመይ ቀኒኹም እናበልኩ ንሎሚ ናብ ዝሓረኹዎ መበገሲ ፅሑፈይ ክኣቱ።

ከምቲ ዝፍለጥ 10 መጋቢት 2017 ዓ.ም ኣጋግዘ ጠቕላይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ብልፅግና ዘቕረቦ ፀብፃብ ብዛዕባ ኣፈፃፀማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ነይሩ። ከምኡ እውን ምስ ህልዉ ኩነታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ስግኣታት ኵናት ኣመልኪቱ ብኣባላት ተወከልቲ ህዝቢ ንዝቐረበሉ ሕቶን ርኢቶን መብርህን መልስን ሂቡ እዩ። ኣብቲ ዝሃቡ መልሲ ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ይኹን ምስ ትግራይ ሎሚ ይኹን ፅባሕ እትፍፅሞ ኲናትን እተልዕሎ ወረ ኲናትን ከምዘይህሉ ድማ በታ መንታን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ተንኮል ሓዘል ዝዛረበላን መልሓሱ ኣጠዓዒሙ መደረ ኣስሚዑ እዩ።

ይኹን ደኣምበር ተዛሪቡ ካብቲ ኣኼባ ምስ ወፀ ከይወዓለ ከይሓደረ ከምቲ" ነገርያ ዝደለየስ ንሕምባሻ ፀብሒ ደለየ" ከም ዝበሃል ግዲ ኮይኑ ንውዕሊ ፕሪቶርያ ዘፍርስን ምስ ህዝቢ ትግራይ ዝተናኩስን መሳሰይ መደረ ብተዘዋዋሪ ክስማዕ ገይሩ። ብኣዛዚ ሓይሊ መካላኸሊ ሰራዊት ኢትየጵያ ኢታማጆር ሹም ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ኣቢሉ ሰበር ዜና ብዝመስል መልክዑ "ብጀነራል ምግበይን ሰዓብቱን ዝምራሕ ወፍሪ ሓድነት ወራሪ ፅንፈኛን ሓይሊ ፋኖ ብሓይሊ መከላከሊ ሰራዊት ኢትዮጲያ ፈሺሉ" ክብል ብማዕከናት ዜናን ሚድያታት ኢትዮጵያ ክዝርጋሕ ገይሩ እዩ።

እዚ ማለት ጠቕላይ ምኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ቀልብን ትኹረትን ዲፕሎማሰኛታት ዓለም ንምዝባዕ ብኣፍ ናይ ሰላም ጭርሖ እናስመዐ ብተግባር ግና ውድብ ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ብምፍራስ ኣቢልካ ውዕሊ ፕሪቶርያ ንምምካን ከንቱ ንምትራፍን ዘሳወሮ ቀፃሊ ሽርሒ ምኻኑ ድማ ንተጋሩ ግልፂ እዩ። በዚ እውን ብስርዓት ብልፅግና ኢትየጲያ በቢ ዓመቱ ዝፈጥሮም ዘሎ መጨበጢ ዘየብሎም ኣጀንዳታት ዕላምኡ ንህዝቢ ትግራይ ደጊሙ ንምውራርን ንምፍራስን ድልየት ከም ዘለዎ ቁልጭ ኣቢሉ የርእየና ኣሎ። እዚ ብምኻኑ ከም ተጋሩ ነዚ ብዝግባእ ተገንዚብና ቅድሚ ውሕጅ ምምፅኡ መንገዲ ውሕጅ ምፅራግ የድልየና። ብፍላይ ገሌና ተጋሩ ካብ ምስ ዝነፈሰ ምንፋስን ዕስለነትን ወፂና ከምቲ ኣብ ልዕሌና ተፈፂሙ ዝነበረ ኵናት ፅንተት ብሓደ ዝመከትናዮ ሐዚ እውን ካብ ጓል መንገዲ ወፂና ሓድነትና ብምስጣም ብሰለማዊ ኣገባብ ቃልስና ክነሐይል ኣለና። ብተወሳኺ እውን ስራሕቲ ዲፕሎማስና ብዕቱብ ክነጠናኽሮ ነጥብታት ውዕሊ ፕሪቶርያ ሓደ ብሓደ ተፈፃሚ ክኸውንን ልኣላዊ መሬት ትግራይ ናብ በዓል ዋንኡ ክምለስ፣ ዝተመዛበለ ህዝቢ ናብ ገዝኡ ንክምለስ ክሳብ መወዳእታ ክንቃለስ ይግበኣና።

እዚ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ልዕሊ ናይ 42 ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ዘንበሮ ናይ ንብረትን ካልኦት ቀወምቲ ሃፍቲ እገዳ ብሕጊ መሰረት ዝእገደሉ ምኽንያት መረዳእታ ዘየብሉን ሕጊ ዘይድግፎን ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣካል እቲ ትግራይን መራሕታን ናይ ምድኻምን ምብትታን ሽርሒ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብኻልእ መዳይ ከዓ እዚ ናይ ተጋሩ ሃፍቲ እገዳ ተግባር ነቲ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝፃረርን ብተዘዋዋሪ መንግዲ ሓደ ስልቲ ጎስጓስ ኵናትን ክጥቀመሉ ዝፍትን ዘሎ ምዃኑ ብምርዳእ ከምዚ ዓይነት ሓደገኛ ምትንኳያት ስለዝኾነ "እዛ ቡርኩታ ነገር ኣለታ" ከምዝበሃል ንኵናት ወረ ዝሓዘለ ነገረ ስለዝኾነ ኣቕሊልካ ክረኣዩ ዘይኮነስ ናብ ካልእ ዝዓበየ ፀገም ከይሰገሩ ብኣጋ ኣጥቢቕካ ክኹነኑ ይግባእ እብል።

ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)
ካብ መቐለ

ህወሓት ተምሳሌት ፅንዓትን ዓወትን እያ!!

እዋናዊ ዛዕባ

ዝጨበጥናዮም ዕድላት ናብ ፀጋ እንቕይሮሉ ወሳኒ መድረኽ!

ኣብዚ ዘለናሉ መበል 21 ክፍለ ዘመን ዓለም ናብ ዝለዓለ ጠርዚ ስልጣነን ምዕባለን ኣብ ዝተሰጋገረትሉ፣ ኣተሓሳስባ ደቂ ሰባት ማዕቢሉን ተቐይሩን ተባሂሉ ኣብ ዝግመተሉ ዘመን፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ድማ ንዓለምና ሓዱሽ ክስተት ምዃኑ ንምግማት ኣየፀግምን። ከምቲ ዝፍለጥ፤ ህዝቢ ትግራይ ብሓይልታት ፅንተት ኣብ ልዕሊኡ ብዝተፈፀመሉ ፅንተታዊ ኲናት ኲለመዳያዊ ጉድኣት በፂሕዎ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እንርከበሉ ዘመን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ክፍፀም እዩ ተባሂሉ ዘይሕሰብን ዘይግመትን ኣረሜናዊ ጨፍጫፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፈፂሙ። ዓለም ኣብዚ ዘመን ዘፍረየቶም ዘመናዊ ኣፅዋራት ውግእ ኣዝዩ ብዘስካሕክሕ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ክዘንቡ ተገይሮም። እዚ ህዝቢ፤ ንዓመታት ዝሃነፆም ትካላት፣ ዘጥረዮ ሃፍትን ንብረትን ተዘሪፉን ክዓንው ተገይሩን። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ንዝንተ ኣለም ዘይርሳዕን ካብ ሕልናኡ ዘይፍሓቕን በሰላ በፂሕዎ።

ከምዚ ዝበለ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝተፈፀሞ ህዝቢ ትግራይ፤ ህልውንኡን ድሕንነቱን ከረጋግፅ ግድን ኾይንዎ ብረቱ ከልዕል ተገዲዱ። ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ሓደ ሰሚሩ ብዝተፈላለዩ ኲርዓናት ትግራይ ንምውራርን ህዝቢ ትግራይ ንምፅናትን ንዝወፈሩ ወረርቲ ሓይልታት ብዝለዓለ ፅንዓትን ጅግንነትን መኪቱ። መዓዝ ምምካት ጥራሕ ኾይኑ፤ እዚ ህዝቢ ንኲሎም ልፍንታውያን ሓይልታት ብምስዓር ዓለም ዘስደመመ ተኣምራዊ ጅግንነት እውን ፈፂሙ። ንህዝቢ ትግራይ ካብ ፅንተት ዘድሓነ ጅግና ሰራዊት ሃኒፁ። በዚ ድማ ንህዝቢ ትግራይ እንተኽኢሎም ካብ ሕልና ከይተረፈ ከጥፍእዎ፤ እዚ እንተዘይተሳኺዕሎም ድማ ከምበርክኽዎ፣ ትግራይ “ነበረ” ንምግባር፣ ንልዕሊ 100 ዓመት “ሓፊት” ንከይትብልን ልምዓት ሓሪምዋ ናብ ምድረ በዳ ክትቕየርን ዓሊሞም ብዝተዋደደን ዝተተለመን መንገዲ ዝወፈሩ ሓይልታት ጥፍኣት ሕልሞም ከምዘይሳኸዕሎም ብተግባር ኣርእይዎም እዩ።
ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ብዝገበርዎ ተጋድሎን ዝኸፈልዎ ክቡር መስዋእትን፤ እቶም ንሰላም ተሓሲሞም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኲናት ዝወልዑ ፀረ ሰላም ሓይልታት ከይፈተዉ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ክፍርሙ ተገዲዶም። ብመሰረት እዚ፤ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ሃገረ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶርያ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ተፈሪሙ። እቲ ንህልቂት ብዙሓት ወገናት ሰበብ ዝኾነን ዓዲ ከምዓዲ ዘዕነወን ኣዝዩ ከቢድ ኲናት ጠጠው ክብል ብምግባር ናብ ሰላማዊ ዘተ ተሰጋጊርና። እዚ ድማ ውፅኢት ቃልስን መስዋእትን ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ምዃኑ ይትረፍ ትግራዋይ፤ ኩሉ ማሕበረሰብ ዓለም ዝፈልጦ ፀሓይ ዝወቓዖ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር ናብ ሰላም ከሰጋግር ተስፋን ትፅቢትን ዝተነበረሉ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ፤ ሕዚ እውን መልክዑ ቐይሩ ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ካብ ምንዋሕ ኣየድሓነን። የግዳስ መልክዕ እቲ ኲናት ብምቕያር ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽን ንምጥፋእን ብውሽጥን ብደገን ብዝተዋደደ መንገዲ እናተሰርሐ ይርከብ። ካብ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝወፀን ንሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ዘፍርስን ብውሽጥን ብደገን ዝተዋደደ ንውድብ ህወሓት ብምጥፋእ ኣቢልኻ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናይ ምብታን ምንቅስቓስ እናተገበረ ፀኒሑ፤ ሕዚ እውን ዝተፈላለዩ ውዲታት ብምፍሓስን ስልትታት ብምቕይያርን ይስርሑሉ ኣለዉ።

ኣብዚ ጉዳይ ብዙሓት መግለፅታትን መርኣይታትን ምቕማጥ ይከኣል እዩ። እቲ ብቐዳምነት ክጥቀስ ዝኽእል ግና፤ ኣብ ውሽጢ ውድብና ዝተፈጠረ ፅግዕተኛ ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ ኣብ ውሽጥን ደገን ምስዘለዉ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ኾይኑ ውድብና ንምጥፋእ ኩሉ ዓይነት እከይ ተግባር ክፍፅም ፀኒሑ እዩ። ኮይኑ ግና ብሳላ ዝተዋደደ ቃልሲ ኩሎም ስትራቴጅካዊ ዓቕምታት ትግራይ እቶም ሽርሒታት ኣብዚ ሕዚ እዋን ክፍሽሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ህዝብና እውን ኣብዚ ጉዳይ ዝሓሸ ግንዛበን ርድኢትን ሒዙ ነዚ ሃዋህው ብዝግባእ ተረዲኡ ቃልሱ የጠናኽር ኣሎ። ናይዚ ውፅኢት ድማ ብመሰረት ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ህወሓት፣ ህዝቢ ትግራይን ሓይልታት ፀጥታን ትግራይ ብዝኣመንሉ መንገዲ ምስመንግስቲ ኢትዮጵያ ብምርድዳእ ኣመራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንምትዕርራይ ዝኽእል ጥጡሕ ባይታ ክፍጠር ክኢሉ እዩ። ብጭቡጥ ዝተጀመሩን እናማዕበሉ ዝኸዱ ዘለዉን ስራሕቲ እውን ኣለዉ።

ከምቲ ዝፍለጥ ካብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ኣትሒዙ ግዝያዊ ምምሕዳር ክመዓራረ ከምዘለዎ ተነፂሩ እዩ። ኣብቶም ንመበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ስዒቦም ዝተኻየዱ ህዝባዊ መድረኻት እውን ብተደጋጋሚ ይለዓል ነይሩ። ንኣብነት፣ “ግዝያዊ ምምሕዳር ንምንታይ ዘይመዓራረ? ንምንታይ ኢና ሱቕ ኢልና ንፅበ ዘለና? ህዝብን ውድብን እኮ ኣብ ዝኸፍአ ሓደጋ እዮም ጥሒሎም ዘለዉ። ንምንታይ ህፁፅ ዕልባት ዘይግበረሉ?” ዝብሉ ሕቶታት ዳርጋ ኣብ ኩሎም ህዝባዊ መድረኻት ይለዓሉ ነይሮም። ካብዚ ሓሊፉ “እምቢ ንምልኪ፣ ጭቆናን ብተናን!” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተኻየደ ወፍሪ እምቢታ ነይሩ። ከምዚኦም ዝበሉ ውዑይ ህዝባዊ ቃልስታት ብምክያዶም ድማ እነሆ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝመዓራረየሉን ተልእኾታቱ ብኣግባቡ ዝፍፅመሉን ጥጡሕ ባይታ ይፍጠር ኣሎ። እዚ ድማ ሓደ ዓብይ ለውጢ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። እዚ ኮይኑ፤ እቲ ሳላ ቓልስና ተረኺቡ ዘሎ ዕድል ምርካቡ ሓደ ነገር ኮይኑ ግዝ ከይሃብኻን ቀትርን ለይትን ብምስራሕን ናብ ፀጋ ክቕየር ኣለዎ። ነዚ ሕዚ ረኺብናዮ ዘለና ዕድል ናብ ዝሰፍሐ ፀጋ ብምቕያር ድማ ውድብና ናብ ምሉእ ቁመናኡን ህዝባዊ መትከሉን ንክምለስ ብዕቱብ ዝስርሐሉ ሕዚ እዩ።

ብመሰረት እዚ፤ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝባኸነ ግዘ ብምክሕሓስ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ንምፍታሕ ክስራሕ እዩ። ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ኾይኑ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና ሓራ ንምውፃእ፣ ግዝኣታዊ ሓድነትና ንምውሓስ፣ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ድሕንነቱ ተሓልዩ ናብ መረበቱ ንምምላስ፣ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ንምርግጋፅ፣ ሰላም፣ ፀጥታን ሰናይ ምምሕዳርን ንምንጋስ ዝሓሸ ባይታ ይፍጠር ምህላዉ መላእ ኣባልናን ህዝብናን ክግንዘብ ይግባእ። ነዞም መሰረታዊ ሕቶታት ንምምላስ ውድብና ህወሓት መላእ ኣመራርሕኡ፣ ኣባላቱን ህዝብን ኣለዓዒሉን ወዲቡን ተልእኾታት ግዝያዊ ምምሕዳር ንምዕዋት ዝኽእልዎ ግቡኣት ንምፍፃም እናተረባረበ ይርከብ። ብመሰረቱ ምኽባር ልዕልነት ሕጊ ናብ ሕቶ ዘይኣቱ ኾይኑ፤ ህዝቢ ትግራይ ንኹሉ ዓይነት ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ብማዕረ ዘተኣናግድ ህዝቢ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ፤ ብምኽንያት ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ካብ ትግራይ ወፂእኻ ምኻድ ይኹን ካብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ወፃእ ካሊእ መንገዲ ምንዳይ ንህዝቢ ትግራይ ዘይምጥን ተግባር ምዃኑ ብምርዳእ ህወሓት ብሄራዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ሓበራዊ ምርድዳእ ንምፍጣር ምስኩሎም ኣካላት ተቐራሪቡ ንምስራሕ ቅሩብ ምዃኑ እናረጋገፀ ዝመፀን ዘሎን ውድብ እዩ። ሕዚ እውን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝተንጠባጠቡ ዓቕምታት ብምትእኽኻብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሱ ኣጠናኺሩ ከምዝቕፅል ይገልፅ ኣሎ። እዚ ዕድል እዚ ምፍጣሩ ድማ ምዕሩይን ምክእኣል ዝተመልኦን ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝፈጥር እዩ።

ከምቲ ዝፍለጥ ግዝያዊ ምምሕዳር ክጣየሽ እንተሎ ክፍፅሞም ዝግብኦም ተልእኾታት ብንፁር ተቐሚጦም እዮም። ንኣብነት፤ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ምምላስን ውሑስ ምግባርን፣ ወረርቲ ሓይልታት ካብ መሬት ትግራይ ጠቕሊሎም ንክወፁ ምስራሕ፣ ተመዛበልቲ ወገናትና ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ናብ መረበቶም ምምላስ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኲናት ፅንተት ንዝፈፀሙ ገበነኛታት ናብ ሕጊ ቐሪቦም ክሕተቱ ምግባር፣ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ውሑስ ንክኸውን ምስራሕ፣ ሰብኣዊ ሓገዛትን ካልኦትን ክኣትዉን ናብ ዝተፀገመ ህዝቢ ክበፅሑን ምግባር፣ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ዝለዓለ ቆላሕታ ሂብኻ ምስራሕ፣ ናብ ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ምስግጋር ዝብሉ ካብቶም ተልእኾታት ግዝያዊ ምምሕዳር ተጠቀስቲ እዮም። ይኹን እምበር፤ እዞም ተልእኾታት ግዝያዊ ምምሕዳር ብግቡእ ክፍፀም ብዘይምኽኣሉ ህዝብና ንተወሳኺ ስቓይን ሓሳረ መከራን ዘሳጠሐ፣ ዝተወዘፉ ስራሕቲ ንክህልዉ ቀንዲ ሰበብ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ብስሩ እውን ኣብ ፃንሒት ክልተ ዓመት ውፅኢት ኣልቦ ከምዝኾነ ባይታና ዝምስክሮ ህያው ሓቂ እዩ። ህዝቢ ብኣንደበቱ እናገለፆ ዝመፀ እውን ነዚ ሓቂ ዘራጉድ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ክንዲ ነቶም ተልእኾታት ሒዙ ዝሰርሕ ኣብዘይጭበጡ ኣጀንዳታት ጥሒሉ ፖለቲካ ትግራይ ናብ ህውከትን ዕግርግርን ክኣትውን ስቓይ ህዝብና ክናዋሕን ቀንዲ ተዋሳኢ እዩ ኾይኑ። ነዚ እውን እዩ ድሕሪ መበል 14 ጉባኤ ህወሓት፤ ግዝያዊ ምምሕዳር ንምትዕርራይ ከምኣንፈት ተነፂሩ ብዕቱብ እናተሰርሐሉ ዝመፀ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ፤ ድሕሪ ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን ቃልሲ ምክያድ ሕዚ ግዝያዊ ምምሕዳር ንምትዕርራይ ጥጡሕ ባይታ ይፍጠር ኣሎ። ብተግባር ተጀሚሩ ከምዘሎ እውን ምርዳእ የድሊ። ምትዕርራይ ግዝያዊ ምምሕዳር ብትርጉሙ እንትውሰድ ድማ ምትግባር ውዕሊ ፕሪቶርያን ምርግጋፅ ሕውየት ህዝብናን ማለት እዩ።

ካብ ሕዚ ንደሓር ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ጥጡሕ ባይታ ናብ ዘላቒ ዕድልን ምሉእ ቁመናን ንምስግጋር ብጥብቂ ክስራሕ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ስቓይ ህዝብና ንክሓፅር ኣብ ዘሎ ውሱን ግዘ ብምርብራብ ሕሉፍ ድኽመታት ብዘከሓሕስ መልክዑ መደባት ምዕማም ግድን ይኸውን። ነዚ ረዚን ውራይ ንምዕዋት ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝተማልአ ቁመና ሃልይዎ ሓላፍነቱ ብግቡእ ንክዋፃእን ዕማማቱ ንክፍፅምን ብዘኽእል መንገዲ ኩሉ ኣመራርሓን ኣባልን፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝነብር መላእ ህዝቢ ትግራይ ዝከኣሎ ኹሉ ክገብር ዝለዓለ ትፅቢት ይግበረሉ። ውድብና ህወሓት እውን ዝተማልአ ምትእምማንን ሰላምን ተረጋጊዑ ናብ ናይ ልምዓትን ህንፀት ዴሞክራስያዊ ስርዓትን ስራሕቲ ምስግጋር ዝከኣል መስርሕ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝግባእ እንትትግበር ምዃኑ ብፅኑዕ ይኣምን። ልዕል ክብል ከምዝተቐመጠ ኣብዚ ሕዚ እዋን ምስመንግስቲ ኢትዮጵያ ዘተኣሳሰረና ብሕታዊ ገመድ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ እዩ። ስለዝኾነ እቲ ስምምዕ ንምትግባር ተቐራሪብካን ተኣማሚንካን ምስራሕ ከምዘድሊ ውድብና ይኣምን። ብፍላይ ህወሓት ከምመጠን ፈራምን ተደራዳርን፤ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ካብኡ ዝድለ ኹሉ ንምፍፃም ሕዚ እውን ድልው እዩ። እቲ ውዕሊ ንክትግበር ክሳብ ሕዚ ዝኸዶ ርሕቕትን ዘለዎ ድልውነትን እውን ናይዚ እኹል መርኣይ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

ይኹን እምበር ኣብቲ ውዕሊ ዘይሰፈሩን ካብቲ ውዕሊ ወፃእ ዝኾኑን በይናዊ ተግባራት እንትፍፀሙ ይርአ ኣሎ። ብፍላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስምምዕ ፕሪቶርያ እናጠሓሰን ፖለቲካዊ ዘተ ከይካየድ እናሰናኸለን መፂኡ እዩ። ብዝተፈላለየ መንገዲ ንህዝቢ ትግራይ እናጓነየ ኣብ ልዕሊኡ ተፈፀምቲ ዝኾኑ ኣዋጃት፣ ደንብታትን መምርሕታትን በይኑ ዝውስነሉ ኩነታት ብስፍሓት ይርአ ኣሎ። እዚ ኣከያይዳ ተመሓይሹን ስምምዕ ፕሪቶርያ ተኽቢሩን ክልቲኦም ፈረምቲ ኣካላት ብፖለቲካዊ ዘተን ምርድዳእን ተሓባቢርኻ ምስራሕ ከምዘድሊ ህወሓት ምሉእ እምነት፣ ቅሩብነትን መርገፅን ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ዘሎ ህዝብናን ሉኡላውነትናን ሓራ ንምውፃእን ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ንምምላስን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ንክፍፀም መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ፣ ማሕበረሰብ ዓለምን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ግቡኦም ንክዋፅኡ ህወሓት ተደጋጋሚ ፃውዒት እናገበረ መፂኡ እዩ፤ ሕዚ እውን ኣብዚ ጉዳይ ፅኑዕ መርገፂ ብምሓዝ ብዕቱብ ይሰርሐሉ ኣሎ።

ብመሰረቱ፤ ውዕሊ ፕሪቶርያ ውሽጣዊ ሰላምና ንምውሓስ ዘለዎ ልዑል ግደ ከምዘለዎ ኾይኑ፤ ንሃገር ንዞባዊ (ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ) ሰላምን ምርግጋፅን እውን ዓብይ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኩሉ ዝርድኦ ሓቂ እዩ። ብስሩ እውን ትግራይ፤ ማእኸል ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪካ ምዃና ክዝንጋዕ ዘይብሉ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ካብዚ መሰረታዊ ኣምር ተበጊስካ ክርአ እንተሎ፤ እቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዘብፅሖ በሰላ ገና ኣብ ዘይሓወየሉን እቲ ቅልውላው መልክዑ ቀይሩ እናቐፀለ ኣብዘለሉን እዋን፤ እዞም ንከባቢና ዝህውኹን ሰላምና ዝዘርጉን ምንቅስቓሳት ሳዕቤኖም ኣዝዩ ከቢድ ስለዝኾነ ብጥንቃቐ ክረኣዩን ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ዘድሊ ፃዕሪ ክግበርን ግድን ይኸውን። ከምህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ሰላምን ምርግጋፅን እዚ ዞባ (ቀርኒ ኣፍሪካ) ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ እጃሞም ከምዝዋፅኡ ብተደጋጋሚ እናተገለፀን እናተረጋገፀን መፂኡ እዩ፤ እዚ ንቐፃሊ እውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ምዃኑ ህወሓት ኣብ ዝተፈላለዩ መግለፅታት ቅዋሙ ኣቐሚጡ ኣሎ።

ብመንፅር እዚ እንትርአ፤ ሕዚ ተመዓራርዩ ዘሎ ግዝያዊ ምምሕዳር፤ ህዝቢ ትግራይ ትፅቢት ዝገብሮም ተልእኾታት ግዝያዊ ምምሕዳር ቀልጢፍካ ምዕዋት እዩ። እዞም ተልእኾታት ብምፍፃም ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብን ሉኡላውነትን ሓራ ንክወፅእ፣ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝቢ ናብ መረበቱ ንክምለስ ከምኡ እውን ስራሕቲ ሰላምን ፀጥታን፣ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ብምስላጥ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዝተመረፀ ስሩዕ መንግስቲ ዝኣትወሉ ኩነታት ንምምችቻው ህወሓት ኩሉ ዝከኣሎ ንምግባር ድልው እዩ። እቶም ብተግባር ዝገብሮም ዘሎ ምንቅስቓሳት እውን ናይዚ ህያው ምስክራት እዮም። ውድብና ህወሓት ከምኣካል ግዝያዊ ምምሕዳር ትካላዊ ነፃነቱ ሓልዩ ግቡኡ ብምፍፃም ናብቲ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ዝብህጎ ምኽባር ሉኣላውነትና ቀልጢፍና ከምንኣቶ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

"ገረብ ብሓኽላ!"

ብመንክር ካብ መቐለ

ቋንቋ ትግርኛ ብስነ ቃላት ዝሃፍተመ ብምዃኑ ብዙሓት ዘይቤያዊ ኣዘራርባታት ኣለውዎ። ካብቶም ዘይቤያዊ ኣዘራርባታት ሓደ "ገረብ ብሓኽላ" ዝብል ኣገላልፃ እዩ። ወለድና ነዚ ኣበሃህላ ንተኽልታት ሰባዊ ምስሊ ኣትሒዞም ከምዚ ክብሉ እንተብራህርህዎ ንርኢ። ንብዙሕ ዘመናት "ንመብሰሊ ምግቢ፣ መስርሒ ኣባይትን ሕርሻን ንምውዓል እናተጨፍጨፉን እናተለበዱን ዘንፀርፀሩ ተኽልታት (ገረባት)፤ 'ናይ ምንባር መሰልና ክረጋገፅ እንታይ ንግበር?' ኢሎም መኺሮም ይበሃል። ብዙሓት ሓሳባት ድሕሪ ምልዓል ኣብ መወዳእታ ዝበፅሖ መደምደምታ፤ 'ንሕና ንበርስ ዘለና ኣብ ባዕልና ብዝፍጠሩ ንምሳር ሓኽሊ ዝኾኑ ጎላባት ገረባት (ተኽልታት) እዩ እሞ ጨናፍርና ነዐሪ' ኢሎም መኺሮም" ይበሃል።

ነዚ ኣበሃህላ ዘልዓልናዮ ትማሊ ይኹን ሎሚ ተጋሩ ብዝበለፀ እንስኮንን ሓሳረ መከራ እንርእን ዘለና፤ ብግዳም ዝመፀ ፀላኢ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጠላማት ከምዝኾነ ብኣብነት ኣደጊፍና ንምግላፅ እዩ። ነዚ ሓሳብ ዘጠናኽረልና ኣብ ማእኸል ሃገር ዝግለፅ ኣበሃህላ ኣሎ። "ንህዝቢ ደቡብ ጉራጌ ኣለዎ፣ ንጉራጌ ኦሮሞ ኣለዎ፣ ንኦሮሞ ኣምሓራይ ኣለዎ፣ ንኣምሓራይ ትግራዋይ ኣለዎ፣ ንትግራዋይ ትግራዋይ ኣለዎ" ዝብል እዩ። እዛ ኣበሃህላ ዋላ ኣበሃህላ እዩ እንተተብሃለ፤ ንገረባት ዘጥፍኦን ካብ ባዕለን ዝወፀ ሓኽሊ ምሳር ከምዝኾነ ተጋሩ እውን ንስኮን ዘለና፤ ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጠላማት ከምዝኾነ ብዝግባእ ዘምህር ኣገላልፃ እዩ። ኣብ መዋእል ሃፀይ ዮሃንስን ቀዳማይ ወያነን ምስፀላኢ ወጊኖም ህዝቢ ትግራይ ዋጋ ዘኸፈሉ ኣካላት ይፅነሐልና እሞ፤ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ 17 ዓመትን ዘለናሉ እዋንን ዘጋጠመና ክድዓት ውልቀ ሰባትን ሳዕቤኑን ፈላሊና ብቐደም ሰዓብ ክንርኢ ኢና። ፈለማ "ግብሪ ደም" ኣብ ዝብል ብዶ/ር ዳኒኤል ተኽሉ ዝተፅሓፈ መፅሓፍ ካብ ገፅ 285 ክሳብ 300 ዝሰፈረ ሓሳብ ፀሚቑ ከቕርብ።

ኣብ ውድብ ህወሓት ተኾስኲሶም ዓብዮም ውልቃዊ ረብሓኦም ብምቕዳም ንውድብ ራሕሪሖም ናብ ፀላኢ ካብ ዝኣተዉ ኣካላት፤ ገብረመድህን ኣርኣያን ኣብርሃም ያየህን ዝበሃሉ ሰባት ይርከቡ። እዞም ሰባት ኣብ 1982 ዓ/ም ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ጠሊሞም ናብ ደርግ ምስኣተዉ፤ ኣብ መራኸብቲ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ቃለ መሕትት ተገይርሎም ብሬድዮን ቴሌቭዥንን ተመሓላሊፉ ነይሩ። ደርግ እቲ ዝገለፅዎ ቅጥፈት ብመልክዕ መፅሓፍ ኣሒቲሙ እውን ንፕሮፖጋንዳ ስራሕቱ ተጠቒሙሉ እዩ። ኣብቲ እዋን ገብረመድህን ካብ ዝሃቦም ሓሳባት ውሱናት ክንርኢ። "ህወሓት 'ኢትዮጵያ ተበታቲናን ተቈራሪሳን ክትተርፍ ፕሮግራም ሓንፂፁ ዝንቀሳቐስ፤ ነዊሕ ዘመን ዘቑፀረ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዘይቕበልን ዝበትዕን፤ ኢትዮጵያ ገና ሚኢቲ ዓመት ዘይገበረት ሃገር ምዃና ዝኣምንን ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝኽሕድን፤ ንኤርትራ ሓዊሱ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ነብሲ ወከፍ ብሄረሰብ ክግንፀልን ክበታተንን ኣሓይሉ ዝሰርሕ፤ ህወሓት ፀረ ህዝቢ፣ ፀረ ሓድነትን ፀረ ማዕርነትን እዩ፤ ኢትዮጵያ ብዓሌት መቓቒሉ ከጥፍእ ዝተልዓለ ውድብ እዩ፤ 'ንኢትዮጵያ ጠጠው ዝበልኩ እየ' ዝብል ፃዕዳ ሓሶት ከምዝኾነ ካብ ዝሓንፀፆ ፕሮግራምን ካብ ተግባሩን ምርኣይ ይከኣል እዩ ...." እናበለ ገሊፁ ነይሩ።

"ገረብ ብሓኽላ" ማለት እምበኣር ከምዚ እዩ። ካብዚ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልስን ኣብዚ እዋን ዘጋጠመናን ክሕደት ተጋሩ ከምእንርደኦ፤ ተጋሩ ልዕሊ ኩሉ እንጉዳእ ኣብ ውሽጥና ብዝቦቕሉ ክርዳዳት እዩ። ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጀጋኑ እኳ በብጊዜኡ ካብ ዝጥጀኡ ጥፍኣታት እንተደሓንና፤ ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጠላማት ክንደሚ ፀኒሕና ኢና። ስለዚ ተጋሩ ብባዕልና እውን ንደሚ እንተኾይንና እቲ ንክይንስሰን ዝሓንቀና መንቀርሳ እውን ስለዝኾነ ውሽጥና ብዝግባእ ክንፍትሽ እዩ ዝግበኣና። "ዝዘራእካዮ ኢኻ ትዓፅድ፤ ፅሩይ ዘርኢ ዝዘርአ ፅሩይ ምህርቲ ይሓፍስ። ክርዳድን ሰዓዕን ዘለዎ ዝዘርአ ዘይፅሩይ ምህርቲ ይዓፅድ" ከምዝብልዎ ሰነዳት ግእዝ ኣብ ቀረፃ ወለዶ ዘለና ኣኪያይዳ በብእዋኑ ክንፍትሾ ኣለና።

ኣብርሃም ያየህ እውን እንተኾነ ተመሳሳሊ ብምግላፅ ንፀላእቲ ጥጡሕ ባይታ ብምፍጣር ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክመርር ፈሪዱ እዩ። እዚ ውልቀሰብ ኣብ ትግራይ ተወሊዱ ዝዓበየ ኮይኑ፤ ኣብ ኤርትራ ኣብ ሓደ ፋብሪካ እንትሰርሕ በደል ይበፅሖ እሞ ናብ ሱዳን ይስደድ። ኣብ ሱዳን ኣባል ህወሓት ምስኮነ ምስውድብ ኣፈላላይ ሓሳብ ፈጢሩ፤ ኣብ ሱዳን ንዝነበረ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኢዱ ብምሃብ ኣብ 1982 ዓ/ም ናብ ኢትዮጵያ ይኣቱ። ነቀይ ነቀይ ዝብል ዝነበረ ስርዓት ደርግ ሚድያታቱ ተጠቒሙ ንፖለቲካዊ ፅገና ተጠቒሙሉ። ብዙሕ እውን ሃቲፉ። "ህወሓት 'ሪፓብሊክ ትግራይ ክንምስርት ኢና' ንዝብሎ ክጥዕም ካብ ጎንደርን ወልቃይትን ብምቑራፅ ክሳብ ሱዳን፣ ከምኡ እውን ካብ ወሎ ሰቖጣ፣ ቆቦ፣ ኣላማጣ፣ ሓሸንገ ብምውሳድ ክሳብ ዓሰብ ዝዝርጋሕ ሓዱሽ ካርታ ዝነደፈ ንክጥዕም እዩ እምበር 'ዶብ ትግራይ ክሳብ ሱዳን ይዝርጋሕ' ዝብል ኣብ ታሪኽ የለን" ክብል እዩ ቀጢሉ።

እዞም ሰባት ከምዚ ኢሎም ብምዝራቦም ደርጊ ከምሓደ መለዓዓሊ ተጠቒምሉህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ክለዓል ብምግባር ዘይርሳዕ በደል ፈፂሞም እዮም። እዞም ናይ ታሪኽ ሓተላታት በደል ዝፈፀሙ እውን ንከብዶም ኢሎም ብስርዓት ደርግ ፍሉይ ተፈተውትን ሕሉፍ ተኣመንትን ንምዃን እዩ። ብሓቂ እንትረአ ግን ትግራይ ሱራ፣ መሰረታን ጥንታውነታን ብዝግባእ ካብ ዘይምፍላጥ፣ ግዝኣታ ኣብ መዋእላ ብከመይ እናተሸምረረ ከምዝመፀ ካብ ዘይምግንዛብ ዝነቅል ዕሽነት ዝተመልኦ ዝምቡዕ ድምዳመ እዩ ነይሩ። እቲ ሕሶትን ቅጥፈትን ብርግፅ በብጊዜኡ ንዝፍጠሩ ክፍተታት ኣብ ምጭምጫሕ ንዝተፀመዱ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩሎም እዩ። ሓይልታት ትምክሕቲ ንከምዚኦም ዝበሉ ካብ ውሽጥና ዝፍጠሩ ባንዳታት ዝዛረብዎም ብምውዳብን ብምርጓድን እውን ተንቀሳቒሶም እዮም። ንዘረባ እቶም ጠላማት "እማኝ" ገይሮም ህወሓት/ኢህወዴግ ይኹን ህዝቢ ትግራይ ንምጥቃዕን ንምፅላምን ብዝግባእ ተጠቒሞምሉ። ነዞም ልሳናት ጠላማት ተጠቒሞም ሕዚ እውን ለይትን ቀትርን ይቃለሱናን ይምጉትናን ኣለዉ። ዝሓለፉ ልዕሊ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመት ህወሓት/ኢህወዴግ "እኪይ ተግባር ዝተላበሰ፣ ኣዕናዊ፣ ከሓዲ፣ ኣጭበርባርን ጉሒላን፣ ለማፅ ኢድ፣ ሃገር ዘዐንውን በንጫሪ ሓድነት ህዝብታትን" እናበሉ ኣብ ልዕለና ዝዘመቱ፤ ዘረባን ምስክርነትን እዞም ባንዳታት ብምውሓስ እዩ።

ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ብካልኦት ኢትዮጵውያን ክፅላእን ስኒ ክንከሰሉን "ተከዘ ምላሽ ኣምሓራ እዩ፣ ህወሓትን ተሓጋገዝቱን ንብረት ናብ መቐለ ኣጓዒዞም፣ መሬት ፍሒሮም ቅርሺ ይቐብሩ ኣለዉ፣ ቁጠባ ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ወሲዶምዎ፣ ትግራይ ማእኸል መዓድንን መስሕብ ቱሪዝምን ኣፍሪካ ንምግባር ዕላማ ኣለዎም" እናበሉ ዝዛረቡ ዘለዉ፤ እዞም ባንዳታት ዝተዛረብዎ መረዳእታ ብምጥቃስ እውን እዩ፤ ሓይልታት ትምክሕቲ ህዝቢ ትግራይ ብደመ ረሃፁ ዘዋህለሎ ጥሪቱ ኣብ ዓይኒ ካልኦት ህዝብታት ንክኣትዉ ለይትን ቀትርን ፅዒሮም። ኣብ መወዳእታ እውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመት ዘፍረዮ ሃፍቲ ብዝለዓለ ደረጃ ካብ ምዕናው ሓሊፎም ካብ ሕልና ደቂ ሰባት ንክፎሓቕ ኩሉ ዝከኣሎም ተረባሪቦም።

ኣብዚ እዋን ዘጋጠመ ጫፍ ክሕደት እንትንርኢ እውን ናይዚ መቐፀልታ ኮይኑ፤ ውሽጥና ዝፈጥሮ ክሕደት ክሳብ ክንደየናይ ሓደጋኡ ዝኸፍአ ከምዝኾነ የርእየና ኣሎ። እቲ ኣብ ህወሓት ዝተፈጠረ ጠላም ጉጅለ ናይቶም ትማሊ ዋጋ ዘኸፈሉና ከዳዓት መቐፀልታ እዩ። ብጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ጉጅለ እንታይ እናሰርሐ ከምዝመፀን ከምዘሎን ዝፍለጥ እዩ። ንኣብነት ጫፍ ጥልመት እዚ ጉጅለ ዝግለፀሉ፤ ጌታቸው ረዳ ኣብ ቀረባ ነተን ጥፍኣት ህዝቢ ትግራይ ዝዝምራ ዝነበራ ሚድያታት ማእኸል ሃገር ተጠቒሙ ኣብ ሽራተን ዝሃቦ መግለፂ ይኹን ምስ ርእዮት ዝበሃል ሚድያ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፤ "ንህዝቢ ትግራይ ከቢድ ዋጋ ዘኽፍል ጫፍ ዝወፀ ተግባር ባንዳ እዩ ፈፂሙ" ዝብል እምነት ኣለኒ። ኣብ ክልቲኦን ሚድያታት ዝሃበን መግለፂታት እንታይ ከምዝመስል ከምዝስዕብ ከቕርብ።

"መንግስቲ ፌደራል ምስ ሻዕብያ እናተራኸበን 'ንዑ ኲናት ንግጠም' ዝብል ዘሎ ሓይሊ ኣደብ ከትሕዝ ኣለዎ። እዞም ሰባት 'ሰላም እንተተፈጢሩ ክንተሓዝ ኢና' ኢሎም እዮም ዝሕምሱ ዘለዉ። ወርቂ ናብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ዝሸጥ ፖለቲካውን ወታደራውን ሓይሊ ምስሻዕብያ፣ ፋኖን ግብፅን ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ፤ 'ተሓጋጊዝና ንብልፅግና ነወግድ' ዝብል ቅዋም ኣለዎ፤ ስጉምቲ ክውሰደሉ ይግባእ። ብስሩ እውን ሻዕብያ 'ክንሕግዘኩም እንተኾይንና መንፈቕለ መንግስቲ ገይርኩም ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተቖፃፂርኩም ኣርእዩና' ስለዝበሎም እዩ ንሻዕብያ ተኣማሚኖም ማህተም ዝኣርዩ ዘለዉ" ክብል ብቐጥታን ዙርያ ጥምጥምን ገሊፁ ኣሎ። እዚ ዘረባ ድማ ዘደንፁን ጭካነ ዝተመልኦን እዩ። እቲ ምንታይ ካብቲ ኣብ 2013 ዓ/ም ዘጋጠመና ፅንተት ብዝኸፍአ መልክዑ ክንጭፍጨፍ፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ጥሩምባ ጥፍኣት ዝነፍሐ መርኣያ ጫፍ ዝወፀ ጥልመት እዩ።

ቅጥፈት እዚ ሕልናን መትከልን መሪሕነት ህዝቢ ዘይበሉ ውልቀ ሰብ ግን በዚ ኣየብቀዐን። "ህወሓት የጨረባ ጉባኤ ዘካየደ ኣይሕጋውን። ህወሓት ናይ ትግራይ ይኹን ፌደራል ሃፍቲ እንተዘይማፅዩ ዘይነብር ሓደገኛ እዩ። እዚ ጉጅለ ካብ ውግእ ትርፊ ዝረክብ ስለዝኾነ ዓቕሚ ሰራዊት፣ ፖሊስን መንግስትን ተጠቒሙ ፅባሕ ፅገም ከይፈጠረን ንህዝቢ ትግራይ ሰላም እንተይከልኦን መንግስቲ ፌደራል ኣደብ ከትሕዝ ይግባእ" ክብል እዩ ዝፅውዕ። እንተኾነ ግን ካብ 16 ሽሕ ምሩኻት ሰራዊት ብልፅግና ተፃርዮም ልዕሊ 400 ዝኾኑ መረዳእታታት ፅንተት ተጋሩ ምስፋይሎም ዝሰደደ ኣካል፤ ሕሉፍ በደሉ እዩ ክኽሕስ ክፅዕር ነይሩዎ። ይኹን እምበር ሕዚ እውን ዳግም ፀሊም ታሪኽ የመዝግብ ኣሎ። ወዮ ውሽጣዊ ዓቕምና ሪኡ ኣይገበሮን እምበር፤ ንክሕደታዊ ዘረባ ጌታቸውን ኮራኹሩን ተወኪሱ ህዝቢ ዓለም እናደናገረ ኲናት ንክኸፍት ምዕሩይ ኩነታት ዝፈጥር ስራሕ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ እዚ ጉጅለን መራሒኡን።

እቲ ጫፍ ዘይብሉ ጥልመት እዚ ሰብ ብቓላት ንክትገልፆ ዘፀግም እዩ። እቲ ትማሊ ዘፅነተና ጨካን መንግስቲ ተገዲዱ እውን እንተኾነ ኣብ ልዕልና ኲናት ንክኸፍት ዘደፋፍእ ተወሳኺ ቅጥፈት እውን ከምዚ ክብል እዩ ገሊፁ። "በቲ ዘይሕጋዊ ጉጅለ መንግስቲ ፌደራል ዘጣየሾ ምምሕዳር ዕልዋ መንግስቲ ስለዝተኻየደ ጣልቃ ክኣቱ ኣለዎ። ሰራዊት ትግራይ ብዲዲኣር ገይርካ ናብ ህዝቢ ዝሕወሰሉ ኩነታት ይቀላጠፍ። ነዚ ሓይሊ ካልኦት ሓይልታት ከይጥቀምሉ ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ። 'ጉባኤ ዝገበረ ይድግፍ' ዝበለ ሰራዊት፤ ፀረ ትካላት ፌደራልን ንትካላት ፌደራል ዝውስንዎ ዘይቕበልን ስለዝኾነ እዩ። ማህተም ዝኣርየሉ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት መሬት ሽንሺኑ ንምውዳእ እዩ። ታደሰ ወረደ እውን፤ 'እዞም ሰባት ምዕራብ ትግራይ ብሰላም ኣይህቡናን ምውጋእና ኣይተረፈናን' ኢሉኒ እዩ። ኣብ ናይ ፀለምቲ ምምላስ ተመዛበልቲ እውን እንተኾነ 'ምልሻ እዮም እናበልና ብበዝሒ ሰራዊት ነእቱ' ኢሉኒ ወዲ ወረደ። ብስሩ ኣብ ፀለምቲ ዝነበረ ምምላስ ተመዛበልቲ እግሩ ዝጎተተ ወዲ ወረደ እዩ" ክብል እዩ ንህዝቢ ትግራይ ደመና ጥፍኣት ዝጋበዘ።

እዚ ጠላም ሰብ ብብርኪ ዓለም ውድድር ጥልመት እንተዝህሉ፤ መዳልያ ጥልመት ከምዝዓትር ጥርጥር የብሉን። ብዛዕባ ናይ ውልቁን ጉጅለኣዊ ረብሓኡን ተዘይኮይኑ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ዝተቐደደ ኬንዳ ንፀሓይን ቁርን ተቓሊዑ ብጥምየት ዝሳቐ ዘሎ ተመዛባሊ ኣይቕንዝዎን። እኳ ድኣስ ብመሰረት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ "ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዕጡቓት ወረርቲ ሓይልታት ምስወፁ ሰራዊት ትግራይ ዕጥቁ ይፈትሕ" ዝብል ሕጊ ንክልተ ዓመት ሸንፈለል ምባሉ ኣብ ክንዲ ዝምጉት፤ ሰራዊት ትግራይ ሓይልታት ወረርቲ እንተይወፁ ዕጥቂ ክፈትሕ ይምሕፀን ኣሎ። እዚ ድማ "ትግራዋይ ዝብል ስም ከምወንጀል ክሕሰብ ኣለዎ፤ እዚ ህዝቢ ካብ ሕልና ደቂ ሰባት ክሕከኽ ኣለዎ። ተጋሩ ካብ ካራ መኽተፊ ሽጉርቲ ወፃኢ ካሊእ ዕጥቂ ክግፈፉ ኣለዎም" ወዘተ ንዝብልዎ ሓይልታት ትምክሕቲ ምዕሩይ ኩነታት ንምፍጣር እዩ።

ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ እቲ ውዕሊ ብዘይምትግባሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ብርሰት ዘዮሰኩኖ ተስፋ

ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኣብ ልምዓትን ቁጠባዊ ዓቕምን የመዝግበኦ ብዝነበራ ለውጢ ብብርኪ ክልልን ሃገርን መርኣያ ኮይንን እኳ እንተነበራ ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ጀኖሳይዳል ኲናት ግን ዝነበረን ሃፍተ ገነት ተወሪረን ቁጠባዊ ዓቕመን ናብ ኣዝዩ ዝተሓተ ብርኪ ወሪዱ ኣብ ዝኸፈአ መነባብሮ ይርከባ። ብምኽንያቱ ኢኮኖምያዊ ዓቕሚ ትግራይ መሊስካ ንምህናፅን ንምዕባይን ቅድሚ ኩሉ ኣብ ነፍሰ ወከፍ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ኢኮኖምያዊ ተጠቃምነት ምንቕቓሕን ምርግጋፅን ይጠልብ። ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ እውን ኢኮኖምያዊ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ መሊሱ ንምሕዋይ ኣብ ነባራትን ሓደሽትን ዘፈር ቁጠባዊ ውዳበታት ኣብ ምትዕርራይን ምምችቻውን ሰፋሕቲ ምንቅስቓሳት እናገበረ ይርከብ።

ብመሰረት እዚ ኣብተን ኣብ ትሕቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘመሓድረን ወረዳታት ልዕሊ 22 ሽሕን ሽዱሽተ ምኢትን መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ኣብ ዘፈር ኢኮኖሚ ክውደባ ተገይሩ። እዘን ውዳበታት ንምጥንኻር ኣብ ከተማን ገጠርን ሕርሻ ኣብ ምፍራይ ደርሁ፣ ምርባሕ ጤለ በጊዕ፣ ምልማዕ መስኖን ካልኦት ስራሕቲ ኣግሮፕሪሮሰሲንግ (ስራሕቲ ውፅኢት ሕርሻ) ተዋፊረን ከም ዘለዋ ኣብ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ተወካሊ ዳይሬክቶሬት ምምፃእ ኣተሓሳስባ ለውጢ ደቂ ኣንስትዮ ኣይተ ባይሩ ግርማይ የረድኡ።

ነዚ እውን ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ልቓሕን ገንዘባዊ ሓገዝን ብምምችቻው ናይ ስነልቦና ሕውየትን ሞያዊ ስልጠናን ረኺበን ኣብ ስራሕ ተዋፊረን ምህላወን ይሕብሩ። ሕብረት ሸርክና ማሕበር ተኪኦን ውሪታን ኣስኳል ገብረስላሴን ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ከተማ ሕርሻ ካብ ዝተዋፈራ ነባራት ኢኮኖምያዊ ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ እያ። እዛ ማሕበር 57 ኣባላት ሓቚፋ ኣብ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ክልተ ሄክታር መሬት ኣብ ልምዓት መስኖን ምህጣር ከፍትን ተዋፊራ እናሰርሐት ፀኒሓ። እተን ኣባላት ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብሓገዝ ካብ ዝረኸበኦም እታዎታት ከም ማንጎ ዘይትሁን፣ ካዝሚር፣ ጌሾ፣ ቡናን ዝበሉ ቀወምቲ ተኽልታትን ካልኦት ኣዝርእቲ

ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ብሕብረት ሸርክና ማሕበር ተኪኤን ውሪታን ኣስኳል ገ/ስላሴን ዝለምዕ ዘሎ መስኖ

ሕምልትን ፍራምረን ሓጋይ ምስ ክረምቲ እናልመዓ ከም ዝነበራ ኣደ ወምበር እታ ማሕበር ወ/ሮ ተኪኦን ውሪታ ትገልፅ። በዚ እውን እቲ የልምዕዖ ዝነበራ መስኖ ክሰፍሕ፣ ዘፍርይኦ ምህርተን ኮነ ካፒታለን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዓብዩ ስረሐን ንካልኦት ማእኸል ተመኩሮን ብቕዓት መረጋገፅን ኮይነን ምንባረን እውን ወ/ሮ ተኪኦን ተረድእ። ብተወሳኺ እውን ካብቲ ዘፍርየኦ ምህርቲ ዝተኣሸገ ጥሑን ምህርቲ ኮመደረ (ሳልሳ) ኣዳልየን ናብ ዕዳጋ ዘቕርባሉ ፋብሪካ እውን ኣታኣታትየን ነይረን። በዚ ድማ ክሳብ ኣርባዕተ ሚልዮን ብር ዝግመት ሃፍቲ ብልምዓት ምውናን ክኢለን ነይረን።

ይኹን እምበር ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተት ዝነበረን ሃፍተተ ገነት ዓንዩን በሪሱን እዩ። ስዒቡ ዝተነበረ ክባን ዕፅዋን እውን ነቲ ልምዓት ከቐፅልኦ ኮነ ሃለዋተን ከረጋግፃ ከቢድ ፈተና ዘጋጠመንን ኣብ ጫፍ ምብትታን በፂሐን ካብ ነበራ ውዳበታት እታ ሓንቲ ውዳበ ናታተን ከም ዝኾነት እውን ይገልፃ። ብተወሳኺ እውን ዝበዝሓ ኣባላት እታ ማሕበር መራሕቲ ስድራ፣ ብዕድመ ዕብየት ዘለወን፣ ሙሉእ ጥዕና ዘይብለንን ስድራ ገድሊ እንትኾና ካብኣተን እተን 15 ድማ ስድራ ስውኣትን ብምኻነን ነቲ ልምዓት ብሙሉእ ቀልበን ክቕፅላሉ እውን ፈተና ኮይኑወን ፀኒሑ እዩ።

ኮይኑ ግና በቲ ዘጋጠመን ወራርን ወድዓዊ ፈተናታትን ከይተምበርከኻ ተፀበይቲ ንዘይምኻንን ቁጠባዊ ዓቕመን ንምጥንኻር ብኔትዎርክ ተወዲበን መዓልታዊ ስራሕ ተኸፋፊለን ከም ብሓዱሽ ናብ ልምዓት መስኖ ተዋፊረን ኣለዋ። ካብ መስከረም 2016 ዓ.ም ብዝራእቲ ስርናይን ኣሕምልትን ዝጀመርኦ ኮይነን ኣብ 2017 ዓ.ም እውን ብዝራእቲ ድንሽ፣ ቀይሕ ሽጉርቲ ፃዕዳ ሽጉርቲ፣ ሓምሊ፣ ቆስጣ፣ ፎሶልያን ካልኦት ኣሕምልትን ብስፍሓት እናልመዓ ይርከባ። "መርሲ ክሮፕ" ዝተበሃለ ዘይመንግስታዊ ትካል ልዕሊ ኣርባዕተ ምኢቲ ሽሕ ብር ብዝገበረለን ገንዘባዊ ሓገዝ ምሩፅ ዘርኢ ብምዕዳግ መፍረያይነት ከም ዝጀመራን ብካልኦት መዳርግቲ ኣካላት እውን ማሽን መሕረሲ ከም ዝተሓገዛ የረድኣ። ብከምዚ መልክዑ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ከም ዘልምዓን ዝረኸበኦ ትርፊ ድማ እንትይተኻፈላ መሊሰን ናብ መሳርሒ ልምዓት ከም ዘውዕለኦ ኣባል እቲ ማሕበር ዝኾነት ወ/ሮ ሊያ ተኽለሃይማኖት ተረድእ።

ከይዲ ጥንካረን ፃዕርን ናይተን ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ እቲ ዝተገለፀ ኮይኑ ምስቲ ዘልምዐዖ ዘለዋ መሬትን ተኣሳሲሩ ግን ንልዕሊ ክልተ ዓመት ኣብ ከይዲ ዝፀንሐን ሰማዒ ዝሰኣነን ጥርዓን ከም ዘለወን ኣምሪረን ይገልፃ። ኣብ መዋስንቲ ናይ መስኖ መሬትን መዓል ክልተ ፅምዲ ዝኸውን ልዕሊ 150 ቀዋሚ ኣትክልትን ኣሕምልትን ተሸፊኑ ዝነበረ መሬት ተወሪሩን ኣደዳ ውሕጅን ፍግረ መሬትን ኮይኑ ይርከብ። እዚ ናብ ባዕለን ክምለሰለንን ገዲበን ከልምዕዖን ካብ ክፍለ ከተማ ክሳብ ዞባ ዘለው ዝምልከቶም ኣካላት እኳ ጥርዓን እንተቕረባ ዛጊድ ምላሽ ከም ዘይረኸባ ድማ ኣውጊዐናና። ብተወሳኺ ከልማዓሉ ዝጠለፈኦ ናይ ሩባ ማይ ብኻልኦት ሰባት ኮነ ተባሂሉ እናፈረሰ ብሞተር ከስትያን ንነዳዲ ወፃኢ ከውፅኣን ተገዲደን እየን። ከም ኣገላልፃ እተን ኣባላት "ዋላ እኳ ብፀላእቲ ከምዚ ዝበለ ወራር፣ ዕንወትን ብርሰትን ይብፀሐና በዚ ከይተሰኮንና ተስፋና ኣጠጢዕና ውዳበና ብምስጣም ብቀፃሊ ኣስፊሕና ክነልምዕን ቁጠባና ክነመሓይሽን" ኢና ይብላ።

ብሓፈሻ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ተፀባይነት ንምድሓንን ኮነ ቁጠባዊ ዓቅመን ንምብራኽ ብባዕለንን ብመንግሰትን ብውልቀን ውዳበን ኣብ ዝተፈላለየ ዘርፍታት ስራሕ ተሰማርየን ኣፍረይቲ ኮይነን ካብ ዝተሓተ ብርኪ መነባብሮ ናብ ዝሓሸ መነባብሮ ተሰጋጊረን ነይረን። ሐዚ እውን ካብቲ ዘጋጠመን ኢኮኖምያዊ ውድቀት ንምሕዋይን እግሪ ንምትካልን መንግስቲ ብፍላይ ድማ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብምኧን እናሰርሐ ይርከብ። ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ተጠናኺሩ ስነ ልቦናዊ ሕውየትን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ናብ ስራሕ ዝኣትዋሉ ኩነታት እውን እናተመቻቸ ይርከብ። ስለዚ ኣብ ማሕበር ተኪኦን ውሪታን ኣስኳል ገብረስላሴን ዘሎ ተበግሶ ናብ ኩለን ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ንክባፃሕ ብቀፃሊ ምዕማም የድሊ። ብዋናነት ድማ እተን ደቂ ኣንስትዮ ዝግበሩለን ሓገዛት ናብ መዓልኡ ከውዕለኦን ንዓርሰ ሕውየተን ዓርሰን ልዑል ቆላሕታን ተበጉሶን ክገብራሉ ይግባእ።

ገረብ ... ካብ ገፅ 4 ዝዞረ

ብጥምየት ዝሞተ ተመዛባሊ ተስፋ ስኢኑ ክስደት ድራር ዓሳን ኣሞራን ዝኾነ መንእሰይ እንተይቀንዘዎ፤ ንብልፅግና ክከላኸል እውን ከምዚ ኢሉ ኣሎ። "እቲ ጥፍኣት ናይ ባዕልና እናሃለወ ኣብ መቐለ ኮይነ ንኣምባሳደራት ዓለም እናነገርኩን እናፀሓፍኩን ንመንግስቲ ፌደራል ወቒሰ እየ። ተመዛበልቲ ከይምለሱ 'መሬት ተሸይጡ እዩ' እናበለ ወረ ብምንዛሕ ንፖለቲካዊ ከስቢ ኢሉ ዘፅንሑም ናይ ባዕልና ሓይሊ እምበር መንግስቲ ፌደራል ኣይኮነን። እቲ ጉጅለ (ንህወሓት) 'ተመዛበልቲ ምስ ምምሕዳሮም ክምለሱ ኣለዎም' ዝብል ሓደሽቲ ንከይቐይሩ ስለዝሰግእ እዩ። ይትረፍ ናይ ምዕራብ ናይ ዓድዋ፣ ዓዲግራት ምምሕዳራት እኳ ሓደሽቲ ክሸየሙ እየ ዝደሊ" ክብል ዝተዋቐዐ ዘረባ እዩ ተዛሪቡ። ንሱ እውን በቲ ሓደ ገፅ "ተመዛበልቲ ከይምለሱ ዝገበረ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓይሊ እዩ" ይብል፤ በቲ ካሊእ ገፅ ድማ "ምስሌነ ዝኾኑና ኣመራርሓ ንምትካእ ስለንደሊ ኣፅኒሐዮም እዩ" ይብል ኣሎ።

ንነገሩ "ትግራይ ሃገር እያ ዝብል ዝነበርኩ እንትሞቐኒ እዩ። ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተፈረመ ብሓልዮት (ቸርነት) ብልፅግና እዩ" ብምባል መስዋእትናን ስውኣትናን ዘላገፀ ዓይኒ ጤል ዝበልዐ ከዳዕ፤ ካልእ ንምባል ክስከፍ ኣይኽእልን። ብስሩ እውን እኮ ጨና ሰብኣውነት ስለዘይብሉ ስቓይ ተመዛበልትን መላእ ህዝብናን ከየብቅዕ ከምዚ ክብል ንብልፅግና ተማሕፂኑ እዩ። "ኣብዩ ነዞም መራሕቲ ጉጅለ እንትመፅዎ ክረኽቦም የብሉን" እንትብል፤ ብዛዕባ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ኣይትዛተዩ ማለት እዩ። ዘተ እንትቋረፅን ውዕሊ ፕሪቶርያ እንትፈርስን ድማ ዳግም ናብ ውግእ ምእታው ኣይተርፍን። ስለዚ እዚ ሰብ በዚ ኣገላልፃኡን ተግባሩን ኣብ ልዕሊ ህወሓት ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ ጫፍ ዝወፀ ፅልኣት ከምዘለዎን ምስፀላኢ ተሰሊፉ ፀረ ህዝቢ ትግራይ ይቃለስ ከምዘሎን መረጋገፂ እዩ።

"ገረብ ብሓኽላ" ማለት እምበኣር ከምዚ እዩ። ካብዚ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልስን ኣብዚ እዋን ዘጋጠመናን ክሕደት ተጋሩ ከምእንርደኦ፤ ተጋሩ ልዕሊ ኩሉ እንጉዳእ ኣብ ውሽጥና ብዝቦቐሉ ክርዳዳት እዩ። ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጀጋኑ እኳ በብጊዜኡ ካብ ዝጥጅኡ ጥፍኣታት እንተደሓንና፤ ኣብ ውሽጥና ብዝፍጠሩ ጠላማት ክንደሚ ፀኒሕና ኢና። ስለዚ ተጋሩ ብባዕልና እውን ንደሚ እንተኾይንና እቲ ንከይንስስን ዝሓንቀና መንቀርሳ እውን ስለዝኾነ ውሽጥና ብዝግባእ ክንፍትሽ እዩ ዝግበኣና። "ዝዘራእኻዮ ኢኻ ትዓፅድ፤ ፅሩይ ዘርኢ ዝዘርአ ፅሩይ ምህርቲ ይሓፍስ። ክርዳድን ሰዓፅን ዘለዎ ዝዘርአ ዘይፅሩይ ምህርቲ ይዓፅድ" ከምዝብልዎ ሰነዳት ግእዝ ኣብ ቀረፃ ወለዶ ዘለና ኣከያይዳ በብእዋኑ ክንፍትሾ ኣለና።

ኣብ ውሽጥና ብዘሎ ጅግንነት እናተኹራዕራዕና ኣብ ውሽጥና ዘጋጥም ጫፍ ዝወፀ ጥልመትን ክድዓትን እንትንዝንግዕ፤ ዝኸፍአ ዋጋ እናኸፈልና መጺእና ኢና እሞ ልቢ ንግበር። ብፍላይ ድማ ብዙሓት ሰባት ኣብ ብዙሕ እዋን ዝሃንፅዎ ትካል ሓደ ሰብ ኣብ ሓፂር እዋን ከፍርሶ ይረአ እዩ እሞ ብብዙሕ መስዋእቲ እትህነፅ ትግራይ ዘፍርሱ ሰባት ኣብ ውሽጥና ከይፍጠሩ ክንጥንቀቕ ይግባእ። ከምተን ገረባት "ሓኽሊ ምሳር ዝኾን ጎላብ ጨንፈር ኣይነውፅእ" ዝበላ ብከብዶም ዝሓስቡ ሰባት ዘይፍጠርሉ ኩነታት ክነመዓራሪ ኣለና። ስለዚ ዓለም ዘደመመ ጅግንነትናን መስዋእትናን ክራኸስን ፍረ ኣልቦ ክኾንን ዝገብሩ ዘለዉ እኒ ጌታቸውን ኮራኹሮምን ምኺኖም ተረዲእና ብትሪ ክንቃለሶም ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሓደ ሰብ ንሓደ ከጥቅዕ ወይ ዝኾነ ፖለቲካዊ መርገፂኡ ክፅዕንን ነጥቢ ከቑፅርን ኢሉ ሕድሕድ ዝዛረቦን ዝፍፅሞን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን እዋን ዘብፀሖ በሰላ ክፈጥሮ ዝኽእል ሓደጋ ሓሲቡን ኣስተንቲኑን ክዛረብ ይግባእ ክብል እፎቱ።

ንውራይካስ ... ካብ ገፅ 6 ዝዞረ

ንሱ እውን ባንኪ ዓለም ምስ ሚኒስተር ከተማ ልምዓትን ኮንስትራክሽንን እናተዋደደ ዝሰርሖ ዘሎ ፕሮጀክት ስለዝኾነ፤ ንዕውትነት እቲ ፕሮጀክት መሰረት ብምግባር ሽፋኑ ክሰፍሕ ከምዝኽእል ኣይተ ተሻለ የረድኡ።

ጥቕልል ኣቢልካ እንትርአ፤ እዚ ስራሕ ልምዓታዊ ሴፍቲኔት ንግዝያዊ ጥቕሚ ጥራሕ ዘይኮነስ ባህሊ ስራሕና ብምጉልባት መንነት እውን ዝቕረፀሉ ብምኳኑ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ብዕቱብ ክሰርሕ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሓደ ሕብረተሰብ ፃዕራም ስራሕተኛ ድዩ ሃካይ፣ ንፉዕ ድዩ ሰነፍ፣ ቅኑዕ ድዩ ቀይናን፣ ርሕሩሕ ድዩ ጨካን ወዘተ ዝፍለ ብተግባራዊ ስራሕ እዩ። ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝረኣናዮ ኣብዚ ዓለም ዘሎ ዝተፈላለየ ብርኪታት መነባብሮ ውፅኢት ስራሕ ካብ ኮነ፤ ኩሉ ኣካል ንስራሕ ከኽብር ግድን ይኸውን። ስለዚ እዚ መደብ ባህሊ ስራሕና እነዕብየሉ ስለዝኾነ፤ ብፍላይ እቲ ኣብ ልምዓት ዝዋሳእ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብን ድጋፍ ዝህብ መሪሕነትን በዓል ሞያን ብውነ ተረዲኡ ክሰርሕ ይግባእ።

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

ንውራይካስ "ክሕግዘካ!!" በሃላይ

ካልኣይ ዙር ምጅማር ልምዓታዊ ሴፍትኔት

ቁመናን ብርኪ ዕብየትን ሓደ ሕብተረሰብ ወይ ሃገር ዝውሰን ብስራሕ እዩ። "ሳባውያን ወኣግኣዝያን ቅፅ ሓደ" ዝተብሃለ መፅሓፍ ኣብ ገፅ 357-358 ዝተፈላለዩ መወከሲታት ተጠቒሙ ብዛዕባ ስራሕ ዝስዕብ ሓሳብ ኣቐሚጡ ኣሎ። "ዓለም ከምሓንቲ ቁሸት ንክትኸውን ዝገበራ ቴክኖሎጂ፤ ውፅኢት ስራሕ እዩ። እቲ ሕግታትን ሚስጢራትን እዛ ዓለም ከብራህርህ ዝኸኣለ ሳይንስ ንዓርሱ፤ ውፅኢት ስራሕ እዩ። ብሓፈሩ ሰብ ካብ ባህሪ እንስሳት ዓለም ኣውፂኡ ሰብኣዊ ፍጡር (ዝሓስብን ዝመራመርን) ዝገበሮ፤ ስራሕ እዩ። ስለዚ ምንጪ ኩሎም ነገራት እዛ ዓለም ዝኾነ ስራሕ፤ ብውነ ተረዲእኻ ክኽበር ኣለዎ" እናበለ ይገልፅ። እወ፤ ተጋሩ ኣብ ምዕባለ ኣክሱም ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ ምዕባለ ዝበፃሕና ብስራሕ እዩ። ካብቲ ዝነበርናዮ ጠርዚ ምዕባለ ቁልቁል ተወርዊርና ኣብ ድኽነት ዝጠሓልና እውን ተወሰኽቲ ምኽንያታት ዋላ እውን እንተሃለውዎ፤ ብቀንዱ ግን ኣብ ስራሕ ብዝተፈጠረ ክፍተት እዩ።

ኣብ ከባቢ 18 ክፍለ ዘመን ተጋሩ ንስራሕ ዝለዓለ ክብሪ ሂብና ብዝተፈላለየ ሞያ ዓቕምና እናዕበና እንትንዓምም ዝረኣዩና ኣውሮጳውያን ሓወፅቲ ዓዲ፤ "ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ግጉይ ምስሊ ሒዝና ነይርና" እናበሉ ዓርሶም ዝእርምሉ ኩነታት ነይሩ። ንኣብነት፣ ጂያኦም ጂቫኒ ናሬቲ ዝተብሃለ ሓዋፂ፣ ንማሕበረሰብ ኣውሮጳ ዝስዕብ መልእኽቲ ኣሕሊፍሎም ነይሩ። "ንሕና ኣውሮጳውያን ንህዝቢ ትግራይ ዘይሰልጠነን ዘይተማሃረን ህዝቢ ገይርና እንሓስቦ ጌጋ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ካብ ኣውሮጳውያን ዘይድሕር ንቑሕ ህዝቢ እዩ" ክብል እቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ መፅሓፍ ሰኒድዎ ኣሎ።

ነዚ ሓሳብ ዘልዓልናዮ፤ ነቲ እንተፈፂምካዮ ዘኽብር እንተዘይፈፂምካዮ ድማ ኣብ መቑሕ ድኽነት ንክትነብር ዘገድድ ጉዳይ ስራሕ ንምድህሳስ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ከባቢኻ እናፅረኻን እናልማዕኻን ንዓርስኻ እውን ምንጪ እቶት እተዕብየሉ ፍሉይ መደብ ልምዓታዊ ሴፍትኔት ኣብ ከተማ መቐለ ብዕሊ ተኣታትዩ ኣሎ። መደብ ልምዓታዊ ሰፍትኔት ሰለስተ ዓበይቲ ረብሓታት ሒዙ እዩ ከምከተማ መቐለ ዝትግበር ዘሎ። ንሳቶም እውን ሓደ፣ ፅርየት ከባቢ ምሕላው እዩ። ካልኣይ ንብርክት ዝበሉ ወገናት ዕድል ስራሕ እናፈጠረ እቶም ወገናት ብዘላቕነት ካብ ፀገም ንክወፁ ዝሕግዝ እዩ። እቲ ሳልሳይ ዕላማ ድማ ሽኽሚ መንግስቲ ብምቅላል እቲ ኣብ ፅርየት ከባቢ ክውዕል ዝነበረ ገንዘብ ኣብ ካልኦት ልምዓታዊ ስራሕቲ ዘውዕል ከምዝኾነ መተሓባበሪ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማ መቐለ ኣይተ ተሻለ ብርሃነ ይገልፁ።

ሕድሕዶም ፍርኽ ኣቢልካ ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። እቲ ቀዳማይ ዕላማ ልምዓታዊ ሴፍትኔት እንትንርኢ፤ ኣብ ፅርየት ከባቢ ዘድህብ እዩ። እዚ እውን እቲ ሕብረተሰብ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንክድሕን ከባቢኡ ባዕሉ ከፅሪ ዋላ እንተነበሮ፤ ዝተወሰኑ ወገናት ከባቢኦም ንከፅርዩ ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሩ ዘተባብዕ እዩ። እዚ ድማ "ንውራይካስ ክሕግዘካ" ዝዓይነቱ ተግባር እዩ። ኣብዚ "ሕብረተሰብና ጥዕናኡን ጥዕና ቤተሰቡን ንምሕላው ኢሉ ከባቢኡ ባዕሉ ከፅሪ እናተገበኦ ብመተባብዒ ይፀሪ ኣሎ" እንትንብል፤ ብካሊእ ገፅ ኣብ ትርፊ ሰዓቱ ዕድል ስራሕ ምፍጣር እውን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስራሕ ሴፍትኔት ዝንቀሳቐሳ ደቂ ኣንስትዮ፤ ንሓደ ሰብ ኣብ ሰሙን ብሓደ ሰዓት ሒሳብ ከምበዝሒ ስድራኦን ንጉሆ ክሰርሓ እዩ ዝገብር። ንኣብነት፣ ሓንቲ በዓልቲ ኣርባዕተ ኣባላት ስድራ ዝኾነት ወገን፤ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሰዓት ክትሰርሕ ዝግበር ኮይኑ እዚ ኣብ ወርሒ 16 ሰዓት እናሰርሐት ፀገማ እትቕርፈሉ መስርሕ እዩ። እዚ እውን ቅድም ኢሉ ንሓደ ሰብ ብሒሳብ 150 ብር ብድምር 600 ብር ዝኽፈሎ ዝነበረ፤ ሕዚ ብምኽንያት ወሰኽ ዋጋ ሸርፊ ወፃኢ ናብ 181 ብር ብምዕባይ በዓልቲ ኣርባዕተ ስድራ ዝኾነት ወገን 724 ብር ከምትኽፈል ኣይተ ተሻለ የረድኡ።

እዚ መጠን ገንዘብ ነቲ ብዕፅዋን ከባን ዝሳቐ ዝነበረ ኣብ ትሑት ቁጠባ ዝነብር ሕብረተሰብ፤ ዓብዪ ዕድል ከምዝኾነ ተጠቃሚት ካልኣይ ዙር ልምዓታዊ ሴፍትኔት ዝኾና ነባሪት ክፍለ ከተማ ሓድነት ጣብያ መትከል ወ/ሮ ነብያት ተኽላይ ይገልፃ። ወ/ሮ ነብያት ልምዓታዊ ሰፍትኔት ብዝበፅሐና ጆኖሳይዳዊ ኲናት ዝሳቐ ዝነበረ ሕብረተሰብ ህይወቱ ንክቕፅል፤ ብውልቁ ኣብ ዝሰርሖ ተወሳኺ መደብ ልምዓታዊ ሰፍትኔት ምምፅኡ ፅቡቕ ከምዝኾነ እየን ዘረድኣ። ነባሪት ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ጣብያ ሓየሎም ወ/ሮ ልዋም ተመስገን ብወገነን፤ እዚ ስራሕ እስትንፋስ ንምቕናይ ካብ ዘበርከቶ ብተወሳኺ፤ ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ዝነብር ሕብረተሰብ ንሕድሕድ ሰብ ልዕሊ 74 ሽሕ ብር (600 ዶላር) ድጎማ ረኺቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕቲ ብምውፋር ካብ ድኽነት መሊኡ ክወፅእ ከምዝሕግዝ ይገልፃ።

ብዛዕባ ልምዓታዊ ሰፍትኔት ክንደይ ዝኾን ክፋል ሕብረተሰብ ከተማ መቐለ ተጠቃሚ ከምዝኾነ ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። እዚ እውን ብ670 ሚልዮን ብር በጀት ባንኪ ዓለም ኣብ ክልተ ዙር ብርክት ዝበለ ህዝቢ ተጠቃሚ እናገበረ ከምዝመፅ መካየዲ ስራሕ ቤት መዛጋጃ ከተማ መቐለ ኣይተ ወረስ ገ/ፃድቃን ኣብ ምጅማር እቲ መርሃ ግብሪ ፀብፃብ ኣቕሪቦም እዮም። ከምከተማ 6662 መራሕቲ ስድራ (19 ሽሕን 677 ዕያል) ብምግቢ ንስራሕ፣ 4,279 ውልቀ ሰባት ብቀጥታ ተሓገዝቲ፣ 2000 መናእሰይ ኣብ ፈጠራ ዕድል ስራሕ፣ 640 ጎደና ሓደርትን 68 ሽሕን 855 ተመዛበልትን ኣብ ስራሕ ኣእትዩ እናተንቀሳቐሰ ከምዝርከብ የረድኡ። ካብዚኦም ኣብ ቀዳማይ ዙር ተጠቀምቲ ዝኾኑ 3215 መራሕቲ ስድራ (9942 ውልቀ ሰብ) ኮይኖም ኣብ ካልኣይ ዙር ድማ 3279 መራሕቲ ስድራ (9836 ውልቀ ሰብ) ኣብ ስራሕ ንምእታው ምንቅስቓስ ከምዝተጀመረ እቶም መካየዲ ስራሕ ይገልፁ።

እዘን ወገናት ኣብ 66 ዝተነፀራ ከባብታት ኣብ ምልዓል ደረቕ ጐሓፍ፣ ሓምለዋይ ልምዓትን ተፋሰስን ኣድሂበን ዝነጥፋ እየን። እተን ኣብ ቀዳማይ ዙር ናይ ሰለስተ ዓመት ስራሕ ኣብ ክልተ ዓመት እናዓፀፋ ብምስርሐን ንሓደ ሰብ ብሒሳብ 150 ብር ወርሓዊ ክፍሊት በዓል ኣርባዕተ ኣባላት ስድራ እንተኾይኑ 600 ብር ተኸፊሉ እዩ። ስለዝኾነ ናይ ሰለስተ ዓመት (36 ኣዋርሕ) ሒሳብ በዓል ኣርባዕተ ኣባላት ስድራ 21 ሽሕን 600 ብር ይኽፈለን ማለት እዩ። ሕድሕድ ስድራ ካብተን ዝኽፈለን መጠን ገንዘብ 20 ሚኢታዊ ዝሸፈን 4320 ብር ዓቚረን እንትምረቓ 600 ዶላር (ልዕሊ 74 ሽሕ ብር) ተዋሂብወን ብዝደልይኦ ዓይነት ስራሕ ተዋፊረን ዘላቒ ለውጢ ንከምፅኣ ይስራሕ ኣሎ። ዛጊድ እውን ተጠቀምቲ ቀዳማይ ዙር ዝኾና ወገናት ወርሓዊ ክፍሊት ምስተኸፈለን ካብቲ 600 ዶላር እቲ 480 ኣቐዲሙ ተለቒቑ እቲ ዝተረፈ ኣብ ወርሒ ሰነ 2017 ከምዝልቀቕ ኣይተ ተሻለ የረድኡ።

ኣብዚ ልምዓታዊ ሴፍትኔት ኣብ ትሑት ብርኪ መነባብሮ ዘለዋ ወገናት ካብ መስመር ድኽነት ንክወፃ ካብቲ ወርሓዊ ክፍሊት ብተወሳኺ 600 ዶላር መትከሊ እግሪ እንትህብ፤ ዝስዕብ ትልሚ ስለዘለዎ እዩ። እተን ካብ ሴፍትኔት ዝምረቓ ወገናት ብመምህራን ኢንዳስትርያል ኤክስተንሽን ድጋፍን ስልጠናን እናተወሃበን ብምፅናሕ ኣብ ዝደልይኦ ዓውደ ስራሕ ንክኣትዋ ትልሚ ስራሕ (ቢዝነስ ፕላን) ከዳልዋ እዩ ዝግበር። ንኣብነት፤ ብከተማ ሕርሻ፣ ሸቐጥን ግልጋሎትን ክዋፈርኦ ኣብ ዝደልይኦ ዓውደ ስራሕ ምስመረፃ፤ ከመይ ውፅኢታውያን ከምዝኾና ትልመን ዘፅፍፉሉን ስልጠና ዝወሃባሉን ከይዲ እዩ። ብከምዚ ዝበለ ኣሰራርሓ ካብ መስመር ድኽነት ንክወፃ ዕላማ ሒዙ እዩ ልምዓታዊ ሰፍትኔት ዝሳለጥ ዘሎ።

ብመንፅር እዚ ካልኣይ ዙር ተጠቀምቲ ልምዓታዊ ሰፍትኔት ዕላዊ እንትግበር፤ 3,279 መራሕቲ ስድራ (9836 ውልቀ ሰብ) ተጠቀምቲ ንምግባር ዓሊሙ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ኣብ ካልኣይ ዙር ተጠቀምቲ ዝኾና ወገናት ምስ ምውሳኽ ዋጋ ዶላር ተተሓሒዙ ንሓደ ሰብ ወርሓዊ ክፍሊት ብሒሳብ 181 ብር እዩ ዝኽፈል። ስለዚ በዓል ኣርባዕተ ኣባላት ስድራ ዝኾነት ተጠቃሚት፤ ኣብ ወርሒ ንእተወፍዮ 16 ሰዓት 724 ብር ይኽፈላ ኣሎ ማለት እዩ። እዚኣ ኣብ ሰለስተ ዓመት (36 ኣዋርሕ) 26 ሽሕን 64 ብር እያ ትኾን። ካብዚኣን 20 ሚኢታዊ ክትዓቁር ስለዝግበኣ 5,212 ነጥቢ 80 ብር ምስዓቘረት፤ ዝወሃባ 600 ዶላር መትከሊ እግሪ ሓዊሱ ልዕሊ 80 ሽሕ ብር መበገሲ ካፒታል ብምሓዝ ዝምጥና ዓውደ ስራሕ ነፂራ ለውጢ መነባብሮ ንክተምፅእ ዝገብር እዩ።

ልምዓታዊ ሴፍትኔት ዝተፈላለዩ ወገናት ካብ ፅፍሒ ድኽነት ንክወፁ ዝገብሮ ዘሎ ስራሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ፅርየት ሓንቲ ከተማ ክሕሎ ብምሕጋዝ ሽኽሚ መንግስትን ነባርን እውን ዘቃልል እዩ። እዘን ኣብ ትሑት ፅፍሒ ድኽነት ዝርከባ ወገናት፤ ማሕበራዊ ህይወተን ንምቕፃል ኣብ ዝገብርኦ ቃልሲ ሓጋዚ ስራሕ ምፍጣሩ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ መንግስቲ ከተማ ንምፅራይ ክምድቦ ዝነበረ 670 ሚልዮን ብር እውን ካብ ወፃኢ ዘድሓነ እዩ። እዚ መጠን ገንዘብ ድሒኑ ኣሎ ማለት፤ ኣብ ካልኦት ልምዓታት ንክውዕል ሓጊዙ ኣሎ ማለት ከምዝኾነ ኣይተ ተሻለ የረድኡ። ንኣብነት፣ እቲ ንፅርየት ከባቢ፤ መንግስቲ ክምድቦ ዝነበረ 670 ሚልዮን ብር ኣብ ምንፃፍ እምኒ እንተውዒሉ፤ እታ ከተማ ብዝበለፀ ንክትፅብቐን ልምዓታ ክቀላጠፍን ዝገብር እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ምንፃፍ እምኒ ንብዙሓት መናእሰይ ዕድል ስራሕ እውን ዝፈጥር እዩ።

ነዚ እውን እዩ ከንቲባ ከተማ መቐለ ዶ/ር ረዳኢ በርሀ፤ ኣብ ምጅማር ካልኣይ ዙር መርሃ ግብሪ ልምዓታዊ ሴፍትኔት ተረኺቦም ዝስዕብ መልእኽቲ ዘሕለፉ። "እዚ መደብ ኣብቶም ተጠቀምቲ ክፋላት ሕብረተሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ሽኽሚ መንግስቲ እውን ዘቃልል ዓብዪ መደብ እዩ። ስለዝኾነ ጠንኪርካ ክስራሕ ኣለዎ። ብፍላይ እቲ ተጠቃሚ ሕብረተሰብ ዕላማታት ልምዓታዊ ሴፍትኔት ብውነ ተረዲኡ ንተግባራውነቱ ክነጥፍ እቲ በብብርኩ ዘሎ ኣመራርሓን በዓል ሞያን መሪሕ ተርኡ ክዋፃእ ከምዘለዎ መልእኽተይ የሕልፍ" ክብሉ ዝገለፁ። እዚ መልእኽቲ ልምዓታዊ ሴፍትኔት ቀፃልነት ንክህልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ርኡይ ስራሕ እንተተሰሪሑ ተወሳኺ ረብሓ እውን ኣለዎ።

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“ህዝቢ ትግራይ ዘይተቐበሎ ኣመራርሓ ኣብ መሬት ትግራይ ክቦቅል ኣይኽእልን።”

ኣባል ፈፃሚ ስራሕን ምክትል ኣቦ ወንበር ህወሓትን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናትን ዘበፅሖ ማእለያ ዘይብሎም ኩለ መዳያዊ ጉድኣታትን ከይኣክል ድሕሪ ምፍራም ስምምዕ ፕሪቶርያ እውን እንተኾነ ነቲ ፅንተት ብኻሊእ መልክዕ ዘቐፅልሉ ተግባራት እናተፈፀሙ መፂኦም እዮም። ካብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ወፃኢ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናይ ምብታን ምንቅስቓስ እናተገበረ ፀኒሑ እዩ። ይኹን እምበር ብሳላ ዝተዋደደ ቃልሲ ኩሎም ስትራተጂካዊ ዓቕምታት ትግራይ እቶም ሽርሒታት ቀስ ብቐስ ክፍሸሉ ጀሚሮም ኣለዉ።

ብመንፅር እዚ ማእኸላይ ኮሚቴ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ካብ 29 መጋቢት ክሳብ ሰለስተ ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ኣብ ዝተኻየደ ኣፈፃፀማ መደባት ሕሉፍ ሽዱሽተ ኣዋርሕን ቐፀልቲ ኣንፈታትን፣ ምስ ውሳነታት መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ተኣሳሲሩ ድሕሪ ወፍሪ እምቢታ ህወሓት ናብ ንቡር ቁመንኡ ንምምላሱ ዝተፈፀሙ ዓበይቲ መደባት ኣፈፃፀመኦምን ኣብ ካልኦት ዛዕባታትን ኣመልኪትና ምስ ኣባል ፈፃሚት ስራሕን ምክትል ኣቦ መንበር ውድብና ህወሓትን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ምሉእ ትሕዝትኡ ከም ዝስዕብ ተዋዲዱ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ።

ወይን፡- ሎምቕነ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ውድባዊ ገምጋምን ቀፃሊ ኣንፈት ምንፃርን ብዝምልከት ኣኼባ ተገይሩ ነይሩ እሞ ናይቲ ኣኼባ ቀንዲ ትሕዝቶን ዝተበፅሐ መደምደምታታትን እንተዝግለፅ?

ተጋዳላይ ኣማኑኤል :- ማእኸላይ ኮሚቴ ውድብ ህወሓት ኣብ ፈላይ ሰሙን ወርሒ ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ስሩዕ ኣኼብኡ ኣካይዱ እዩ። ኣብዚ ስሩዕ ኣኼብኡ ገምጋም ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ገምጊሙ። ንቐፃሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝህልዉ መደባትን ኣንፈታትን እውን ኣነፂሩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝምዕብሉ ዘለዉ ጂኦፖለቲካዊ ጉዳያት ብመንፅር ንትግራይ ዝህልዎም ፅልዋ ዝምልከትን ኣብ ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ድማ ብዝርዝር ተመያይጡ እዩ።

ማእኸል ስሕበት ናይቶም ዝቕፅሉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እውን ካብ ወረርቲ ሓራ ዘይወፀ መሬትናን ህዝብናን ሓራ ክወፅእ፣ ዝተማዘበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ዝምለሰሉ ቃልሲ ዘጠናኽርን ካልኦት ስራሕቲ ንምስራሕ ዘኽእል ትልሚ ወፂኡ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ብርክት ዝበሉ ናይ ውሽጢ ውድብ ስራሕቲ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን፣ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ለውጢ፣ ልዕልነት ሕግን ፍትሒን ናይ ምርግጋፅ መደባት ኣለው። ብፍላይ ኣብዚ ዘለናሉ ዞባ ዘምዕብሉ ዘለዉ ጅኦፖለቲካዊ ኩነታት እዚ ዞባ ብመንፅር ትግራይ ክረአ እዩ ዘለዎ።

ምኽንያቱ እዚ ዞባ እዚ ናይ ብዙሓት ጂኦፖሎቲካዊ ረብሓታት ባህጊ ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ ምዕራባውያን፣ ማእኸላይ ምብራቕን ርሑቕ ምብራቕን ዘለዉ ዓድታት ልዑል ትኹረት ዝገብርሉ ዞባ እውን እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ምዕባለታት ኣለዉ። ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልን፣ ኣብ ደቡብ ሱዳን ሃገረ ሶማልን ዘሎ ውሽጣዊ ኩነታት ህውከትን ዕግርግርን ኣይተፈለዮን ዘሎ። “ብቐንዱ ኣብ መንጎ ኢትዮጲያን ኤርትራን ዘሎ ምትፍናን ብመንፅር ትግራይ ክህልው ዝኽእሉ ሳዕቤናት እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ?” ኣብ ዝብሉን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ብዝርዝር ገምጊሙ እዩ። ነዚ ኩነታት እዚ ብምግምጋም እቶም ዝረኣዩ ዘለው ፀገማት ንምፍታሕ ግደ ትግራይ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ዘመላኽቱ ሰፋሕቲ ምይይጣት ተኻይዶም እዮም። ብመሰረት እዚ ኣብዚ ከባቢ እዚ ዝምዕብሉ ዘለዉ ጉዳያት ናብ ኲናት ከየምርሑ ማሕበረሰብ ዓለም፣ ብቐንዱ ድማ መንግስታት ኢትዮጵያ ኤርትራን ናብ ኲናት ንዘይምእታው ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ። ምናልባት ናብ ኲናት ዘምርሕ እንተኾይኑ ግን ብመንፅር ናይ ዓርስና ህልውናን ድሕንነትን ክረአ ከምዘለዎ ተቐሚጡ እዩ። ስለዚ እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ልዕሊ ቑስሉ ካሊእ መከራ ከይመፅኦ ጥንቃቐታት ክግበር እዩ ዘለዎ።

ወይን፡- ምስ ውሳነታት መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ተኣሳሲሩ ድሕሪ ወፍሪ እምቢታ ውድብና ህወሓት ናብ ንቡር ቁመንኡ ንምምላስ ዝተተለሙ ዓበይቲ መደባትን ኣፈፃፀመኦምን እንታይ ይመስል? እዚ ኣብ ኣባልናን ካድረናን ብሓፈሻ ድማ ኣብ ህዝብና ዝፈጠሮ መንፈስ እንታይ እዩ?

ተጋዳላይ ኣማኑኤል፡- ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምስተጣየሸ ሓሙሽተ ዝኾኑ መሰረታዊ ተልእኾታት ተዋሂቦምዎ እዮም። እቲ ሓደን ቀንድን ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ናብ ንቡር ምምላስ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ዝተፈፀሞ፣ ብዙሕ ናይ ፀጥታ ፍትሒ መሓውራቱ ዝፈራረሶ ህዝቢ እዩ። ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ መስተጋብር ትግራይ ኮነ ኢልካ ምሉእ ንምሉእ ዝፈራረሰሉ ዘዓነወሉ፣ ዝተወረረሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ነዚ ናብ ንቡር ምምላስ ድማ ስምምዕ ፕሪቶርያ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ብዘረጋግፅ መንገዲ ክትግበር፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ዝፈፀሙ ኣካላት ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዘኽእል ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ብግዝያዊ ምምሕዳር ክምራሕ ኣይግበኦን። ቀልጢፉ ብህዝቢ ናብ ዝተመረፀ መንግስቲ ክሰጋገር እዩ ዝግባእ። ይኹን እምበር ግዝያዊ ምምሕዳር ይትረፍ ናብ ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ክሰጋግር ነዞም መሰረታዊ ጉዳያት ንጎድኒ ገዲፉ መጋበርያ ናይ ደገ ሓይልታት ኮይኑ፣ ካብ ተልእኾታቱ ወፂኡ ወይ ድማ ብግልባጡ ነቶም ተልእኾታቱ ዘፍርስ ምንቅስቓስ እናሰርሐ እዩ ነይሩ።

ህዝቢ ትግራይ ንዘይተቐበሎ ግዝያዊ ምምሕዳር ብሰላማዊ መንገዲ “ወፍሪ እምቢታ” ምኽያድ ግድን ነይሩ። ምኽንያቱ ግዝያዊ ምምሕዳር ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣህጊሩ፣ ሰራዊት ትግራይን ህወሓትን ንምፍራስን ልኣላውነት ህዝቢ ትግራይ ኣሕሊፍካ ንምሃብን ኮታስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘተፈፀመ ጀኖሳይድ ተሓታትነት ብዘይብሉ መንገዲ ኣካያይዳታት ዝፍፀመሉ ኩነታት ስለዝነበረ እዩ። እዚ ከይኣክል ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙ ኣካላት ናብ ከባቢኦም ብምኻድ ዝተፈላለዩ ናይ ድሕረት ኣተሓሳስባታትን ተግባራትን ዝፍፅምሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ህዝቢ ትግራይ ሓድነቱ ክብተን፣ ኣብ ከባብያዊ ድሕረት ክቑለፍ ነቲ ኩነታት ብመንፅር ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘይኮነስ ብመንፅር ከባብያውን ውልቃውን ጉዳያት እናረኣየ ብድሕረት ክሸመም ዝገብር ስራሕቲ ተሰሪሑም እዮም። እዚ ድማ እቲ ህዝቢ “እምቢ ንብተና” ኢሉ ክለዓል ገይርዎ እዩ። ከምኡ እውን መግለፂ ልኣላውነት ህዝቢ ትግራይ ዝኾና ኣብያተ ምኽሪ ክፈርሳ፣ ሕገ- መንግስቲ ክጠሓስ ክፈርስ እናተገበረ መፂኡ። ካብዚ ብተወሳኺ በቢደረጅኡ ዘለዉ ትካላት መንግስቲ ክፈርሱ፣ ሕጋዊ ኣሰራርሓታት ውድብ ህወሓት ክጠሓሱ ውልቀ ሰባት ኣብ ትግራይ ዝደለይዎ ዝገብርሉ ኩነታት ክፍጠር ብዙሓት ፀረ ህዝቢ ተግባራት እናተፈፀሙ መፂኦም እዮም። ነዚ ድማ ህዝቢ “እምቢ ንምልክነት” ኢሉ ድምፁ ኣስሚዑ።
ይኹን'ምበር እቲ ዝተኻየደ ወፍሪ እምቢታ እቲ ቃልሲ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየ ኸይዱ። ናይዚ ውፅኢት ድማ ኣብያተ ምኽሪ ልኣላውነተን ዝረጋገፀሉ፣ በቢ ከባቢኡ ዘለዉ ምምሕዳራት ሕገ- መንግስታዊ ስልጣኖም ዘረጋግፅሉ፣ ህዝቢ ብዘየድልዮም ኣምሓደርቲ ከምዘይመሓደር ዘረጋግፀሉ ብርኪ በፂሑ። ብመሰረት እዚ ብሄራዊ ክሕደት ዝፍፅም ዝነበረ ጉጅለ ኣብ መላእ ትግራይ እናተሸምረረ ናብ ሓደ ከባቢ ዝእከበሉ ኩነታት እናተፈጠረ ድሕሪ ምኻዱ ኣብ መወዳእታ ወፍሪ እምቢታ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ደይቡ ናብቲ ሐዚ ዘለናሉ ብርኪ ክበፅሕ ኣኪሉ እዩ።

ወይን፡- ካብ ድሕሪ ሕዚ ህወሓት ምስ ፌደራል መንግስቲ ዝህልዎ ርክባት ኣብ ምንታይ ዝተደረኸ ክኸውን እዩ? ነዚ ርክብ ዘዐንቅፉ ተግባራት ኣለውዶ? መፍትሒኦም ከ?

ተጋዳላይ ኣማኑኤል፡- መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ስምምዕ ፕሪቶርያ ፈሪሞም እዮም። ክልቲኦም ሕድሕዳዊ ኣፍልጦ ተወሃሂቦም እዮም። ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተቐመጡ ጉባኣቶም ፈፂሞም ዘላቒ ሰላም ከረጋግፁ እዩ ትፅቢት ዝግበረሎም። ስለዝኾነ ክልቲኦም ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ተጠርኒፎም ናብ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ክኣትው እዩ ዘለዎም። እቲ ዝተፈጠረ ፀገም ናብቲ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ክሳብ ዝምለስ ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ተጠርኒፎም ነቶም ፀገማት ክፈትሑ፣ ብቕኑዕ ልቦና ክፍፅሙ እዩ ትፅቢት ዝግበር። ይኹን እምበር ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ዝረአ ነገር እንተሃለወ ካብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ወፃኢ በይናዊ ዝኾነ ውሳነታት ይውሰን እዩ። ኣብ ክልላት ይኹን ወሰናት ሕቶ ክህልው እንከለው በይናዊ ዘይኮነስ ብመሰረት ሕገ መንግስቲትን ነዚ ስዒቦም ብዝወፁ ሕግታትን ኣዋጃትን እዩ ክፍፀም ዘለዎ። ይኹን እምበር ኣብ ልኣላዊ መሬት ትግራይ ካብ ካልእ ክልል ኣምፂእኻ ብሚልዮናት ዝቑፀር ህዝቢ ዝሰፍረሉን ንልኣላዊ መሬት ትግራይ ብሪፈረንደም ክትውድእ ምሕሳብን ኣንፃር እቲ ኣብ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ዝተፈፀመ ስምምዕነት እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ሕጋዊ ስውነት ውድብ ህወሓት ዝምልከት እውን እዚ ውድብ እዚ ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕጋዊ ኣፍለጦ ተዋሂቡዎ ኣካል ስምምዕ ፕሪቶርያ ኮይኑ ዝመፀ ውድብ እዩ። ኣብ 2013 ዓ/ም ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ “ተሰሪዙ” ዝተብሃለ ውድብ ኣብ 2015 ዓ/ም ናብ ሰላማዊ ማዕቀፍ ተመሊሱ ኣፍልጦ ተዋሂቡዎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ውድብ ህወሓትን ተፈራሪሞም እዮም። ይኹን እምበር ሓዱሽ ሕጊ ብምውፃእ ህወሓት ነባር ሕጋዊ ሰውነት ከይረክብ ይግበር ኣሎ። ግዝያዊ ምምሕዳር ዝጣየሸሉ መስርሕ ብስምምዕ ፕሪቶርያ ኮይኑ ከብቅዕ ኣዋጃት ኢድ ኣእታውነት እናጠቐስካ፣ መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ውድብ ህወሓት ተደጋጋሚ በይናዊ መግለፂ ዘውፅእሉ ኩነታት እዩ ዘሎ።
ሐዚ እውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብቕኑዕ ልቦና ኣይኮነን ዝሰርሕ ዘሎ። ስምምዕ ፕሪቶርያ ከም መስዓሪ እዩ ዝጥቀመሉ ዘሎ። ገና ህወሓትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ክልቲኣዊ ዝኾነ ፖለቲካዊ ዝርርብ ኣየካየዱን። ክጠናኸሩ ክዓብዩ ዝግበኦም ርክባት ኣይዓብዩን ዘለው። እዚ ነቲ ዝተጀመረ መስርሕ ሰላም ናብ ሓደጋ ዘእትው እዩ። ፅቡቕ ኩነታት ኣይኮነን ዝፈጥር ዘሎ። ውሳነታት እንተሊኦም ብስምምዕ ፕሪቶርያ እዮም ክኸዱ ዘለዎም። ካብዚ ወፃኢ ዝኸይድ እንተኾይኑ ግን ነቲ ዝተጀመረ መስርሕ ሰላም ዝጎድእ እዩ ዝኸውን ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ ንመላእ እዛ ሃገር፣ ንቐርኒ ኣፍሪካ ካብዚ ብዝዘለለ ድማ ንማሕበረሰብ ዓለም ዝጎድእ እዩ። ስለዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሃናፂ ብዝኾነ፣ ዘላቒ ሰላም ብዘምፅእ፣ ቅኑዕ ልቦና መሰረት ዝገበረ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ማእኸል ዝገበረ፣ ኣካያይዳ እዩ ክኽተል ዘለዎ።

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ግምባር ጥዕና

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

መኽተ ደግሲ ለበዳ 30 ዓመት

ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ዓለምና ክታበት ይኹን መድሓኒት ዘይተረኽበሉ ንተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማማት ወዲሰብ ዘጥቅዕ ቫይረስ እዩ። ብመሰረት ፀብፃብ ውድብ ጥዕና ዓለም መጠን ተጠቃዕቲ ኣብ 2023 ዓ/ም ፈረንጂ ብብርኪ ዓለም 39 ነጥቢ ትሽዓተ ሚልዮን ዝነበረ እንትኾን ካብዚኦም 38 ነጥቢ ክልተ ዓበይቲ፣ ሓደ ነጥቢ ሸውዓተ ሚልዮን ህፃናት (ማለት ትሕቲ 14 ዓመት ዝዕድሚኦም) እዮም። ከምኡ እውን 54 ሚኢታዊ ደቂ ኣነስትዮ እንትኾና ካብቶም ጠቕላላ ሕሙማት እቶም 85 ሚኢታዊ እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ከምዘለዎም ዝፈልጡ ምንባሮም የረድእ። እቲ ሕማም ብፍላይ ትሕቲ ሳሃራ ኣብ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪካ ብሰፊሑ ተዛሚቱ መፍረይትን ተረከብቲ ዓድን ዝኾኑ መናእሰይ እናቐዘፈ ልዕሊ 30 ዓመት ፀኒሑ፣ ሕዚ እውን ከምኡ ኢሉ ይቕፅል ኣሎ።

ብብርኪ ዓለም በቢዓመቱ በቲ ቫይረስ ካብ ዝተሓዙን ዝሞቱን ሰባት ልዕሊ 45 ሚኢታዊ ሓደሽቲ እንትኾኑ ንሳቶም እውን ኣብ ኣፍሪካ ምዃኖም የረድእ። ከምኡ እውን ብብርኪ ዓለም 340 ሚልዮን ክሕከሙ ዝኽእሉ ሓደሽቲ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት ዝረአዩ እንትኾኑ እቶም 69 ሚልዮን ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ዝርከባ ሃገራት ይርከቡ። ንኣብነት፣ ኣብ 2021 ዓ/ም ፈረንጂ 670,000 ሓድሽ መልከፍቲ እንተጋጥም 280,000 ወገናት ድማ በቲ ሕማም ንሓደጋ ሞት ከምዝተሳጥሑ ወብፃብ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣረጋጊፁ። ኣብቲ ሓዱሽ ረኽሲ ልዕሊ 75 ሚኢታዊ ካብ 15-19 ክሊ ዕድመ ኣብ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቃዕቲ እየን። ከም ኣህጉር ምብራቓውን ደቡባውን ክፋል ኣፍሪካ ብበዝሒ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ዝርአዮ እንትኸውን ኣብ 2021 ዓ/ም ፈረንጂ 21 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚልዮን ወገናት ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ከምዝነበሮም የረድእ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ 2020 ዓ/ም/ፈረንጂ ብዝተገበረ መፅናዕቲ ቫይረስ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ዝነበሮም ቁፅሪ ሰባት 745 ሽሕን 719 እንትኾኑ ካብዚኦም 453 ሽሕን 896 (61 ሚኢታዊ) ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብብርኪ ትግራይ እንትርአ ድማ ቅድሚ ኲናት ዝርግሐ ኤች ኣይ ቪ ሓደ ነጥቢ 43 ሚኢታዊ ዝነበረ እንትኸውን ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ኣለዎም ተባሂሎም ካብ ዝግመቱ 59,643 እቶም 46,000 መድሓኒት ፀረ ኤች ኣይቪ ተጠቀምቲ ነይሮም። ኣብቲ እዋን ከም ትግራይ ዓቕሚ ምምርማር ኤች ኣይ ቪ ካብ 800,000 ክሳብ ሓደ ሚልዮን ዓመታዊ በፂሑ ብምንባሩ እቲ ሕማም ክርከቦም ይኽእል እዩ ተባሂሎም ካብ ዝግመቱ ወይ ተቓላዕቲ ዝኾኑ መሰረት ገይርካ ምሉእ ምርመራን ክትትልን ይትግበርን ብቐልጡፍ መድሓኒት ክወስዱ ይግበር ከምዝነበረን ኣብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ መተሓባበሪት ኬዝ ቲም ምዕባይ ግንዛበን ምምፃእ ባህርያዊ ለውጥን ሲስተር ኣለም ገብረመድህን የረድኣ።

ድሕሪ ፅንተታዊ ኲናት ከም ትግራይ ተሓቲሙ ዝወፀ መፅናዕቲ ዋላ ኣይሃሉ ለበዳ ሕማም ኤች ኣይ ቪ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ሓደጋ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ጠቆምቲ ምልክታት ይራኣዩ ኣለው። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገበረ ውሱን ዳህሳስ ከምዘመላኽቶ ኣብ መቐለ ሽዱሽተ ነጥቢ ትሽዓተ ሚኢታዊ፣ ዞባ ደቡብ ሽዱሽተ ምኢታዊ ዝለዓለ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ዘለወን ዞባታት እየን። ብዘይካ እዚ ዞባ ማእኸል ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ምኢታዊ፣ ደቡብ ምብራቕ ሓደ ነጥቢ ኣርባዕ ምኢታዊ፣ ሰሜን ምዕራብ ሰለስተ ነጥቢ ሓደ ምኢታዊ ከምኡ እውን ዞባ ምብራቕ

ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገበረ ውሱን ዳህሳስ ከምዘመላኽቶ ኣብ መቐለ ሽዱሽተ ነጥቢ ትሽዓተ ሚኢታዊ፣ ዞባ ደቡብ ሽዱሽተ ምኢታዊ ዝለዓለ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ዘለወን ዞባታት እየን። ብዘይካ እዚ ዞባ ማእኸል ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ምኢታዊ፣ ደቡብ ምብራቕ ሓደ ነጥቢ ኣርባዕ ምኢታዊ፣ ሰሜን ምዕራብ ሰለስተ ነጥቢ ሓደ ምኢታዊ ከምኡ እውን ዞባ ምብራቕ ሰለስተ ነጥቢ ሸውዓት ምኢታዊ ዝርገሐ ከምዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ከተማታት ዓድዋ፣ ሽረ፣ ዓዲ ግራትን መቐለን ኣብ ዘለዉ ተመዛበልቲ (IDP) ወገናት ብዝተገበረ ውሱን ምርመራ (ማለት ካብ ዓድዋ 201፣ሽረ 321፣ ዓዲ ግራት 71፣መቐለ 84) ብድምር ካብ 677 ወገናት እቶም 37 (ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ተረኺቡ እዩ።

ሰለስተ ነጥቢ ሸውዓት ምኢታዊ ዝርገሐ ከምዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ከተማታት ዓድዋ፣ ሽረ፣ ዓዲ ግራትን መቐለን ኣብ ዘለዉ ተመዛበልቲ (IDP) ወገናት ብዝተገበረ ውሱን ምርመራ (ማለት ካብ ዓድዋ 201፣ሽረ 321፣ ዓዲ ግራት 71፣መቐለ 84) ብድምር ካብ 677 ወገናት እቶም 37 (ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ተረኺቡ እዩ።

ከም ከተማታት ዘሎ ዝርገሐ ከም መርኣያ እንትንወስድ ድማ ከተማ ዓድዋ 12 ነጥቢ ሸሞንተ ምኢታዊ፣ ቀዳማይ ወያነ 12 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ፣ ሽራሮ 10 ነጥቢ ክልተ ምኢታዊ ዝርገሐ ብምሓዝ ኣብ ዝኸፍአ ብርኪ ዘለዋ እየን። ብተመሳሳሊ ከተማ ሽረ ሓሙሽተ ነጥቢ ኣርባዕተ ምኢታዊ፣ ዓዲግራት ሰለስተ ነጥቢ ኣርባዕተ ምኢታዊ፣ መኾኒ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ኣብ ሓደጋ ከምዘለዋ የረድእ። ብመሰረት እቲ ውሱን መፅናዕቲ ዝርግሐ ኤች ኣይቪ ኣብ 2012 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ ሓደ ነጥቢ 43 ሚኢታዊ ልዕሊ ዕፅፊ ወሲኹ ናብ ሰለስተ ምኢታዊ ከምዝደየበ የመላኽት።

ናይዚ ቀንዲ ምኽንያታት ካብ ዝኾኑ ዝተወሰኑ ነጥብታት ንምርኣይ ሓደ፣ እኹል ቀረብ መከላኸሊ መንገድታት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ማለት ቀረብ ኮንደም፣ መድሓኒት ፀረ ኤች ኣይ ቪን መመርመርን ዘይምህላዉ እዩ። ካልኣይ ቅድሚ እቲ ኲናት ዝስርሑ ዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ጠጠው ኢሎም ብምፅንሖም ግንዛበ ሕብረተሰብ ትሑት ክኸውን ገይርዎ እዩ። ሳልሳይ ምትሕውዋስ ማሕበረሰባዊ ክፋላት ማለት ብሰንኪ ኲናት ናብ ውሽጥን ደገን ዝተመዛበለን ውሕስነት ዝሰኣነን ህዝቢ ምህላዉ፤ ንዓመታት ዝኣክል ኣብ ምሉእ ትግራይ በዝሒ ተመዛባሊ ሕብረተሰብ ምህላው ምስቲ ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላው ተዛሚዱ ነቲ ዝርገሐ የጋፍሑ ካብ ዘለዉ ሓደጋታት ተጠቀስቲ እዮም። ናይዚ ዝኸፍአ ምኽንያት ድማ፣ ልዕሊ 127 ሽሕ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኣብቲ እዋን ኲናት ፅንተት ብፀላእቲ ምዕማፀን እቲ ሓደጋ ክሰፍሕ ምኽንያት ኮይንዎ እዩ። ኣብዚኣተን ኮነ ተባሂሉ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ብዘለዎም ወታደራት ፀላእቲ ዝተፈፀመ ፆታዊ ጥቕዓት ስለዝኾነ እቲ ሕማም ኣብ ምውሳኽ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ። ብምኽንያት እዚ ኣብቲ እዋን ኲናት ግዳይ እቲ ሕማም ካብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ እተን 86 ሚኢታዊ ብፀላእቲ ዝተፈፀመለን ፆታዊ ጥቕዓት ዝዓበየ ምዃኑ መርኣዪ እዩ።

እቲ መፅናዕቲ ቀንዲ ተቓላዕቲ ክፋላት ሕብረተሰብ እውን ኣነፂሩ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ፋይቶት ማለት ብሰንኪ ቁጠባዊ ፀገም ነብሰን ሸይጠን ኣብ ዝሓድራ ኣካላት ሸሞንተ ነጥቢ ሽዱሽተ ምኢታዊ፣ ኣብ ተመዛበልቲ ወገናት ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ምኢታዊ፣ ብፀላእቲ ፆታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ዝበፅሐን ደቂ ኣንስትዮ ሸሞንተ ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ብቐደም ሰዓብ ብርኪ ናይቲ ሓደጋ ተነፂሩ። ብተመሳሳሊ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ብዕድመን ብፆታን እንትርአ ድማ ልዕሊ 35 ዕድመ 18 ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ፣ ካብ 25-34 ዕድመ ሽዱሽተ ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ፣ ካብ 15-24 ዕድመ ሰለስተ ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ፣ ድምር ካብ 18 ዕድመ ንላዕሊ 10 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ፣ ትሕቲ 18 ዕድመ ዘለዋም ወገናት ድማ ሓሙሽተ ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ ምዃኑ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት።

ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ዝርገሐ ኣብ ተምሃሮ ካልኣይ ብርኪ ሰለስተ ነጥቢ ትሽዓተ ሚኢታዊ፣ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ተምሃሮ ልዕሊ ትሽዓት ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ከምኡ ድማ ኣብ ዘይተምሃሩ ክፋላት ሕብረተሰብ 17 ነጥቢ ኣርባዕተ እዩ። ካብዚ ወፃኢ ሰብ ሓዳረን ኣብ ዝሞትወን ደቂ ኣንስትዮ 17 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ፣ ሓዳረን ኣብ ዝፈትሓ 10 ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ ከምኡ እውን ምስ ሓዳረን ኣብ ዘለዋ ሸውዓት ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ዝርገሐ ከምዝተርኣየ ይሕብር። ስለዚ እዚ ካልኣይ ዝደግስ ዘሎ ዝርግሐ ለበዳ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ቀፃሊ ወለዶን ኣብ መፍረያይ ዜጋን ዘብፅሖ ዘሎ ጉድኣት ከቢድ ምዃኑ ምግንዛቡ ዘፀግም ኣይኮነን።

እዚ ሓደጋ እዚ ንምክልኻልን ንምዕጋትን ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት፣ ኣብ ደሞም ኤች ኣይቪ/ኤድስ ምስ ዘለዎም ወገናትን ዝተወደቡ ማሕበራትን ጥምረታትን ዝተጀመሩ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣለው። ሓደ፣ ቅድም ክብል ኣብ ትካላት ጥዕና ክትትል ሕክምናን መድሓኒት ፀረ ኤች ኣይቪ/ኤድስን ዝወስዱ ዝነበሩ ወገናት ሃለዋቶም ብምትእልላሽ ዳግም ናብ ክትትል ክኣትው ንምግባር ዝስራሕ ስራሕ ኣሎ። ብመሰረት እዚ ዛጊድ ቁፅሮም ዘይንዓቑ ተኣሊሾም ዝተረኽቡ ወገናት ክትትል ክጅምሩ ተገይሩ እዩ። ካልኣይ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ዝሓሸ ቀረብ መድሓኒት ይመፅእ ብምህላው ተጠቀምቲ ወገናት ግቡእ ክትትል ብምግባር ንክወስዱ ዝግበሩ ፃዕርታት ተጠናኺሮም ይቕፅሉ ኣለዉ። ብዋናነት ድማ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን እቲ ቫይረስ ግንዛበ ዘዕብዩ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ዝለዓለ ምንቅስቓስ እናተገበረ ይርከብ። ንኣብነት፣ ምስ ፋይቶታት ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምድላው ጥንቃቐ ክገብራን ሓደ ንዓሰርተ ኔትዎርክ ብምትእስሳር ግንዛበ ክፈጥራን ዘኽእል ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ሲስተር ኣለም ይገልፃ።

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣብ ምክልኻልን ምቁፃርን ኤች ኣይ ቪ/ ኤድስ ካብ ግንዛበ ምዕባይ ብተወሳኺ ኣብ ጉዳይ ግልጋሎት ሕክምና እውን “ሰለስተ 95” ዝብል ሽቶ ብምሓዝ ተግባራዊ ንምግባር እናተንቀሳቐሰ ይርከብ። እዚ ማለት ቀዳማይ 95፣ “ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ኣለዎም” ተባሂሎም ካብ ዝግመቱ ወገናት እቶም 95 ሚኢታዊ ምርመራ ክገብሩን ዓርሶም ክፈልጡን ምግባር እዩ። እቲ ካልኣይ 95፣ ካብቶም ተመርሚሮም ዓርሶም ዝፈለጡን እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ካብ ዝተረኽቦምን ወገናት ብውሑዱ እቶም 95 ሚኢታዊ መድሓኒት ፀረ ኤች ኣይ ቪ ክወስዱ ምግባር እዩ። እቲ ሳልሳይ 95 ድማ መድሓኒት ፀረ ኤች ኣይ ቪ ካብ ዝጥቀሙ ወገናት እቶም 95 ሚኢታዊ ዝተውሃቦም መድሓኒት ብኣግባቡን እንተየቋረፁን ክጥቀሙ ስጡም ክትትል ብምግባር ኣብ ደሞም ዝህሉ መጠን ቫይረስ ክቕንስ ዘኽእል ስራሕቲ ንምዕማም ዓሊሙ እቲ መደብ ናብ ተግባር ኣትዩ ይርከብ።

ይኹን እምበር ተቓላዓይነትን ዝርግሐን ቫይረስ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ንምዕጋት ኣብ ኲሉ ሕብረተሰብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ ማእኸል ዝገበረን ዝተዋደደን ስራሕቲ ምስራሕ ይጠልብ። ብፍላይ ኣብ ኣዝዮም ተቓላዕቲ ዝኾኑ ክፋላት ሕብረተሰብ ማለት ኣብ ፋይቶታት (ነብሰን ሸይጠን ዝሓድራ)፣ ተሃነፅቲ ሕጊ፣ ነዊሕ መንገዲ ዝጓዓዙ፣ መዓልታዊ ሸቃሎ፣ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ዘለዎም ወገናትን መፃምዶምን ፍሉይ ጠመተ ሂብካ ምስራሕ ቀዳምነት ዝወሃቦ እዩ። ካልኣይ ሕብረተሰባዊ ምልዕዓልን ግንዛበ ሕብረተሰብ ንምዕባይ፣ ሓበሬታን ትምህርትን ዝህቡ መድረኻት ምፍጣር ትኹረት ሂብካ ክስራሕ ዝግብኦ እዩ።

ብድምር ጉዳይ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ጉዳይ ኲላትና ገይርና እንታይነት መከላኸሊኡን ሕክምናኡን፤ ካልኦት ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኣየኖት ምዃኖምን ብምርዳእ ተግባራት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ብስፍሓት ብምስራሕ ዝርግሐ እቲ ሕማም ምዕጋት ግድን ዝኾነሉ እዋን ንርከብ። ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ፀገም ዘስዕብ፣ ዕድመ፣ ሃፍታምን ድኻን፣ ፆታን ሃይማኖትን፣ ዝተምሃረን ዘይተምሃረን፣ ሕብርን ዓሌትን ዘይፈሊ ቀዛፊ ሕማም እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ንልዕሊ 30 ዓመት ኣብ ለበዳ ዝፀንሐ ሕማም ሐዚ ድማ ዳግማይ ደጊሱ ሓደጋ ህላወ ህዝብናን መፃኢ ወለዶን ኮይኑ ይርከብ። ስለዚ ኤች ኣይቪ/ኤድስ ሕዚ እውን ሓደጋ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ይቕፅል ከምዘሎ ብምርዳእ ብሸለልትነትን ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላውን ዝኸፈል ዘሎ ወለዶ ንምድሓን ኲሉ ሕብረተሰብን ኣመራርሓን ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን እቲ ሕማም ዝለዓለ ምርብራብ ክገበር ይግባእ።

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ቅሩፅ ተበግሶ፤ ርሑይ ለውጢ!

ኣብ መናእሰይ ትግራይ ዝርአ መጠን ስራሕ ስእነት ንምቕናስ መንግስቲ ዝተፈላለየ ፕሮጀክታትን ኣንፈታትን ቀሪፁ መናእሰይ ናብ ስራሕ እናተኣሳሰረ መፂኡን ኣሎን። መንግስቲ መናእሰይ ናይ ስራሕ ድሌትን ልምድን ክህልዎምን ካብ ተፀባይነትን ወፂኦም ዓርሶም ክኽእሉን ናይ ሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን ትልሚ ሒዙ ንኣስታት 30 ዓመታት እናሰርሐ ፀኒሑ። ተሞኩሮታት ዝማዕበላ ዓድታት ብምትእትታው እውን ኣብ እንታይነት ምህዞን ፈጠራ ስራሕን ልዑል ትኹረት ገይሩ ኣብ መናእሰይ ህንፀትን ኣተሓሳስባን ግንዛበን እናፈጠረ እዩ መፂኡ። ከምኡ እውን ምስ ዘይመንግስታዊ ትካላት እናተዋደደ ሞያዊ፣ ገንዘባውን ካልኦት ሓገዛትን ኣመቻቺዩ ቁፅሮም ዘይነዓቅ መናእሰይ ናብ ስራሕ ኣዋፊሩ ቁጠባዊ ረብሐኦም ከረጋግፁ እናገበረ ይርከብ።

ካብ መንግስታዊ ትካል ሓደ ዝኾነ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ ትምህርት ስልጠናን ትግራይ ኣብ መናእሰይ ዘሎ ስእነት ስራሕ ንምቅራፍ ግምባር ቀደም ዓሚሞም ካብ ዝሰርሑ ኣብያተ ዕዮታት ሓደ ኮይኑ መናእሰይ ሞያን ክእለትን ክስልጥኑን ብሉፅ ብቕዓት ክሕዙን ርኡይ ስራሕ ሰሪሑ እዩ። ብጭቡጥ እውን ክሳብ ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየደ ፅንተታዊ ኵናት ብኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ብሞያን ክእለትን ኣብቂዑ ናብ ስራሕ ከተኣሳስርን ተወሲኹ ዕድላት ክፈጥርን ክኢሉ እዩ። ንኣብነት ካብ 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ኣብ ብርክት ዝበላ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ብዝተፈላለየ ዓውደ ስራሕትን ዘፈር ቁጠባታትን ንመናእሰይ ናብ ስራሕ እናተኣሳሰረ ይርከብ። ካብተን ኣብ 2016 ዓ.ም ንመናእሰይ ስራሕ ዕድል ዝተፈጠረለን ከተማታት ድማ ከተማ መቐለ ሓንቲ እያ። እቲ ቢሮ ምስ ፕሮጀክት ብቕዓት መናእሰይ ብምትሕብባር ንክልተ ሽሕ መናእሰይ ከተማ መቐለ ብፍሉይ ናብ ስራሕ ክተኣሳሰሩ ገይሩ እዩ። ካብቲ ዝተገለፀ ኣሃዝ 721 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም ኮይኖም ካብ 18 ክሳብ 25 ክሊ ዕድመ ዘለዉ፣ ትምህርቶም 12 ክፍሊ እንተይወድኡ ዘቋረፁን ፍሉይ ናይ ስራሕ ስእነት ፀገም ዝነበሮምን እዮም። ነዚ ድማ ካብ ባንኪ ዓለም ብዝተረኸበ ሓደ ምኢቲ ሚልዮን ብር ነንሕድሕዶም 50 ሽሕ ብር ብመልክዕ ድጎማ ገንዘባዊ ሓገዝ ከም ዝተገበረሎም ኣብ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠና ትግራይ መተሓባበሪ ፕሮጀክት ብቕዓት መናእሰይ ኣይተ ልኡል ኪዳነ ይገልፁ።

ብመሰረት ዕላማ እቲ ፕሮጀክት ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ነቶም መናእሰይ ን 15 መዓልቲ ዝኣክል ናይ ስነ ልቦና ሕውየት፣ ሞያዊ ስልጠና፣ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣደላልዋ ቢዝነስ ፕላንን ኣሰልጢኑ ናብ ስራሕ ክኣትዉ ኣኽኢልዎም እዩ። ካብዚ ብምብጋስ እቶም መናእሰይ ካብ ወርሒ መጋቢት 2016 ዓ.ም ጀሚሮም በቲ ዝተወሃቦም ድጎማ መበገሲ ካፒታል መብዛሕትኦም ብውልቀን ውዳበን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ቁጠባ ተዋፊሮም እዮም። ክሳብ ሐዚ ብዝተትሓዘ መረዳእታ ድማ ልዕሊ 1200 ዝኾኑ መናእሰይ በቢ ዝመረፅዎ ዘፈር ስራሕ ኣብ ከተማ ሕርሻ፣ ማኑፋቸሪን፣ ግልጋሎት፣ ንግዲ፣ ስፌት ክዳን፣ ምፍራይ ብሉኬትን ኣብ ካልኦት ዓውደ ስራሕትን ብጭቡጥ እናሰርሑ ይርከቡ። እዞም ኣብ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ መናእሰይ መብዛሕትኦም ፅቡቕ ዝበሃል ትርፊ ዝረኸቡን ብሉፅ ዝበሃል ተሞኩሮ ዘርኣዩን ምዃኖም ኣይተ ልኡል የገንዝቡ።

መንእሰይ ግርማይ ሽሻይ ካብቶም 50 ሽሕ ብር ድጎማ ተዋሂብዎም ሞያዊ ስልጠናን እውን ወሲዶም ኣብ ስራሕ ዝርከቡን መርኣያን ዝኾኑ መናእሰያት ሓደ እዩ። እዚ መንእሰይ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ዓይደር ኣዝያ ፀባብ ገዛ ተኻርዩ ኣብ ስራሕቲ ጣውላን ፈርኒቸርን ተዋፊሩ እናሰርሐ ይርከብ። በቲ ዝሰልጠኖ ሞያ ብዝግባእ በቂዑ ቀልጢፉ ስራሕ ከም ዝጀመረ የረድእ። መንእሰይ ሽሻይ ፈለማ ብሓንቲ ማሽን ስራሕ ከም ዝጀመረ፣ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ድማ ኣዝዩ ፅቡቕ እቶት ከም ዝረከበን ለውጢ ከም ዘለዎን የረድእ። ኩነታት እቲ ዝረኸቦ ለውጥን ሐዚ ዘለዎ ብርክን እንትገልፅ መነባብርኡ ብዝግባእ ክኢሉ ንትሽዓተ መናእሰይ ስራሕ ዕድል ከም ዝፈጠረሎምን ካብ ኣርባዕተ ሽሕ ክሳብ 18 ሽሕ ብር ወርሓዊ መሃያ ከም ዝኸፍሎም ይሕብር። ብተወሳኺ እውን ካልኣይ ቅርንጫፍ ስራሕቲ እንዳ ጣውላ ከም ዝኸፈተ ይገልፅ። ካልእ ምስ ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ተወዲቡ ኣብ ምርባሕ ደርሁ ዝተዋፈረ መንእሰይ ገ/እግዚኣቢሄር ኣረጋዊ እዩ። እቶም መናእሰይ ፈለማ በተን ናይ ኩሎም ዝተሓገዝወን ድጎማ ሸሞንተ ምኢቲ ደርሁ ምፍራይ ጀሚሮም ድሕሪ ዝተወሰነ ኣዋርሕ ድማ ንዕዐን ኣዕብዮም ብምሻጥ ካልኦት ጫጩዊት ገዚኦም ኣዕብዮም ሐዚ ሰለስተ ሽሕ ደርሆ እናፍረዩ ከም ዝርከቡ ካብተን ምስ መንእሰይ ገ/እግዚኣቢሄር ብሓደ ካብ ዝተወደባ ደቂ ኣንስትዮ ንእስቲ ህይወት መብራህቱ ተረድአ። እቶም መናእሰይ ብዛዕባ ረብሓን መዋፃኣይነትን ምርባሕ ደርሁ እንትገልፁ ኣብ ዓመት እንተነኣሰ ሰለስተ ግዘ ንዕዳጋ ደርሆ ከም ዘቕርቡን ዓርሶም ክኢሎም ንኻልኦት ሰለስተ መናእሰይ ስራሕ ከም ዝፈጠሩን ይገልፁ። እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ንመስርሒ ዝኸውን ቦታ ብዘይ ምህላዎም ንስራሕ ኣዝዮም ተፀጊሞም ምህላዎምን ተወሳኺ ልቓሕ ከም ዘድልዮምን ክመቻቸወሎም ከም ዝግባእን እውን ይገልፁ።

ደሚርካ እንትርአ ኣብ ትግራይ ዘሎ በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይካየድ ኣሎ። በቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኵናትን ወራርን ስዒቡ ዘጋጠመ ምምዝባል፣ ዕንወት፣ ውድቀት ቁጠባዊ ምንቅስቓስን ድማ ኣብ ዘተሓሳስብ ብርኪ በፂሑ ኣሎ። ስለዝኾነ ነዚ እውን ጉዳይ ስራሕ ስእነት ጉዳይ ቁጠባዊ ውድቀት፣ ጥምየትን ምንባርን ዘይምንባርን ምኻኑ ተረዲኡ መንግስቲ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ኣብ መናእሰይ ዘተኮረ ስራሕን ዘርፍታት ስራሕን እናፈጠረ በዝሒ ስራሕ ስኡን እናቀነሰ ፀኒሑ እዩ። ነዚ ብስፍሓትን ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ንምቕፃልን ድማ ምስ ዝተፈላለየ ፕሮጀክታትን መዳርግቲ ኣካላትን ተዋዲዱ እናሰርሐ ይርከብ። ስለ ዝኾነ እዚ ዕማም ዕውት ንክኸውን መናእሰያት ብዝተፈጠረሎም ዕድላት ናብ ስራሕ ቆሪፆም ክኣትዉን ዘለዎም ዓቕምን ክእለትን ናብ ልምዓት ከውዕልዎን ቁጠባዊ ዓቕሞም ኣጎልቢቶም ዓርሶም ክልውጡን ይግባእ መልእኽትና እዩ።

ብዝተገበረሉ ድጎማ ኣብ ስራሕቲ ጣውላ ተዋፊሩ ርኡይ ለውጢ ዘምፅአ መንእሰይ ግርማይ ሽሻይ

ብኣተሓስሳብ ... ካብ 10 ዝዞረ

ግድባት ይኹና ወሓዝቲ ሩባታት ዝህልወን ቀረብ ማይ ከምዝቕንስ ርዱእ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ቀዳማይ ዙር ዝተዘርኡን ደንጐዮም ዝፈርዩን ዓይነታት ዝራእቲ ብምህላዎም ናብ ካልኣይ ዙር ክኣትዉ ኣይኽእሉን። ብምኽንያት እዚ ኣብ ቀዳማይ ዙር ብመስኖ ዝለምዐ ስፍሓት መሬት ብምሉእነት ኣብ ካልኣይ ዙር ክለምዕ ኣይኽእልን። ስለዚ ኣብ ካልኣይ ዙር ክልምዓ ዝኽእላ ፀጋታት ማይ ብምልኡነት ኣብ ጥቕሚ ብምውዓልን ካልኦት መማረፅታት ብምጥቃምን ክለምዕ ዝግብኦ ስፍሓት መሬት ብንፁር ኣቕሚጡ ኣሎ።

ብመሰረት እዚ ኣብ 2017 ዓ/ም ኣብ ቀዳማይ ዙር ካብ ዝለምዐ እቲ 19,200 ዝኣክል ሄክታር መሬት ብካልኣይ ዙር ልምዓት መስኖ ክድገምን ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ክሽፈንን ትልሚ ተታሒዙ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ እዩ። ኣብዚ ከይዲ ሕድሕድ ወረዳታት ዘለውወን ፀጋታት ማይ ፀንቂቐን ክጥቀማ ብዝተቐመጠ ኣንፈት ክሳብ 60 ሚኢታዊ ናይቲ ቀዳማይ ዙር ዘልመዕዎ ስፍሓት መሬትዳግማይ ክልምዓ ትልሚ ብምሓዝ ናብ ተግባር ዝኣተዋ ኣለዋ። ብመሰረት እዚ ክሳብ 30 መጋቢት 2017 ዓ/ም ዘሎ ኣፈፃፅማ እንትርአ ድማ 13,076 ሄክታር ዝኣክል መሬት ብካልኣይ ዙር ልምዓት መስኖ ተሸፊኑ እዩ። እቲ ተሪፉ ዘሎ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ተፈፃሚ ከምዝኸውንን እቲ ዝተትሓዘ ትልሚ ከምዝብፃሕን ኣይተ ታደለ የረድኡ። ኣብ ካልኣይ ዙር 8,543 ደቂ ኣንስትዮ፣ 15,965 መናእሰይ፣ 27,580 ሓረስቶት ብድምርልዕሊ 52,088 ዝኣኽሉ ተጠቀምቲ ደጊሞም የልምዑ ኣለዉ። እዞም ኣካላት ልዕሊ 30 ሽሕ ኩንታል ማዳበርያንሸሞንተ ሽሕ ኩንታል ምሩፅ ዘርእንኣብ ጥቕሚ ኣውዒሎም እዮም። ስለዚ እቲ ናይ ቀዳማይ ዙር ልምዓት ስራሕቲ መስኖ ናህሩ ሓልዩ ክቕፅል ዝግብኦ እዩ።

ብሓፈሻ ሓረስቶት ትግራይ ዘለዉ መማርፅታት ማይ ብምጥቃም፣ ፍርያት ከሰስኑ ዝኽእሉ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ኣብ ምጥላብን ምትግባርን ዝተርኣዩ ብሉፃት ስራሕቲ ዝነኣዱ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ሰብ ሞያ ልምዓት መስኖ ኣብ ጎድኒእቶም ሓረስቶት ኮይኖም እታዎታት ክጥቀሙን ሞያዊ ድጋፍ ክረኽቡን ኣብ ምግባር ፍርያት መስኖ ዳግማይ ክሓውን መፍረያይነት ክስስንን ዝገበርዎ ዘለዉ ስራሕቲ መርኣያ ኣፈፃፅማ ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ 2017 ዓ/ም እዩ።ኣብዚ ዝተርኣዩ ክፍተታት ድማ ቀልጢፎም ክፍትሑ ዘኽእል ስራሕ ምስራሕ የድሊ። ብፍላይ ኣብ ቀረብ ምሩፅ ዘርእን ነዳድን ዘሎ ሕፅረት ብኣጋ ክፍታሕ፣ ተፈፃምነት ትልሚ ካልኣይ ዙር ልምዓት መስኖ ክዛይድን ህዝብና ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ዘፈርየሉ ኩነታት ክፍጠርን ዝተዋደደ ሰራሕ ይጠልብ።

ዝጨበጥናዮም ... ካብ ገፅ 3 ዝዞረ

ይተኣማመን። ካብ ሕሉፍ ድኽመታት ብምምሃር ንቐፃሊ ጉዕዞ ወሳኒ ምዃኑ ድማ ተቐሚጡ ኣሎ። ከምቲ ዝፍለጥ ዕድመ ግዝያዊ ምምሕዳር ንሓደ ዓመት ተናዊሑ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ኣብ ዝቕፅል ናይ ሓደ ዓመት ሓፂር ፃንሒቱ በብርብዒ ዓመት ዝፍፀሙ መደባት ብምሓዝ ቀዳምነት ንዝወሃቦም ጉዳያት ቀዳምነት ብምሃብ ክስራሕ ምዃኑ ተነፂሩ ኣሎ። ብፍላይ እቲ ሕዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ዝወለዶ ዓብዪ ጠለብ ህዝቢ ንምምላስ ብዝለዓለ ቆላሕታ ከምዝሰርሐሉ ህወሓት ይኹን ግዝያዊ ምምሕዳር ዝግንዘብዎ ሓቂ እዩ። ኣብዚ፤ ውድብና ህወሓት ነቶም መደባት ንምዕዋት ንፁር ኣንፈት ኣቕሚጡ ብዕቱብ ክሰርሕ ጀሚሩ ከምዘሎ ምግንዛብ ኣገዳሲ ኮይኑ ብዋናነት ድማ መሓውራት መንግስትን ውድብን ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር መላእ ህዝቢ ትግራይ፣ ኣባልን ኣመራርሓን መሪሕ ተራኦም ክዋፅኡ ዝለዓለ ትፅቢት ይግበረሎም።

ጥቕልል ኣቢልኻ እንትርአ፤ ሕዚ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝነበረ ፅልምትምት ዝበለን ኣዝዩ ዝኸፍአን ኩነታት ብምውፃእ ንምትዕርራይ ዕድል ዝሃበ ጥጡሕ ባይታ ይፍጥር ኣሎ። ኮይኑ ግና እቲ ዕድል እዩ ተረኺቡ እምበር እቲ ዘለናሉ መድረኽ ሕዚ እውን ኣዝዩ ከቢድን ፈታንን ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። እቶም ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽን ውድብና ህወሓት ንምጥፋእን ዓሊሞም ቀትርን ለይትን ዝሰርሑ ዝነበሩ ናይ ውሽጥን ደገን ሓይልታት ኣብ ቦትኦም እዮም ዘለዉ። ምኽንያቱ ነዚ ህዝቢ ከየስኮኑ፣ ንውድብና ከየጥፍኡ ኣይድቕሱን። ነዚ ንምስኻዕ ዝሓንፀፅዎ ፕላንን ዝኸድዎ ዘለዉ ርሕቐትን ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን። እቲ ሳላ ህዝባዊ ቃልስና ንግዚኡ ኣግሊሶ ዘሎ ፅግዕተኛ ሓይሊ እውን ኩሉ ዝከኣሎ ንምግባር ንድሕሪት ኣይብልን። እቶም “ኣለዉኒ” ዝብሎም ኩሎም ኣማራፅታት ሒዙ ኣንፃርና ምልዓሉ ኣይተርፍን። ብተግባር ዘርእዮን ዝገብሮን ዘሎ ምንቅስቓስ እውን ነዚ ሓቂ ዘራጉድ እዩ። ካብዞም ወድዓዊ ሓቅታት ተበጊስኻ ክርአ እንተሎ፤ እቲ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ዕድል ግዝ ከይሃብና እንተዘይተጠቐምናሉ ስዒቡ ካብቲ ዝሓለፈ ዝኸፍአ ሓደጋ ከጋጥመና ከምዝኽእል ንምግማቱ ዝኸብድ ኣይኮነን። ስለዚ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ጥጡሕ ባይታ ናብ ዕድል ብምቕያርን ንግዝያዊ ምምሕዳር ግቡእ ደገፍ ብምግባርን ውድብና መሊኡ ክድሕንን ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ሓደጋ ምሉእ ብምሉእ ክወፅእን ብዝለዓለ ፅንዓት ክንሰርሕ ይግብአና።

በዓል ዋና ታሪኽ ውድብና ሓፋሽ ህዝብና!!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ብኣተሓሳስባ ዝተቓነየ መፍረያይነት

ቁጠባዊ ዕብየት ሓንቲ ዓዲ ብቐፃልነት ክረጋገፅ እንተደኣ ኮይኑ ኣብ ዘፈር ሕርሻ ዝለዓለ ጠመተ ምግባር የድሊ። ብፍላይ ከም ትግራይ ኣብ ዝበላ ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ብሕርሻ ዝመሓደር ህዝቢ ዘለወን ዓድታት ነዚ ዘፈር ዝለዓለ ትኹረት ሂበን ክሰርሓ ትፅቢት ይግበረለን። ስለዝኾነ እውን እዩ እስትራተጂ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ "ድርቂ ዝፃወር ልምዓት ሕርሻ ንፍጠር" ዝብል ንፁር ፖሊሲ ተሓንፂፁ እናተተግበረ ዝፀንሐን ዘሎን። ስራሕቲ ልምዓት ዝዝምን ድማ ብዋናነት ኣብ ልምዓት መስኖ ብእንሰርሖስራሕን ብእነመዝግቦ መፍረያይነትን እዩ። ኣብ ፀቢብ መሬት ዝለዓለ መፍረያይነት ብምክያድውሕስነት ምግቢ ህዝብና ብምርግጋፅ በቢዓመቱ የጋጥም ካብ ዘሎ ድርቂ ዘውፅእ ስራሕ ልምዓት መስኖ ምስራሕ ግድን ይኸውን። ብመሰረት እዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ሓረስታይና ከባብያዊ ፀጋታት ማይ ተጠቒሙ ኣብ ዓመት ክልተን ሰለስተን ግዜ ዘልምዐሉ ኩነታት ንምፍጣር እናሰርሐ ይርከብ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ 2017 ዓ/ም ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ ትግራይ ዘሎ ኣፈፃፅማን ምድላው ካልኣይ ዙርን እንታይ ከምዝመስል ከምዝስዕብ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ስራሕቲ ልምዓት መስኖ 2017 ዓ/ም ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበሩ ብሉፃት ተሞክሮታት ተወሲዶም እዮም። ኣብ ክሊ ዝነበሩ ድኽመታት ብዝፈትሕ መንገድን "ፀጋታት መፍረያይነት ልምዓት መስኖ ፀንቂቕና ብምጥቃም ኣብ መስኖ ስግግር ነምፅእ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብናብ ተግባር ተኣትዩ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዘለዋ ከባቢታት 64,638ሄክታር ዝኣክል ስፍሓት መሬት ኣብ ቀዳማይ ዙር ብመስኖ ንምልማዕ ትልሚ ተታሒዙ ነይሩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለያ ወረዳታት ናብ 800 ሄክታር ዝኣክል ክለምዕ ዝኽእል ሓዱሽ ልምዓት መስኖ ክውስኻ ብምኽኣለን ብድምር 63052 ሄክታር (97 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ብዝተፈላለየ ዓይነታት ኣሕምልትን ፍራምረን ክሽፈን ተገይሩ እዩ። እዚ ኣፈፃፅማ ምስ ናይ ዝዓለፈ ዓመት ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ እንትነፃፀር ናይ 3000 ሄክታር ስፍሓት መሬት ወሰኽ ኣለዎ።

ኣብ መዳይ መፍረያይነት እንትርአ ድማ ካብ ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ ጥራሕ ካብ ሓደ ሄክታር ብማእኸላይ 130 ኩንታል ብድምር ድማ ትሽዓተ ሚልዮን ኩንታል ፍርያት ንምርካብ ትልሚ ተታሒዙ ነይሩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዘይካ ውሱናት ወረዳታት ፀብፃበን መሊኦን ዘይለኣኻ ካብ ሄክታር ብማእኸላይ 116 ኩንታል ፍርያት ዝተረኸበ እንትኸውን ብድምር ልዕሊ ሸውዓተ ሚልዮን ኩንታል ኣታዊ ኮይኑ እዩ። እተን ፀብፃበን ዘይለኣኻ ወረዳታት ወሲኽካ እንትርአ እቲ ተታሒዙ ዝነበረ ትልሚ ምሉእ ብምሉእ ክዕወት እዩ ዝብል ገምጋም ከምዘሎ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ልምዓት መስኖ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ሃይለ ታደለ ይገልፁ።

ኣብዚ 39,107 ደቂ ኣንስትዮ፣ 60,760መናእሰይ ከምኡ እውን129,590 ሓረስቶት ብድምር ናብ 229,457 ዝኣኸሉ መራሕቲ ስድራ ተጠቀምቲ ልምዓት መስኖ ኮይኖም እዮም። ኣብዚ ቀዳማይ ዙር ዝተርኣዩ ፅቡቓት ተሞክሮታት ድማ ኣለዉ። ሓደ፣ መናእሰይ ልምዓት መስኖ ከም ሓደ ዕድል ስራሕ ምኺኑ ብምግንዛብ ብስፍሓት ናብ ተግባር ምእታዎምን ተጠቀምቲ ይኹኑ ምህላዎምን እዩ።

ብክላስተር ዝለምዐን ዝፈረየን ሽጉርቲ

ብፍላይ ኣብ ዞባታት ምብራቕ፣ ደቡብን ደቡብ ምብራቕንዝለዓለ ተጠቃምነት መናእሰይ ዝተርኣየሉ እዩ። ኣብተን ካልኦት ከባቢታት እውን ቁፅሩ ዘይነዓቕ መንእሰይ ኣብ መሬቱ፣ መሬት ዘይብሉ ድማ ኣብ ናይ ወለዱን ተኻርዩን ዘልመዐሉ ኩነታት ምፍጣሩ ሓደ ፅቡቕ ለውጢ እዩ። ካልእ፣ ሓረስቶት ትግራይ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታትኣብ ምጥቃም፣ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ንምልማዕዘርእይዎ ዘለዉ ምንቅስቓሳትእውን ከምተሞኩሮ ዝውሰዱን ክስፋሕፍሑ ዝግብኦም ተግባራትንእዮም።

ካልእ ፅቡቕ ኣፈፃፅማ ዝነበሮ ኣብ ምጥቃም እታዎታት ዝምልከት እዩ። ኣብ 2016 ዓ/ም ልምዓት መስኖ ቀዳማይ ዙር ካብ ሓገዝ ዝተረኸበ ማዳበርያ ሓዊሱ ከባቢ 117,000 ኩንታል ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ነይሩ። ኣብ ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ 2017 ዓ/ም ግና ሓረስታይ ባዕሉ ኢድ ብኢድ ብምዕዳግ ናብ 136,449 ኩንታል ማዳበርያ ተጠቒሙ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ 24,734 ኩንታል ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምሩፅ ዘርኢ፣ ኣሕምልትን ቅመማ ቅመምን ኣብ ተግባር ውዒሉ እዩ። እዚ እውን ኣብ 2016 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ ካብ 14,000 ዘይሓልፍ ዝነበረ ጠለብ ምሩፅ ዘርኢ ኣብ 2017 ዓ/ም ብዝሐሸ ኣግባብዝዓበየሉ ኩነታት እዩ ምባል ይከኣል።

ብዋናነት ድማ ኣብ ንእሽተይ መሬት ዝለዓለ መፍረያይነት ኣብ ዝህቡ፣ ኣብ ስርዓት ኣመጋግባን ስነ መዓዛን ከምኡ እውን ኣብ ምርግጋፅ ውሕስነት ምግቢዝለዓለ ረብሓኣብዘለዎም ኣሕምልትን ቅመማ ቅመምን ቀዳምነት ሂቡ ብክላስተር ብምውዳብ ናብ ተግባር ተኣትዩ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብዚ ዓመት ብስፍሓት ክለምዑ ዝተመረፁ ኮሚደረ፣ ቀይሕን ፃዕዳ ሽጉርቲ፣ ጥቕል ሓምሊ፣ በርበረ፣ ድንሽን ድንሽ ሽኮርን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻድሻይ ብቕደም ሰዓብ ዝተቐመጡ እዮም። እቲ ዘሎ ኣፈፃፅማ እውን ነዚ ዝልዓለ መፍረያይነት ኣብ ዝህቡ ስርዓት ኣመጋግባን ስነ መዓዛን ዘተግበረን ናብ ውፅኢት ዘሰጋገረን ስራሕ እዩ። ብፍላይ መፍረያይነት ኮሚደረ ኣብ ምውሳኽ ብሞያ ምሕጋዝ፣ብመስመር ምዝራእን ምድጋፍንኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ፅቡቓት ምንቅስቓሳት ተራእዮም እዮም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ምትእስሳር ዕዳጋ እውን ክላስተር ማእኸል ዝገበረ ልምዓት መስኖ ብምትግባሩ ብዘይካ ኣብ ወረዳ ኣፍላ ክልተ ጣብያታት ኣብ ዝራሕቲ በርበረ ምዝንጋዕምግጣሙ ስዒቡ እዚ ዝበሃል ፀገም ዕዳጋ ኣይተርኣየን። እዚ ድማ ሓረስቶት ብክላስተር ብምዝርኦም ፍርያቶም ኣብ ሓደ እዋን ከልዕሉን ብሓደ መጓዓዝያ ናብ ዕዳጋ ከቕርቡን ኣኽኢልዎም እዩ።

ብመሰረት እዚ ሓረስቶት ብፍትሓዊ ዋጋ ዝሸጥሉን ተጠቃሚ እውን ብዝሐሸ ዋጋ ዝዕድገሉን ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ።ንኣብነት፣ ኣብ ኮሚደረ፣ ድንሽን ሽጉርትን ዘሎ ዋጋ እንተርአ ሓረስታይ ምስቲ ዘውፅኦ ጠቕላላ ወፃእታትን ጉልበትን ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ጠለብን ዋጋን ሚዛናዊ ምኺኑ እዩ። ብድምር ልምዓት መስኖ ኣብ ትግራይ ናይ ሞትን ሕውየትን ጉዳይ ምኺኑ ብምርዳእ ሓንቲ ከም ቁጠባዊ ፍልፍል ምኺኑ ምውሳዱ ዝሐሸ ኣተሓሳስባን ተግባርን ተፈጢሩ ከምዘሎ ኣይተ ታደለ የረድኡ።

ብካልእ ገፅ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ፅቡቓት ተሞክሮታት ከምዘለዉ ኮይኖም ዝተርኣዩ ጉድለታት ድማ ኣለዉ። ብፍላይ ኣብ ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ ሓረስታይ ትግራይ ብዝጠለቦ ልክዕ ክረክብ ኣይከኣለን። እዚ ፀገም ንምፍታሕ ምስ መቕረብቲ ምሩፅ ዘርኢ ዝኾኑ ውልቀ ነጋዶን ኢንቨስተራትን ብምውዳድ ብዝተወሰነ መልክዑ ንመቕላል እኳ እንተተፈተነ ነቲ ጠለብ ዝምልስ ግና ኣይኮነን። ብዘይካ እዚ ኣብዚ ዓመት ዝለዓለ ፀገም ኮይኑ ዝፀንሐን ሐዚ እውን ዝቕፅል ዘሎንሕፀረት ቀረብ ነዳዲ እዩ። ነዳዲ ዝጥቀማ ጀነሬተራት ብፍላይ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ዓብዩ ሕፀረት ስለዘጋጠመ ብሰንኪ እዚ ዝራእቶም ዝሓረሮም ገባራት ከምዘለዉን መሰረታዊ ፀገም ተገይሩ ዝለዓልን እዩ። ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ድማ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ይሰርሐሉ ዋላ እኳ እንተሃለወ ክሳብ ሐዚ ምሉእ ፍታሕ ዝተረኸበሉ ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ሕፀረት ነዳዲ ብኣግኡ እንተዘይተፈቲሑ ኣብ ልምዓት መስኖ ካልኣይ ዙር እውን ዕንቅፋት ክኸውን ስለዝኽእል መንግስቲ ልዑል ትኹረት ክገብረሉ ከምዝግብኦ የተሓሳስቡ።

ኣብዚ ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ 2017 ዓ/ም ቀልጢፎን ናብ ልምዓት መስኖ ብምእታውን ብዘለወን ኩለመዳይ ኣፈፃፅማን ብፅቡቕ ተሞክሮ ዝለዓላ ከባቢታት ትግራይ ተፈጢረን እየን። ንኣብነት፣ ኣብ ዞባ ደቡብ፣ ሰሜን ምዕራብን ደቡብ ምብራቕን ብፅቡቕ ኩነታት ከይዶም እዮም።ኣብ ዞባታት ምብራቕን ማእኸላይን ግና ቀሊጢፍካ ናብ ልምዓት ምእታውን እታዎታት ሕርሻ ኣብ ምጥቃምን ክፍተታት ነይርወን። ከምወረዳታት ድማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ፣ ኣስገደ፣ ራያ ዓዘቦን ራያ ጨርጨርን ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝበሃሉ መርኣያ ስራሕትን ፍርያትን ካብ ዝተመዝገበለን ከባቢታት ይጥቀሳ። ከምኒ ጭላ፣ እምባስነይቲ፣ ታሕታይ ኣድያቦ፣ ላዕላይ ፀለምቲ፣ ኢሮብ፣ ጉለመኸዳ፣ ጋንታኣፈሹም፣ ሕንጣሎ፣ ኣላጀ፣ ነቕሰገን ቦራን ዝኣመሰላ ወረዳታት ድማ ዝደሓራሉ ኩነታት ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መብዛሕቲኤን ከተማታት እውን ኣብ ልምዓት ከተማ ሕርሻ ብጣዕሚ ዝደኸመሉን ሰጢምካ ዘይምስራሕን ተራእዩ እዩ።

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ልምዓት መስኖ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ክለምዕ ከምዝግባእ ብዝሓዞ ዓመታዊ ትልሚ መሰረት ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣፈፃፅማ ቀዳማይ ዙር ብምግምጋም ናብ ልምዓት መስኖ ካልኣይ ዙር ኣብ ምስግጋር ይርከብ። ብመሰረት እዚ ኣብ ቀዳማይ ዙር ዝነበሩ ብሉፃት ተሞክሮታት ብምቕማርን ብምግፋሕን ከምኡ እውን ኣብ ኣፈፃፅማ ዝተርኣዩ ድኽመታት ዘወግድ ኣንፈት ኣቕሚጡ እዩ። ካልኣይ ዙር ኣብ ወርሒ መጋቢት ስለዝጅምር ኣብ እዋን ክረምቲ ዝመልኣ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

ዳግማይ ሕውየት ንተስፋ ፅባሕ!

ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ

ከምዝፍለጥ ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ (ትእምት) ሓደ ካብቶም ንምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ትግራይ፣ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር፣ ከምኡ እውን ንምትእትታው ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታትን ካልኦትን ዕላማ ገይሩ ዝተጣየሸ ህዝባዊ ትካል እዩ። ካብተን ኣብ ትሕቲኡ ዘጣየሸን ትካላት ዝርከብ እቶት ድማ ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ትግራይ ትኹረት ሂቡ ኣብ ምድጋፍ ይርከብ። ብዋናነት ኣብ ትሕቲ ፅላል ትእምት ብዝርከብ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣቢሉ ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣት፣ ጉዱኣት ኲናት፣ ደቂ ስውኣት፣ ከምኡ እውን ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝነብሩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብ ምሕጋዝ ቅድመ ግምባር ኮይኑ ይሰርሕ ምህላዉ ይፍለጥ። ካብዚ ብተወሳኺ ከምኒ ፍረምናጦስን ቤተ ኣቢዳራን ዝበሉ ማእኸላት መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማን ስነ ኣእምሮን ብዘለዎ ዓቕሚ ንዋታውን ገንዘባውን ደገፍ እናገበረ ይርከብ። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና እውን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ንማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ስነ ኣእምሮን ቤተ ኣቢዳራ ዝተገበረ ሓገዝ ኣመልኪትና ዘዋደድናዮ ፅሑፍ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ ኣብ 2007 ዓ/ም ብኣባ ገብረመድህን ኣብርሃ ዝበሃሉ ግዱስ ትግራዋይ ተመስሪቱ። ኣብ ከተማ ውቕሮ ኣብ ጎደና ተደርብዮም ዝነብሩ ኣርባዕተ ሕሙማት ስነ ኣእምሮ ብምልዓልን ብምሕብሓብን ድማ ስርሑ ጀሚሩ። እቲ ማእኸል ኣብ ክልተ ኣውላዕሎ ጣብያ በለሳ ኣብ ዝበሃል ኣብ ናይ ወሎዶም መሬት ዝተሰርሐ እንትኸውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዕሊ 171 መዕበዪ ዘይብሎም ህፃናት፣ ከምኡ እውን ጠዋሪ ዘየብሎም ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን እናሓብሐበን ግልጋሎት ሕክምና እናሃበ ይርከብ።

እቲ ማእኸል መሐብሐቢ ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ብርክት ዝበሉ ፀገማት እናጋጠምዎ ዝመፀ እንትኸውን ብዋናነት ነቶም ሕሙማት፣ ህፃናትን ኣረጋውያንን መዕቖቢ ዝኸውን ቦታ ኣብ ምርካብ ዝለዓለ ብድሆ ነይሩ። ኣብ ሕብረተሰብና ሕማም ስነ ኣእምሮ ብመርገም ዝመፅእን ካብ ፀበል ወፃኢ ብካልእ ክድሕን ከምዘይኽእልን ገይሩ ዝወስድ ኣተሓሳስባ ብሰፊሑ ብምህላዉ ነቶም ሕሙማት ኣእምሮ ወገናት ከፀግዕ ዝኽእል ማሕበረሰብ ኣብ ምርካብ ዝለዓለ ፀገም ክኸውን ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ብምኽንያት እዚ ድማ ካብ ከተማ ውቕሮ ልዕሊ ሰለስተ ኪሎ ሜትር ኣብ ዝረሓቐ ገጠር ካብ ናይ ወለዶም 2000 ካሬ መሬት ብምውሳድ መዕቖቢ ማእኸል ክሰርሑ ከምዝተገደዱ ምክትል ፕሮጀክት ማናጀርን ምምሕዳር ሓይሊ ሰብን ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ ኣይተ በርሀ ኣብርሃ ይገልፁ።

ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ ዋላ እኳ ብርክት ዝበሉ ፀገማት እንተሃለውዎ ነቶም ፀገማት ተፃዊሩ ኣብ ምሕብሓብ ጠዋሪ ዝሰኣኑ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ስነ ኣእምሮን ብዝኽኣሎ እናሰርሐ ይርከብ። እቲ ትካል ነቶም ፀገማት ንምፍታሕ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምውዳድ እናተንቀሳቐሰ ዝርከብ ኮይኑ ካብኣቶም ሓደ ድማ ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ (ትእምት) ብቐዳምነት ይጥቀስ።

ትእምት ብቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣቢሉ እቲ ትካል ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ደገፋት እናገበረ ፀኒሑ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ምምስራት እቲ ማእኸል ንህንፀት ዝኸውን ሓደ ሽሕ ኲንታል ሲሚንቶን ቆርቆሮን ደጊፉ እዩ። ድሕሪ ኲናት እውን ካብተን ዝርካበን እቶቱ ሰሊው ኣብ 2016 ዓ/ም ሓደ ሚልዮን፣ ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር መዲቡ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ምሕብሓብ እቶም ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ዝገብሮ ዘሎ እውንታዊ ደገፍ ተስፋ ዝሰኣኑ ወገናት ተስፋ ክረኽቡ ኣብ ልምዓት ዓዶም ብፅሒቶም ክፃወቱ ህዝባዊ ግቡኡ ይፃወት ኣሎ።

ብመሰረት እዚ በቲ ዝተገበረ ደገፍ ድርሁ ብምፍራይ ነቶም ተሓብሒብቲ ፍልፍል ምግብን እቶትን ክኸውን ዕላማ ዝገበረ ዝተሰርሐ ሸድ እኳ እንተሃለወ ዝኣተዋን ዝፈረያን ደረሁ የለዋን። ስለዚ ኣብዚ ዘሎ ክፍተት ብኣግኡ ክእረም ዝተመደበ በጀት ኣብ መዓልኡ ክውዕል ትኹረት ብምግባር ክስራሕ ይግብኦ ንብል። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ እቲ ማእኸል 171 ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕማም ኣእምሮን ካብ ዝወደቕዎ ኣልዒሉ ኣብ ምሕብሓብ ዝርከብ እንትኸውን እቶም ልዕሊ 95 ሚኢታዊ ሕማም ስነ ኣእምሮ ዘለዎም መናእሰይ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን እዮም። እዚ ማለት 60 ደቂ ኣንስትዮ፣ 90 ደቂ ተባዕትዮን 12 ህፃናትን ኣባፅሕን ሕሙማት ስነ ኣእምሮ እንትኾኑ እቶም ዝተረፉ ድማ ጠዋሪ ዘይብሎም ኣረጋውያንን ህፃናትን እዮም። እቶም ሕሙማት ኣእምሮ ኣብ መንገዲ ተደርብዮም ሕማም ኣብ ርእሲ ሕማም ዝውሰኹ፣ መካይንን ገዛውትን ዝሰብሩ ዝነበሩ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ገዛ ተኣሲሮም ዝሳቐዩ፣ ንቐረባ ቤተሰብ ክሳብ ምድፋር ዝበፅሑ፣ ዝፃረፉ፣ ቤተሰቦምን ጎረቤቶምን ዝርብሹን ካልኦት ሓደጋታትን የብፅሑን ነይሮም። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ኣኪብካ፣ እናሓብሐብካን ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ እናገበርካን ክሓውዩ፣ ዳግማይ ህይወት ክሰርዑ ምግባር ማለት ድማ ክንደየናይ መግለፂ ሰብኣውነትን ህዝባውነትን ምኳኑ ምርዳእ ዘፀግም ኣይኮነንን።

እቲ ትካል ካብ ዝምስረት ክሳብ ሐዚ 92 ሕሙማት ስነ-ኣእምሮ ዝነበሮም ወገናት ኣብቲ ትካል ብዝተገበረሎም ክንክንን ግልጋሎት ሕክምናን ድሒኖም ናብ ቤተሰቦም ከምዝተመለሱ ኣይተ በርሀ ይገልፁ። ይኹን እምበር እቶም ድሒኖም ናብ ቤተሰቦም ዝተመለሱ ሰባት ሐዚ ዘለውዎ ኲነታት ኣብ ምክትታልን ምፍላጥን ግና ዘይተሰርሐ ጉዳይ እዩ። ናይዚ ምኽንያት እቶም ወገናት ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ዝመፁን ስድርኦም ብቐረባ ክርከቡ ዘይምኽኣሎምን እንትኸውን ነዚ መፈፀሚ ዝኸውን በጀት ዘይምህላዉ ነቲ ፀገም ምኽንያት ከምዝኾና የረድኡ። ስለዚ ዳግማይ ሕውየት ኣርእዮም ናብ ስድርኦም ዝተሓወሱ ወገናት ህልው ኲነታቶም ምርኣይን ዳግማይ ንሕማም ከይቃልዑ ምክትታልን ግድን ስለዝኾነ ኣብዚ ዘሎ ክፍተት ቀልጢፉ ክእረም ዝግብኦ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ዝነበሮም ሕማም ስነ ኣእምሮ ዝተወሰነ ለውጢ ዘርኣዩ፣ ብሰንሰለት ካብ ምእሳር ወፂኦም ባዕሎም ምግቦም ዝበልዑ፣ መድሓኒቶም ዝወስዱ፣ ባዕሎም ዝሸኑን ነብሶም ዝሕፀቡን ሰባት ከምዘለዉ ተዓዚብና ኢና። ካብዚ ሓሊፉ ዝሐሸ ሕውየት ስነ ኣእምሮ ዘርኣዩ ወገናት ድማ ኣብ ምልዕዓል ሕሙማት፣ ምድላው ምግብን ካልኦትን ተዋፊሮም ነቲ ትካል ሓገዝቲ ዝኾንሉ ኲነታት ኣሎ።

ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ ብሰንኪ ዘለዎ ሕፅረት በጀት፣ እቲ ዘሎ መንበሪ ፀቢብን ኣብ ግድሚ ብምኳኑን ከምኡ እውን ሕፅረት ቀረብ ምግብን ስለዘለዎ ካብቶም ሐዚ ዝሕብሕቦም ዘሎ ወገናት ንላዓሊ ክቕበል ኣይከኣለን። ካብዚ ሓሊፉ ዝሓመሙን ዝሓወዩን፣ ህፃናትን ዓበይትን ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብርሉ ኲነታት ኣሎ። ከምኡ እውን እቲ መንበሪ ምሉእ ብምሉእ ብቖርቆሮ ጥራሕ ዝተሰርሐ ብምኳኑ ንሙቐትን ቁርን ዝተቓለዐ እዩ። ስለዚ እቲ ትካል ምችውነት ኣብዘይብሉን ፀቢብ ቦታን ዝሰርሕ ዘሎ ማእኸል ምኳኑ ምርዳእ ኣየፀግምን። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ትካል ካብ ከተማ ርሕቕ ዝበለ ብምኳኑ ዓብዪ ፀገም ቀረብ ማይ ኣለዎ። እቶም ተሓብሒብቲ ሽንቶምን ፍታኖምን ክቖፃፀርሉ ዝኽእል ዕድል የለን። በቢሰዓቱ ፍታን ዝወፅሉን ሰውነቶም ዝበላሸውሉን ኲነታት ኣሎ። ከምኡ እውን ናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎም ወገናት ዝጥቀምዎ መጠን መስተ ማይ ብዙሕ እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ነቶም ወገናት ዝውዕል ማይ ካብ ከተማ ውቕሮ እናተዓደገ ብዝመፅእ ናይ ቦጥ ማይ ብምኳኑ እኹል ኣይኮነን። ብምኽንያት እቶም ፀገማት ልዕሊ 250 ወገናት ናብቲ ማእኸል ንክኣትዉን ግቡእ ክንክን ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡን ተመዝጊቦም ሪጋ ሒዞም ኣብ ምፅባይ እኳ ዝርከቡ እንተኾኑ ክቕበልዎም ግና ኣይከኣሉን።

ካብዚ ብተወሳኺ ሰለስተ ሰብ ሞያ ሕክምናን ሓደ በዓል ሞያ ስነ ኣእምሮን ኣብቲ ትካል ግልጋሎት ይህቡ እንተሃለዉ ምስቶም ዘለዉ በዝሒ ሕሙማት እኹላት ኣይኮኑን። ብተመሳሳሊ ሕፅረት መድሓኒት እውን ናይቲ ትካል ፈታኒ ፀገም እዩ። ቅድም ክብል መንግስቲ ፊንላድ ምስ ማረት ብምትሕብባር ሓገዝ ቀረብ መድሓኒት ይገብረሎም እኳ እንተነበረ ኣብዚ ሐዚ እዋን ብምቁራፁ ንቀረብ ምግቢ ተመዲቡ ካብ ዝነበረ በጀት እናቖነስካ መድሓኒት ዝዕደገሉ ኲነታት ኣሎ። ብምኽንያት እዚ ድማ ቀልጢፎም ንክድሕኑ ዕድል ዝፈጥሩ ከምኒ ስጋ፣ ፀባን ካልኦት ተወሰኽቲ ሓይሊ ወሃብቲ ምግብታት ንምቕራብ ኣይተኻኣለን። ነቲ ፀገም ብምፍታሕ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ተዋዲዶም ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ እንትኸውን ብዋናነት ምስ ትእምት ስጡም ርክብ ከምዘለዎምን እቲ ትካል ዝገብረሎም ደገፍ ዋላ እኳ ነቲ ዘሎ ፀገም መሊኡ ዝፈትሕ እንተዘይኮነ ኣብ ምቅላል ግና ዝለዓለ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ የረድኡ።

ንእስቲ ኣለምፀሃይ ገብረሩፋኤል ቅድም ክብል ኣብ ስዑድ ዓረብ ተቖፂራ ትሰርሕ ከምዝነበረት ትገልፅ። ይኹን እምበር ኣብ ኣእምሮኣ ብዘጋጠማ ፀገም ጥዕና ተባሪራ ከምዝመፀትን ኢዳን እግራን ብሽንሽል ተኣሲራ ኣብ ገዛ ተዓፅያ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት እናተሳቐየት ከምዝነበረትን ትዝክር። ኣብ 2015 ዓ/ም ናብቲ ትካል ምስ ኣተወት ግና ብዝተገበረላ ክትትልን ግልጋሎት ሕክምናን ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝለዓለ ለውጢ ኣምፂኣ ኣብ ምሕጋዝ እቲ ትካል ትርከብ። መሊኣ ምስ ሓወየት ድማ ናብ ስድርኣ ተመሊሳ ሰለማዊ ናብራ ክትመርሕን ቤተሰባ ክትሕግዝን ተስፋ ከምዘለዋ ትዛረብ። ካልእ ኣብቲ ማእኸል እናተሓብሐበት ዝረኸብናያ ንእስቲ ሰላም ኣሰፋ እያ። ቅድም ክብል ኣብ ከተማ ውቕሮ ኣብ ጎደና ተደርብያ ትነብር ከምዝነበረት ትገልፅ። ንሳ ኣእምሮኣ ከምዘይትፈልጥ፣ ንወለዳን ከባቢኣን ትርብሽ ከምዝነበረት፣ ውላድ ከምዘለዋ እውን ከምዝተነገራ ገሊፃትልና እያ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብሰንሰለት ካብ ምእሳር ወፂኣ ዓርሳ ፈሊጣ ከምዘላን መሊኣ ምስ ሓወየት ድማ ናብ ውላዳን ቤተሰባን ክትከይድ ከምእትደልን ተረድአ።
ብድምር ማእኸል መሐብሐቢ ህፃናት፣ ኣረጋውያንን ሕሙማት ኣእምሮን ቤተ- ኣቢዳራ እዞም ፀገማት ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ተዋዲድካ ብምፍታሕ ኣብ መላእ ትግራይ ዘለዉ ጠዋርን መዕበዪን ዘይብሎም ኣረጋውያንን ህፃናትን፣ ከምኡ እውን ሕሙማት ስነ ኣእምሮን ብምቕባል ክሓውዩን መፍረያይ ዜጋ ክኾኑን ራኢ ሒዙ እናተንቀሳቐሰ እዩ። ነዚ ራኢ ንምዕዋት ትካል ምግባረ ሰናይ ትእምት ዝገብሮ ዘሎ ደገፍ ከጠናኽር፣ ካልኦት ውልቀ ሰብ ሃፍቲ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት መፅዮም ክርእዩ፤ ዘሎ ፀገም ክርድኡ፣ ኣሰር ትእምት ተኸቲሎም ደገፍ ክገብሩን ኣብ ምቅላል ኩሉ ኣእጃሙ ክዋፃእ ይግባእ።

ዓውደ - ትምህርቲ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

"ንመምህራን ዘይተኸብር ዓድን ኣብ ፀልማት ዝነብር ህዝብን ሓደ እዩ"

ዶ/ር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ

ኣብ ሓንቲ ሃገር ስርዓተ ትምህርቲ ብምዝርጋሕ ጥራሕ ለውጥን ልምዓትን ክተረጋግፅ ኣይትኽእልን። ብሉፅ ፖሊሲ ትምህርቲ ሒዝካ ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብኣግባቡ ዝፍፅም መስርሕን መሓውርን ምዝርጋሕ፣ ምክትታል፣ ምግምጋምን ምምራሕን ይጠልብ። ብቐንዱ ግና እቲ ዝዓበየ ሸኽሚ ኣብ መምህር እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ብሉፅ መምህር ብሉፅ ዜጋ እዩ ዘፍሪ። ብሉፅ ዜጋ ድማ ብልፅቲ ሃገር ይሃንፅ። ስለዝኾነ መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ብትምህርትን ፍልጠትን ዝደልደለ፣ ዘበናዊ ቴክኖሎጅን ኣተሓሳስባን ዝወነነ ማሕበረሰብ ኣብ ምፍጣር ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎም።

ብፍላይ ከምትግራይ ኣብ ዝመሰላ ብሰንኪ ኲናት ከቢድ ዕንወትን ጨፍጫፍን ዝተፈፀመን ዓድታት ቀልጢፈን ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ንምርግጋፅ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ልዑል ትኹረት ሂበን ክሰርሓ ግድን እዩ። ይኹን እምበር ኲለመዳይ ዕንወት ዝተፈፀመሉ ዘፈር ትምህርቲ ትግራይ ብብዙሓት ሕፅረታት እናተፈተነ ሰለይ ኣብ ምባል እዩ ዝርከብ። ብምኳኑ እውን መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ ብሰንኪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ዝበፅሖም ስነ ልቦናውን ቁጠባውን ሃሰያ ተፃዊሮም መንነታውን ሞያውን ግዴትኦም እናተዋፅኡ መፂኦምን ኣለዉን። ካብዚ ዝብገስ መምህርነት ርእሲ ኲሎም ሞያታት ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ንመምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ምትብባዕ፣ ኣፍልጦን ክብርን ምሃብ ንቐፃሊ ምዕብልትን ውሕስትን ትግራይ ንምህናፅ ኣብ ዝግበር ርብርብ ሓደ ስጉሚ ምኳኑ ብምእማን ፍሉይ መድረኽ ሽልማት ተዳልዩ እዩ። ናይ ሎሚ ትኹረት መደብና እውን ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ መድረኽ ኮይኑ ከምዝስዕብ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና።

እዚ ኣብ ትግራይ ብዓይነቱ ፈላማይ ዝኾነ ስነ-ስርዓት ሽልማት 28 መጋቢት 2017 ዓ/ም ኣብ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ዝተኻየደ ኮይኑ "ሽልማት ብሉፃት መምህራን ትግራይ ዘርኡ" ዝብል ስያመ ዝተውሃቦ እዩ። እቲ ሽልማት ኣብ መላእ ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ዘምህሩ መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ዝተወዳደርሉ ነይሩ። ብመሰረት ዝተቐመጡ ረቋሕታት ኣዝዮም ብሉፃት መምህራን፣ ኣመራርሓ ትምህርትን ኣብያተ ትምህርትን ተሸለምቲ ኮይኖም እዮም። መድረኽ ሽልማት ብሉፃት መምህራን ዘርኡ፣ ናይ ክብሪ ዶክተርን ኣምባሳደር ትምህርቲ ትግራይን ብዝኾነ ግዱስ ትግራዋይ በዓል ሃፍቲ ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ምሉእ ወፃኢታቱ ዝተሸፈነ እንትኸውን ምስቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይን ብምትሕብባር ዝተዳለወ እዩ ነይሩ።
ምክትል ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ኣካቢ ግዝያዊ ኮሚቴ ምልመላን ሽልማትን ኣይተ እስማዒል ዓብደራሕማን፣ "ትግራይና እትብህጎ ለውጢ ጋህዲ ኣብ ምግባር ወሳናይ ግደ ዝፃወትን መሃንዲስ ህንፀት ወለዶን ዝኾነ መምህር ንድኻሙን ልፍዓቱን ኣፍልጦን ሽልማትን ምሃብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ክብሪ ዘጎናፅፍ እዩ" ይብሉ። ኣብ ትግራይ ቅድመን ድሕረን ፅንተታዊ ኲናት ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝተመዝገቡን ዝምዝገቡ ዘለዉን ለውጥታት ብፅሒት ኣምበሳ ዝወስዱ መምህራንን ኣመራርሓ ኣብያተ ትምህርትን እዮም። ብፍላይ

ተሸለምቲ ብሉፃት መምህራን ትግራይ

ብሰንኪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ዘጋጠመ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገም ተፃዊሮም ኣብ ልዕሊኦም ንዝወረደ ፃውራ ወለዶ ናይ ምህናፅ ሓላፍነት፣ ሕድሪ ስውኣት ወለዶም፣ ኣሕዋቶምን ደቆምን ከይጠለሙ ናብዚ ዕለት እዚ ክንበፅሕ ስለዝገበሩ ንኲሎም መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ ዘለዎም ክብርን ናእዳን ወሰን ዘይብሉ ምኳኑ ኣገንዚቦም። ብተወሳኺ ድማ እዞም መምህራን ብሸዱሽተ መመልመሊ ረቋሕታት ማለት እውን ናይ ምምሃር ምስትምሃር ብቕዓትን ዝተረኸበ ለውጥን፣ ግልጋሎት ምኽሪ፣ ተወፋይነት፣ ሞያዊ ስነ ምግባር፣ ናይ ቀረባ ሰለስተ ተኸታተልቲ ሰሚስተር ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕን ብሞያ መምህርነት ዝተውሃበ ግልጋሎትን እዮም። ኣብ ትሕቲ እዚኦም ድማ 27 ኣናእሽቲ መዐቀንታት ተዳልዮም ክሳብ ሕድሕድ ኣብያተ ትምህርቲ ክወርዱ ብምግባር ከምዝተፈፀመ ኣረዲኦም።

ኣብቲ መድረኽ ሽልማት ዝተረኸበ ዶ/ር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ብወገኑ፣ "እዚ መድረኽ ሽልማት እንትነዳሉ ዝተፈለየ ትሕዝቶ ሃልዩና ዘይኮነስ ብዘለና ዓቕሚ መምህራንና ንምምስጋን እዩ። ንመምህራን ዘይተኸብር ዓድን ኣብ ፀልማት እትነብር ዓድን ሓደ እየን። ምኽንያቱ ዘይተምሃረ ወለዶ እንተሃልዩ ኣብ ፀልማትን ድኽነትን ዝነብር ህዝቢ ማለት ስለዝኾነ። ካብ ዓለም ኣርባዕተ ሰልጡናት ዓድታት ሓደ ዝነበርና ማሕበረሰብ ኢና" ይብሉ። እተን ሕዚ ኣብ ጠርዚ ምዕባለ ዘለዋ ዓድታት በቢእዋኑ ውድቀት ኣጋጢሙወን እዩ። እንተኾነ ግና ካብ ውድቀተን ተማሂረን ተሲኣን ሕዚ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ምዕባለ በፂሐን ከምዘለዋ ይገልፁ። ስልጣነ ኣኽሱም ግና ሓደ ግዜ ምስወደቐ ዳግም ኣይተስአን። ኣብ ዓለም መተዓዳደጊ ገንዘብ፣ ናውቲ ሕርሻ ኣብዘይነበረሉ ንሕና ናይ ባዕልና መበቆላዊ ጥበብን ስልጣነን ነይሩና። ሕዚ ደኣ ንምንታይ ንባዕልና ምኳን ስኢንና? ንባዕልና ዝኾን ኲዒትና እንበልዐሉ ቴክኖሎጂ ምፍጣር ንምንታይ ኣብዩና? ዝብል ሕቶ እንተሓቲትና ኣብ ትምህርቲ ስለዘይሰራሕና እዩ መልሱ። ስለዚ ኣብያተ ትምህርቲ ሃኒፅናን ንመምህራንና ክብሪ ሂብናን ዝተምሃረ ወለዶ ክንፈጥር ከምዝግባእ እዩ ዘተሓሳስቡ። ክቡር ዶ/ር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ብናይ ውልቆም ሰናይ ተበግሶ ኣብ ትግራይ ሸሞንተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምስራሕ ከምዝርከቡ እውን ዝፍለጥ እዩ።

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ ኣብ ዘስምዕዎ መደረ ድማ መምህራን ትግራይ ስሩዕ ትምህርቲ ናብ ትግራይ ካብ ዝተኣታቶ ጀሚሩ በቢግዚኡ ንዝተመዝገቡ ውፅኢታት ዘይትካእ ግደ እናተፃወቱ ከምዝመፁ የዘኻኽሩ፡ ብፍላይ በቲ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ኲለመዳያዊ ዕንወት ዝበፅሖ ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ንምቕናዕ መምህርነት ሞያዊ ግዴትኦም ስለዝኾነ ጥራሕ ዘይኮነስ ህንፀት ወለዶ ከምሓደ ኣካል እቲ ብሄራዊ ተጋድሎ ቆፂሮም ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ኲሉ ዓይነት ፀገም ተፃዊሮም ፀገም ማሕበረሰቦም ብትምህርቲ ንክፈትሑ ዝቃለሱ ዘለው ምኳኖም የረድኡ። ብተወሳኺ ድማ እዚ ቃልሲ ፍረ ንከፍሪ ኲሉ ዓይነት ፀገም ተፃዊሮም ዘምህርዎ ዘለዉ ተምሃራይ ትግራይ ዘላቒ ምስክር ፃዕሮም ከምዝኾነ ይገልፁ። እዚ ሽልማት መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ኣብ ትግራይ ዝተምሃረ ወለዶ ንክፍጠር ዝገብርዎ ዘለዉ ተጋድሎን ፃዕርን ኣበርቲዖም ንክቕፅልሉ፣ ማሕበረሰብና ንመምህራንን ሞያ መምህርነትን ግቡእ ክብሪ ንክህብ፣ ንምምስጋንን ኣፍልጦ ንምሃብን ዝተዳለወ እዩ። ንመምህራን ምምስጋን ናይ ሓደ መዓልቲ ተግባር ጥራሕ ዘይኮነ ኲሉ ግዜ ብዝተረኸበ ኣጋጣሚ ክግበር ዝግብኦ ተግባር ምኳኑ ብምግላፅ እዚ ሽልማት በብዓመቱ ከምዝካየድን "ሽልማት ብሉፃት መምህራን ዘርኡ" ተባሂሉ ንክስየም ማኔጅመንት ቢሮ ትምህርቲ ከምዝወሰነን የገንዝቡ። እዚ ድማ ኣምበሳደር ትምህርቲ ትግራይ ክቡር ዶ/ር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ኣብ ትምህርቲ ትግራይ ዝገብርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ንምምስጋንን ክብሪ ንምሃብን ዝዓለመ ምኳኑን ድማ የረድኡ።

ናይቲ ዕለት ናይ ክብሪ ጋሻ ፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ፣ "ኣብዚ መድረኽ ዝተረኸብኩም ኣካላት ንመላእ መምህራን፣ ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ ወኪልኩም ኢኹም። ኣብ ኲናት ትግራይ ብክባን ዕፅዋን ብከቢድ ዓፀቦ ከምዝሓለፍኩም ዝፍለጥ እዩ። ካብ ፅባሕ ውዕሊ ፕሪቶርያ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ ንስኹም ብዘይፈጠርኩምዎ ኲለመዳይ ቅልውላው ትግራይ ግዳይ ኮይንኩም ኢኹም። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ከቢድ ቅሳነት ዝኸልእ "ፅባሕ እንታይ ይፍጠር?" ንምግማት ዘፀግም ኩነታት ኮይንኩም ናይ ምምሃር ምስትምሃር ከይዲ ዕዉት ክኸውን ኲሉ ዝከኣለኩም ትገብሩን ስለዘለኹም ዘለኒ ኣኽብሮት ልዑል እዩ" ክብሉ ገሊፆም። መምህራን ትግራይ ልክዕ ከምቲ ካሊእ ሰራሕተኛ መንግስቲ ሕቶ ዉዙፍ ደመወዝን ተፃዋርነት ናህሪ ናብራን ከምዘለዎም ይፍለጥ እዩ። ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እውን ነዚ ንነዊሕ ግዜ ተወሲኑ ግን ከይተተግበረ እናተንከባለለ ዝፀንሐ ሕቶኦም ዘይተመለሰሉ ምኽንያት ብድልየት እንተይኮነስ ብዓቕሚ ምንኣስ ምኳኑ ኣብ ግምት ከእትዉ ከምዝግባእ ይገልፁ። እዚ ኮይኑ ግን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዓቕሙ ብዝፈቐዶ መሰረት ኣብ ምኽንያታዊ ግዜ ምላሽ ንምሃብ ኲሉ ዝከኣሎ ከምዝገብር ይሕብሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንመፃኢት ትግራይ ተስፋ ዘስንቐን ብሩህን ንምግባር ከምተጋሩ ኣብ ሓደ ክንረብብ ከምዝግባእ የተሓሳስቡ።

መምህር ዮሃንስ ብርሃነ ኣብ ከተማ ዓድግራት ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ መምህር እዮም። እዚ ሽልማት ቅድሚ ሕዚ ዘይነበረ እሞ ድማ ድሕሪ ኲናት ብዝተፈጠረ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ኣብ ከቢድ ኩነታት ኮይንካ ንምምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ንምትብባዕ ዝተገበረ ሽልማት ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ንቐፃሊ እውን ኣብ ወለዶ ትግራይ ፅቡቕ ስራሕ ንክሰርሑ ዘተባብዕን ዘለዓዕልን ዕዮ ገዛ ሒዞም ክኸዱን ዝገበረን መድረኽ ምኳኑ የረድእ። እቲ ዝተበርከተሎም ሽልማት ድማ ኣብ ኣጠቓላሊ መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ እውን እወንታዊ ፅልዋ እዩ ዝፈጥር። ስለዚ መምህራን ምርምርን ውፅኢትን ተምሃራይ ከማሓይሹ ኣብ ዝኽእሉ ስራሕቲ ተዋፊሮም ተወዳደርቲ ኮይኖም ኣብዚ መድረኽ እዚ ተሸለምቲ ንክኾኑ ሓቦን ንሒን ዘስነቐ ምኳኑ ይሕብር።

ኣብቲ መድረኽ፣ ሽውዓተ ብሉፃት መምህራንን ሽውዓተ ብሉፃት ኣመራርሓ ትምህርትን ናይ ገንዘብ፣ ምስክር ወረቐትን ፅዋዕን ሽልማት ተበርኪቱሎም እዩ። ብተወሳኺ ድማ 83 ብሉፃት መምህራንን 69 ብሉፃት ኣመራርሓ ትምህርትን ናይ ገንዘብን ምስክር ወረቐትን ሽልማት ዝተውሃቦም እንትኾን ንሸውዓተ ጥሮታ ዝወፁ መምህራን (ካብ ዞባ ሓደ) ናይ ዕድመ ዘመን መምህራን ሽልማት ኣጎናፂፉዎም እዩ። ብኻሊእ መዳይ ኣብ ምስልጣንን ምፍራይን መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ ልዑል እጃም ዘበርከታ 10 ትካላት ትምህርቲ እውን ወረቐት ምስክር ኣፍልጦን ምስጋናን ተዋሂበን እየን። ኣብቲ መድረኽ ላዕለዎት ኣመራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ካብ ኲለን ወረዳታትን ከተማታትን ዝመፁ ኣመራርሓ ኣብያተ ትምህርቲ፣ መምህራን፣ ተምሃሮ፣ ኣመራርሓ ማሕበር መምህራንን ማሕበር ወለዲ ተምሃሮ ትግራይን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም እዮም።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ዶክተር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ምስቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይን ብምትሕብባር ዘለዓለዉዎ መድረኽ ሽልማት ብሉፃት መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ትግራይ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዓብዪ ትርጉም ዘለዎን ዝነኣድን ተግባር እዩ። መምህራን ትግራይ ከምህዝቢ ኣጋጢሙና ዘሎ ኲምሪ ፈተናታት ከይበድሆም ኣብ ምህናፅ መፃኢ ወለዶ ንዘበርከትዎ ልዑል ኣበርክቶ ብሄራዊ ኣፍልጦ፣ ክብሪ፣ ምስጋናን ሽልማትን ምሃብ በቢዓመቱ ንክካየድ ምውሳኑ ድማ ንካልኦት ሞያታትን ዓውደ ስራሕን እውን እወንታዊ ፅልዋ ዘሕድር ምኳኑ ምርዳእ ይከኣል። ብፍላይ ከዓ ብሞያኻ ንህዝብኻ እንተሰሪሕኻ፣ እንተፅዒርካን ብቕንዕናን ትግሃትን እንተኣገልጊልካን ህዝባዊ ክብርን ምስግናን ጥራሕ ዘይኮነ ሽልማት እውን ዘውህብ ምኳኑ ዘመላኸተ መድረኽ እዩ። ስለዝኾነ ካልኦት ሰብ ሃፍቲ ተጋሩን ትካላትን እውን ኣሰር ዶ/ር ዘርኡ ገ/ሊባኖስን ቢሮ ትምህርትን ክስዕቡን ንብሉፃት ሰራሕተኛታት ሰብ ሞያን ትካላትን ኣፍልጦ፣ ክብሪ፣ ምስጋናን ሽልማትን ክህቡ ይግባእ ንብል።

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ምልሻ ኣፅቢ

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ዕሱብ ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ ኣብ 2013 ዓ/ም በቶም ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅቢ በብግዚኡ እናተዘበጠ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕሙ ከምዝደኸመ፣ ተስፋ ምስቖረፀ ሮዖኡ ጠቕሊሉ ካብ ወረዳ ኣፅቢ ንውቕሮ ከምዝሃደመን። ድሕሪ 13 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም እቶም ጀጋኑ ምልሻታት ንከተማ ኣፅብን ከባቢኡን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሮም ብምእታው ቓልሶም ከምዝቐፀሉን ኣብ ዝሓለፈ ምግላፅና ይዝከር። ንሎሚ ድማ ናይቲ መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾነ ምልሻን ህዝብን ወረዳ ኣፅቢ ተጋድሎ ብኸምዚ ይቕፅል።

ካብ ስዕረትን ውርደትን ሰራዊት ኤርትራ ክማሃር ዘይከኣለ ዓምቧኽ ሰራዊት ብልፅግና ብግዲኡ ንሰራዊት ሻዕብያ ተኪኡ ናብ ወረዳ ኣፅቢ ንምእታው ምድላው ገበረ። ናይ ፅንተት ተልእኹኡ ንምፍፃም ዘኽእሎ ዕጥቅን እኹል ሓይሊ ሰብን ሒዙ ካብ ኣጉላዕ ተበጊሱ ብሓይቂ መሳሕል ኣቢሉ ናብ ወረዳ ኣፅቢ ንምእታው 20 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ክንቀሳቐስ ጀመረ። ምልሻታት ኣፅቢ ብኣባላት ስርዒት (ክርቢት) ከምኡ እውን ብተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣቢሎም ኩነታት ፀላኢ ዝምልከት ሓበሬታ እናሓዙ ካብ ምፅናሕ ግና ኣይሰነፉን። ፀላኢ ናብ ከባቢኦም ይንቀሳቐስ ከምዘሎ ዝተረድኡ ምልሻታት ኣፅቢ፤ ምስ ከምኦም ዝበሉ ጀጋኑ ምልሻታት ፅራእ ወምበርታ ብምትእስሳር ብዝተወደበን ዝተናበበን ኣገባብ ፀላኢ ንምምካት ነናይ ባዕሎም ተልእኾ ሒዞም ክምክቱ ብዝከኣሎም ኩሉ ምድላው ገበሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ፀላኢ ኣፅዋሩን ሓይሊ ሰቡን ኣዋዲዱ ብሓይቂ መስሓል ገይሩ ናብ ጣብያ እንዳማይኖ ዝበሃል ቦታ ሰተት ኢሉ ኣተወ። ምልሻታት ኣፅብን ፅራእ ወምበርታን ኣብ ዝጥዕሞም መሬት ዓዶም ዓሪዶም ተፀበዩ። ሳይንስን ወታደራዊ ጥበብን ብዝተመልአ መንገዲ ተመሳሲሎም ኣድብዮም ብምፅናሕ ብዘይሓሰቦን ዘይገመቶን ኣንፈታት ሓዊ ሚሊሻታት ኣፅቢ ፈሰሶ። ወራሪ ሰራዊት ብልፅግና ብዝሓዞ ኣፅዋርን ሓይሊ ሰብን ተኣማሚኑ ክዋጋእ ፈተነ። ይኹን እምበር ንበርቃዊ ውቅዒት ምልሻታት ኣፅብን ፅራእን ፈፂሙ ክፃወሮ ኣይከኣለን። ፈትዩ ክሳብ ዝፀልእ ተዘበጠ። ሰራዊት ብልፅግና ዝሞቱን ዝቖሰሉን ሰራዊቱ እናበርከተ ምስመፅ ዓቕሉ ፀበቦ። ኣብዚ ግዜ ናብ ዝመፃ ክወፅእ እውን ምሒር ተፀገመ። ብዓይኒ ዕሙተይ ዝተሓዝ ሒዙ ዝተረፉ ቑስላቱ ፅዒኑ ንድሕሪት ሃደመ። ብፍርሕን ራዕድን ጭርኡ ደጉሉ ምስሃደመ ከይሓሰቦ ኣጉላዕ ሰጊሩ በለስ ኣብ ዝበሃል ቦታ ክሕዝ ተገደደ። ፀላኢ ምውትን ቁስልን ኮይኑ ስዕረት ተጎልቢቡ ካብ ምህዳሙ ብተወሳኺ ኣብዚ ውግእ ሓንቲ ፓትሮልን ሓንቲ ብሬንን ብሕቡር ቅልፅም ጀጋኑ ምልሻታት ክልቲኡ ወረዳ ተማሪኸን ተወሳኺ ዓቕሚ እቶም ሚሊሻታት ኮነ።

ሰራዊት ብልፅግና ኣብቲ 20 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ዝተኻየደ ውግእ ከቢድ ስዕረትን ክሳራን ስለዝበፀሖ ሕነኡ ንምፍዳይን ናብ ኣፅቢ ንምእታውን ዓሊሙ ዘሎን ዘየሎን ሰራዊቱን ከበድቲ ኣፅዋራትን ኣኻኺቡ ኣንፈታት ኣስፌሑ 26 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንካልኣይ ግዘ ተመልሰ። ፀላኢ ትልሙ ንክዕወት ኣማስዩ ናብ ሓይቂ መሳሕል ተፀጊዑ ሓደረ። ምልሻታት ኣፅቢ ግና "ኣብ ዕላማኻ ፅኒዕኻ ምእንተ ህዝብኻን ግዝኣታዊ መሬትካን ምስዋእ ክብርን መግለፂ ትግራዋይነትን እዩ" ካብ ዝብል ፅኑዕ እምነቶም ፈተኽ ኣይበሉን። ኣብ ልዕሊኡ ሕድሪ ቃል ኣሚንን ካልኦት ሰማእታትን ንዘይምዕባር ድርብ ሓላፍነት ክስከሙ ቃል ኣትዮም እዮም። ግን ድማ በብግዚኡ ብመስዋእትን መቑሰልትን ዝተወሰኑ ጀጋኑ ስለዝተፈለይዎም ሓይሊ ሰቦም ምስ ናይ ፀላኢ ክመጣጠን ኣይከኣለን። እዞም ጀጋኑ ኣብ ልዕሊ ምውሓዶም ካብ ሓንቲ ብሬንን ብረት ክላሽንን ወፃኢ ንፀላኢ ዝምክትሉ ካልእ እኹል ዕጥቂ ኣይነበሮምን። ሰብ ፀላኢ ዝሓዞ ወተሃደራዊ ኣፅዋርን ሓይሊ ሰብን ምስ ዓቕሚ ምልሻታት ኣፅቢ ፈፂሙ ዝመጣጠን ኣይኮነን። ትብዓትን ፅንዓት ዝወነኑ ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅቢ ግና ህዝቦምን መሬቶምን ንዘይምድፋር ኣብ ዕላመኦም ፀኒዖም መስዋእቲ ከፊሎም ዓዶም ከውሕሱ ቆረፁ። ዘጋጠመ ሕፅረት የጋጥም ብዝርከባ ምስ ሽሖ ሰራዊት ብልፅግና ፊት ንፊት ክተሓናነቑን ሕድሪ ተጋዳላይ ቃልኣሚን ከየዕብሩን ግን ቃልኪዳን ኣትዮም'ዮም።

ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅቢ ንስውእ ተጋዳላይ ቃልኣሚን ካብ ዘለዎም ዝለዓለ ክብርን ናእዳን ዝብገስ እታ ቦጦሎኒ ኣቕዲሞም ብሽሙ ክትፅዋዕ ዝገበርሉ ምኽንያት ኣለዎም። ተጋዳላይ ቃልኣሚን ክፍሊ ህዝቢ ኮይኑ ናብ ወረዳ ኣፅቢ ምስተመደበ ሓደ መዓልቲ ብፀላእቲ ተኸበበ። ኣብ ኢዱ ናይ ብዙሓት ኣባላት ስርዒት ሽምዝርዝርን ናይቲ ውድብ ምሽጥራዊ ሰነዳትን ኣብ ኢዱ ሒዙ ነይሩ። ፀላኢ ሃንደበት ምስ ከበቦ ነቶም ኣባላት ስርዒት ንምድሓን፣ ውድባዊ ምሽጥር ኣሕሊፉ ንፀላኢ ንዘይምሃብን ንዘይምምራኽን ክብል ነቲ ዝሓዞ ምሽጥር ብምቅፃል ብናይ ባዕሉ ሽጉጥ ገይሩ 18 ሰነ 1973 ዓ/ም ታሪኽ ሰሪሑ ኣብ መሬት ኣፅቢ ወምበርታ ብኽብሪ ዝሓለፈ ጅግና ምንባሩ ተጋዳላይ ግርማይ ገብረሚካኤል (ወዲ ዓላ) የዘንቱ። ካብቲ ብቃላት ዘይግለፅ መስተንክራዊ ስርሒቱን ጅግንነቱን ተበጊሶም እዮም ሕድሩ ንዘይምዕባር ኩሎም ኣባላት እታ ቦጦሎኒ ብሽም ቃል ኣሚንን ካልኦት ሰማእታትን 'ቃል' ኣትዮም ብፅንዓት ዝተቓለሱ። እቲ ካብ ቃል ኣሚን ዝወረስዎ ታሪኽን ጅግንነትን እውን ኣብ ባዕሎም ተሓፂሩ ኣይተረፈን። መብዛሕትኦም ኣባላት ምልሻ ንኣካለ መጠን ዝበፅሑ ደቆም ኣጋዲሎም ኣካል ህዝባዊ መኸተ ክኾኑ ገበሩ። እዞም መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾኑ ኣባላት ምልሻ ስያመ ቃልኣሚን ዓቲሮም ምስ ደቆም ኣብ ሓደ ዕላማ ተሰሊፎም ቃልሶም ቀፀሉ። ፀላኢ ናብ ከባቢኦም ይንቀሳቐስ ከምዘሎ ምስተረድኡ ዝተውሃቦም ተልእኾ ንምፍፃም ተዳለዉ። ሕድሕድ ሓይሊ ነናይ ባዕለን ቦታን ኣንፈትን ተነፂሩ ክወሃበን ተገበረ። ካብዚ ብምብጋስ ሕድሕድ ውዳበ ብሰረት፣ ብዕምቆት፣ ብኣፅቢ፣ ብምችኣል እምባ ዝበሃሉ ከባብታት ወሳኒ ቦታ ሒዘን ክምክታ ንደቒቓኳ ኣዕንተን ስልም ከየበላ ተዳለዋ።

ፀላኢ፤ 26 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንጉሆ ከባቢ ሰዓት 11:00 ኣብ ሓይቂ መሳሕል ውግእ እንትጀምር ብደብዳብ ብኸበድቲ ኣፅዋር 'ዩ ጀሚርዎ። ምልሻታት ኣፅቢ ብኸበድቲ ኣፅዋራትን በዝሒ ሰራዊትን ድምብርፅ ኣይበሉን። ብዕስለ ንዝመፆም ወራሪ ከከም ኣመፃፅኡ ክርግፍዎ ጀመሩ። ሽዑ ፀላኢ ዝከኣሎ ኩሉ ፈቲኑ ስለዘይከኣለ ከይፈተወ ኣብ ዘለዎ ደው በለ። ወራሪ ሰራዊት ብልፅግና ኣብ ሓይቂ መሳሕል ምስተጠቕዐ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ 29 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንባርካ ዓዲ ሰብሓ ዝበሃል ከባቢ ቦታ ኣስፊሑ ሓዞ። እንደገና ሓይሉ ኣኻኺቡ ብዕጥቅን ከበድቲ ኣፅዋራትን ተጠናኺሩ ተዋገአ። ኣብ እዋን እቲ ውግእ ተወሰኽቲ ከበድቲ ኣፅዋራትን ሽሖ ሰራዊትን እናኽተተ ተፅዕኖ ምፍጣር ጀመረ። ምልሻታት ወረዳ ኣፅቢ ኣብዚ ውግእ ብፅንዓትን ጅግንነትን ተኳሸሑ። ኣብዚ ውግእ፤ ውሱናት ኣባላት ብመስዋእትን መቑሰልትን ጎደልዎም። ንኣስታት ክልተ መዓልቲ ለይትን ቀትርን ተዋጊኦም ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ከቢድ ክሳራ ኣብፀሑ። ኮይኑ ግና ብሓይሊ ሰብን ኣፅዋርን ክመጣጠኑ ስለዘይኸኣሉ ክንሳሕቡ ተገደዱ። ብድሕሪ እዚ ፀላኢ ንከተማ ኣፅቢ ሓደ ጥሪ 2013 ዓ/ም ተቖፃፀረ። ወራሪ ሰራዊት ሻዕብያ ብወገኑ ምልሻታት ኣፅቢ ምስ ሰራዊት ብልፅግና ይዋግኡ ከምዘለዉ ምስኣረጋገፀ ነዚ ከም ዕድል ተጠቒሙ ሓደ ጥሪ 2013 ዓ/ም ብዘይውግእ ናብ ደራ ከምዝኣተወ ተጋዳላይ በርሀ ይገልፅ።

ገለ ክፋል ውዳበ ምልሻታት ኣፅቢ ኣብ እዋን መኸተ

ሓደ ጥሪ 2013 ዓ/ም ሰራዊት ብልፅግና ንከተማ ኣፅብን ከባቢኡን ድሕሪ ምሓዙ ምልሻታት ኣፅቢ "ፀላኢ ተረጋጊኡ ክፀንሕ የብሉን" ብምባል ኣብ ሓደ መደምደምታ በፅሑ። "ፀላኢ ክውቃዕ ኣለዎ" ዝብል ሕቶ መብዛሕትኡ ምልሻ ኮነ። ገለ ውሑዳት ድማ ፀላኢ ምስዘለዎ በዝሒ ሰራዊትን ዘመናዊ ኣፅዋርን ተዛሚዱ ፊትንፊት ምግጣም ኣይከኣልን በሉ። እቲ ክኾን ዘለዎ ቀስ ብቀስ ገሌና እናሸሎኽና፣ ገሌና ብድብያ ንፀላኢ እንተነዳኽም የሓይሽ በሉ። 'ንውቃዓዮ' ዝብል ሓሳብ ምስ ዓብለለ ምልሻታት ኣፅቢ ነዚ መደምደምታ ስምምዕ ሒዞም ሒዘምዎ ካብ ዝነበሩ ከባቢ ዛሬማ ብፀልማት ተጓዒዞም ፀላኢ ናብ ዘለዎ ከባቢ ተፀጊዖም ሓደሩ። ኣብዚ ዝነበረ ጥምየት፣ ድኻምን ከም ድቃስ ዝበሉ ካልኦት ፈተንቲ ፀገማት ምፅዋር ልሙድ መግለፂ ናይዞም ጀጋኑና ነይሩ። ነዚ ኹሉ ተፃዊሮም ንፀላኢ ሰለስተ ጥሪ 2013 ዓ/ም ሰዓት 10:00 ወጋሕታ ኣብ ዙርያ ከተማ ኣፅቢ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከፈትሉ። ኣብ ሓፂር ሰዓታት ውሽጢ ፀላእቶም ቀጥቂጦም የማን ፀጋም ዕግርግር ኣበልዎም። ኮይኑ ግና እቲ ግጥም ቀሊል ኣይነበረን። ፀላኢ ኩሉ ሓይሊ ሰቡን ኣፅዋራቱን ተጠቒሙ ክዋጋእ ብምኽኣሉ ብቐሊሉ ክለቅቕ ኣይከኣለን። ሽዑ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ሰፍ ዘይብል ሰብኣዊ ክሳራ ብምብፃሕ ኣጋ ወጋሕታ ከባቢ ዝተሰውኡን ዝቖሰሉን ኣባላቶም ሒዞም ናብ ዝነበርዎ ከንሳሕቡ ተገደዱ።

ምልሻታት ኣፅቢ ድሕሪ ሰለስተ ጥሪ 2013 ዓ/ም ኣብ ሓደ ምርድዳእ በፅሑ። ልፍንታውያን ሓይልታት በዝሒ ሰራዊት ከም መድፍዕ፣ ታንኪ፣ ዙ- 23፣ ሞርታር፣ ድሽካን ካልኦት ኣፅዋራትን ምስዘለዎም ፀላእቲ ፊትንፊት ገጢምካ ከንቱ ዋጋ ምኽፋል ኣየድልን። እንታይ ዳኣ ፀላእቲ ክንቀሳቐሱ እንተለዉ ብድብያን ፀረ መጥቃዕትን ንኽዳኽምዎም ኣብ ምርድዳእ በፅሑ። እቶም መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾኑ ምልሻታት ኣፅቢ ካብዚ ተበጊሶም ስድረኦምን ናብረኦምን ራሕሪሖም ወረርቲ ንምምካት ኣብ በረኻታት ካብ ዝዕርዱ ኣስታት ሰለስተ ወርሒ ገይሮም ኣለዉ። ሓይልታት ፅንተት መሊኦም ክሳብ ዝሰዓሩ ዝጀመርዎ ቃልሲ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ጥምየት፣ ፃምእ፣ ቁርን ሃሩርን ካልኦት ፈተንቲ ዝኾኑ ባዕላውን ተፈጥሮኣውን ፀገማት እውን ኣካል እቲ ቓልሲ ገይሮም ተቐበልዎ። ንኹሉ ተፃዊሮም ለይትን ቀትርን ኩነታት ፀላኢ እናፅንዑ ንፀላኢ ኣብታ ከም ከብዲ ኢዶም ዝፈልጥዋ መሬት ዓዶም ከበብዎ። ካብ እዋን ናብ እዋን ብፍርሕን ስግኣትን ከምዘይንቀሳቐስ ገበርዎ። ኣብ ክብሪት ዝተመደቡ ኣባላት ምልሻ ብወገኖም ተመሳሲሎም ናብ ጓጓ ፀላኢ ብምእታው ብጅግንነት ተዋጊኦም በብግዚኡ ፀርፀር ክብል ገበርዎ። ፀላእቲ ግና ኣብ ዝተቖፃፀርዎ ከባቢ ኮይኖም ንፁሃት ወገናት ንምቕታል ባዕሎም ብዝትኩስዎ ድምፂ ጥይት በብ መዓልቱ ካብ ምብህራርን ምድንጋፅን ዓዲ ኣይወዓሉን። በዚ መንገዲ እዚ ንልዕሊ ወርሕን ክልተ ሰሙንን ህዝቢ እናሳቐዩ ደቂ ኣንስትዮ እናዓመፁ ተቐመጡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ፀላኢ ብሓደ ሓደ ስነ- ልቦና ትግራዋይ ዘይተዓደሉ ንኸብዶም ዝሓድሩ ዕሱባት እናምረሐ ኣብ ልዕሊ ኣንስቲ ምልሻን መላእ ህዝቢ ወረዳ ኣፅብን ብዙሕ ግፍዒ ምፍፃሙ ቐፀለ። ገሊኦን ኣንስቲ ምልሻ ብፀላእቲ ተኣሲረን ሰብኡነን ሰብ ልኢኸን ካብ በረኻ ከእትዎኦም ተሓቲተን ብዙሕ ተገረፉ። ማእለያ ዘይብሉ መግረፍቲ እናበፅሐን እንተሎ ግና "ኣነ ተፋቲሐ ዝሓደርኩ እየ፤ ሰብኣይ የብለይን" ብምባል እዘን ኣንስቲ ጀጋኑ ዝኾና ዋዕሮታት ንፀላኢ ኣቕበፅኦ። ገሊአን ድማ ገዝአን ዓፅየን ስድረአን ሒዘን ብለይቲ ካብ ኣፍ ፀላኢ ዘምልጣሉ ኩነታት ክፈጥራ ተገደዳ። ካብዚ ተበጊሱ ፀላኢ በቶም ባንዳታት እናተመርሐ 32 ዝኣክል ገዛ ምልሻታት ምስ ምሉእ ንብረቱ ኣቃፂሉ፤ ሃፍቲ እንስሳቶም ሓሪዱ በሊዑ፤ ይጠቅም እዩ ዝበሎ ንብረት ብምውራር ዝፈፀሞ ገበን ብቓላት ኣይግለፅን። ብኹነታት ጥዕናን ብዝተፈላለየ ካሊእ ምኽንያት በረኻ ዘይወፁ ኣብ ዝነበሩ ምልሻታት እውን ፀላኢ በቶም ባንዳታት እናተመርሐ ብረቶም ከረክቡ ጎስጓስ ኣካየደ። ኣብዚ ኸይዲ እዚ ፀላኢ ብዝፈጠሮ ፅዕንቶ ምኽንያት ሓደ ሓደ ስግኣት ዝሓደሮም ብረቶም ከረክቡ እንተለዉ ገሊኦም ድማ ብናይ ህዝብን ብናይቶም በረኻ ዝነበሩ ምልሻታትን ኣባላት ክርቢትን ፅዕንቶ ብረቶም ክሓብኡ ተገደዱ። ብጥቆማ ባንዳታት ተታሒዞም ንኸረክቡ ብዙሕ ግፍዒ እናበፅሖም "ኣረኪብናዮ ኢና" ብምባል ከሓዱ። ገሊኦም ድማ ምስ ከምኦም ዝበሉ ምልሻታት ኾይኖም ንምቅላስ ወሲኖም ብፀልማት ወፅዮም ናብ ምልሻታት ኣፅቢ ተፀምቢሮም ተወሳኺ ዓቕሚ ኮኑ።

ምሽጥር ካብ ምዕቃብ ጀሚሩ ፅንዓትን ትብዓትን ዝተመልአ ጅግንነት ምልሻታትን መላእ ህዝብን ወረዳ ኣፅቢ ንፀላኢ ሕማም ርእሲ ኾኖ። ካብዚ ተበጊሶም ተስፋ ዝቖረፁ ልፍንታውያን ወረርቲ

ናብ ገፅ 15 ይዘውር

መጋባእያ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሰፍሲ ሕጊ ዝወለዶ ደግሲ

ኣይተ ካልኣዩ ኣሰፋ
ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን ትግራይ

ተሳተፍቲ ዋዕላ ምክልኻል ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት

ኣብ ትግራይ ጎዳእቲ ልምድታትን ግጉያት ባህላዊ እምነታትን ንምጥፋእ ካብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ጀሚሩ ብዙሓት ስራሕ እናተሰርሑ መፂኦም እዮም። ብፍላይ ውድብ ህወሓት ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ብዛዕባ ጎዳእትን ድሑራት ባህላዊ ልምድታት ሕብረተሰብ ግንዛበ ከዕቢ ብዙሕ ኣስተምህሮ ይህብ ከምዝነበረ ይንገር። ንኣብነት፣ ባርያ፣ ጥንቆላ፣ ግርዛት ደቂ ኣንስትዮ፣ ቡዳ(ጠቢብ) ወዘተ ዝብሉ ግጉያት ባህላዊ እምነታት ኣብ መንጎ ተፈጥሮኣዊ ማዕርነት ሰባት ዝተሰሓሓተ ሚዛን ዝህብን ዝኸፋፍልን ኣረኣእያ ንምጥፋእ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ብዙሕ ሰሪሑ እዩ። ብርግፅ እውን ብዙሕ ለውጢ ኣምፂኡ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ንዘበናት ከምባህልን ልምድን እናተወራረሱ ዝመፁ ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን ከሳብ ሕዚ መሊኦም ኣይጠፍኡን። እኳደኣስ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝደግስሉ ኩነታት ተፈጢሩ ከምዘሎ ካብ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላኽት።

ኣብ ትግራይ ጉዳይ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ግጉያት ኣተሓሳስባታትን በቢግዚኡ ተኸታታላይ ኣስተምህሮን ክትትልን ዝጠልብ ምዃኑ ብምግንዛብ መንግስቲ ትኹረት ሂቡ እናሰርሐሉ መፂኡን ኣሎ። ኣብዚ መዳይ ብዙሓት ኣካላት ልኡኽ ሒዞም ዝሰርሑ እኳ እንተኾኑ ብዋናነት ግን ብቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ዝዕመም ዘሎ ምዃኑ ምግንዛብ ይከኣል። ካብዚ ብምብጋስ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ምስማሕበረ ቁጠባዊ ጎንፅታት ብፍላይ ከዓ ድሑራት ባህላዊ ልምድታትን ግጉያት እምነታትን መበገሲ ገይሮም ዝለዓሉ ጎንፅታት ኣመልኪቱ ኣብዚ ዓመት ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ኣካይዱ እዩ። እቲ ዳሕሳሳዊ መፅናዕቲ ብዋናነት ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ዝተኻየደ ኮይኑ ብፅሑፍን ሰነዳዊ ፊልምን ዝተደገፈ ነይሩ። ነዚ መሰረት ገይሩ ድማ ካብ ኩለን ዞባታት፣ ክልል ኣብያተ ዕዮ፣ ኣካላት ፍትሕን ፀጥታን ዞባን ክልልን ትካላት ሃይማኖትን ሲቪክ ማሕበራትን ካብ ነበርቲ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ካልኦት መዳርግትን ዝተወከሉ ኣካላትን ሓለፍትን ኣብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ክልላዊ መድረኽ ኣሳሊጡ እዩ። ንሎሚ እምበኣር ኣብቲ ዝተሳለጠ ክልላዊ መድረኽ ዝተልዓሉ ሓሳባት ከምዝስዕብ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ከምቀንዲ ልኡኹ ገይሩ ካብ ዝዓሞም ስራሕቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ማሕበራውን ባህላውን ኩነታት መበገሲ ገይሮም ዝለዓሉ ጎንፅታት ምክልኻልን ምእላይን እዩ። እዚ ድማ ምስድሑራት ጎዳእቲ ልምዲታት፣ ከባብያውነት፣ ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ወዘተ ተዛሚዶም ንዝለዓሉ ጎንፅታት ዘጠቓልል እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ኣብ ዕለታዊ ማሕበራውን ባህላውን መስተጋብር ሕብረተሰብ ነንባዕሉ ክዓነፅን ክጠቓቓዕን ምኽንያት ዝኾኑ ጎዳእቲ ልምድታት፣ ግጉያት ኣተሓሳስባታትን ባህላዊ እምነታትን ንምክልኻል ብዙሓት ስራሕቲ ይስርሑ እዮም። በቢከባቢኡ ዘለዉ ዝንባለታት እናተፀንዑ ዝተፈላለዩ ግንዛበ መዕበዪ መድረኻት ተዳልዮም ኣስተምህሮታት ዝወሃበሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ኮይኑ ግን እዞም ካብ ድሑር ኣተሓሳስባ ዝብገሱ ጎዳእቲ ልምድታትን ግጉያት ባህላዊ እምነታትን መሊኦም ክቕረፉ ኣይከኣሉን።ብፍላይ ከዓ ኣብ ቀረባ ዓመታት ናይ ድግሲ ተርእዮታት ኣለዉ።ንኣብነት፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወረዳ ሕንጣሎ ክሳብ ህይወት ምጥፋእ ዝበፅሐ ጎንፂ ተፈጢሩ ከምዝነበረ ይዝከር።

ነዚ መሰረት ብምግባር ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ብድሑር ባህላዊ ልምድታትን ግጉያት እምነታትን ዝለዓሉ ጎንፅታት ንምክልኻልን ንምእላይን ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ። ብፍላይ ከምደግሲ ዝረኣየሎም ኣብዘሎ ወረዳታት ሕንጣሎን እንደርታን ሰፊሕ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ኣካይዱ እዩ። ነቲ ዝተገበረ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት 2017 ዓ/ም ምስዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት መድረኽ ዘተ ኣዳልዩ ሰፊሕ ምይይጥ ገይሩ። ኣብቲ መድረኽ ዝቐረበ መፅናዕቲ ከምዘመላኽቶ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብፍላይ ምስኢደጥበበኛታት ተዛሚዱ ቅድም ክብል ኣብ ዝነበሩ ድሑራት ስርዓታት ዝነበረ ግጉይን ድሑርን ኣተሓሳስባ ሕዚ እውን ይደግስ ምህላዉ እዩ።

ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ወረዳታት ሕንጣሎን እንደርታን ብማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ምኽንያት ኣብ ዝለዓሉ ጎንፅታት መሰረት ገይሩ ዘካየዶ ውፅኢት ዳህሳስ ንዘተ ቀሪቡ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ብሰንኪ ድሑራት ባህላዊ እምነታትን ኣተሓሳስባታትን ብርክት ዝበሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ግዳይ ዝተፈላለዩ ጥቕዓታት ይኾኑ ከምዘለዉ የቐምጥ። ብፍላይ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎን እንደርታን ክሳብ ጎንፂ ዝበፅሐን ሕይወት ሰባት ዝጠፍኣሉን ኩነታት ኣሎ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ብሰንኪ ሞያዊ ክእለቶም (ኢደጥበበኛታት ብምዃኖም) ብሕብረተሰብ ክግለሉ፣ ጥቕዓት ክበፅሖምን ካብ መረበቶም ክፈናቐሉን ዝተገደዱ ከምዘለዉ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት። ስለዝኾነ ድማ እዞም ወገናት ውሕስንኦም ክሕሎን እቶም ድሑራት ባህላዊ እምነታት ክውገዱን እንተኾይኖም ብዝተዋደደ ፃዕሪ ክስራሕ ከምዘለዎ ኣቐሚጡ እዩ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ካልኣዩ ኣሰፋ፣ ነቲ መድረኽ ዘተ ንምኽፋት ኣብ ዘስምዖ መደረ ብሰንኪ መሊኡ ዘይተቐረፈ ድሑር ኣተሓሳስባ ብዙሓት ወገናት ካብ መረበቶም ይፈናቐሉ፣ ንብረቶም ይዓኑ፣ ኣካሎም ይጎድልን ሂወቶም ይስእኑን ከምዘለዉ ይገልፅ። "መዛግብቲ ታሪኽ ትግራይ ሰኒዶም ዘለዉ ሓቂ ትግራይና ብኢደ ጥበብ፣ ስነ-ፅሑፍ፣ ሙዚቃን ስነ ህንፃን ካብተን ሐዚ ኣናብር ማእኸላይ ምብራቕ ተባሂለን ብኹለ መዳያዊ ምዕባለ ኣብ ምግስጋስ ዘለዋ ሃገራት ዝሐሸትን ተመሳሳሊ ደረጃ ዝነበራን ምዃኑ የዘኻኽር። ኮይኑ ግና ብሰንኪ ድሑር መስፍናዊ ስርዓት ጉዕዞ ገስጋስ ምዕባለን ስልጡን ፍልስፍናን ትግራይ ተጎስዩ ንድሕሪት ተመሊሱ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ናይ ድሕረትን ድኽነትን ጉዕዞ ተቐይዱ ድሕሪ ምፅናሕ ብቓልሲ ደቂ ህዝቢ ዝተረኸበ ዓወት እቲ ከይዲ ክቕየርን ዳግም ተስፋ ክርአን ጀሚሩ ነይሩ" ይብል። ሰብ ሞያ ዝኽበሩሉን ዋጋ ድኻሞም ረኺቦም ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ዝሪኡሉን ኩነታት ተፈጢሩ እኳ እንተነበረ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ነቲ ክጠፍእ ተቓሪቡ ዝነበረ ንሰብ ሞያን ኢደ ጥበባውያንን ዘቆናፅብን ዘነኣእስን ኣተሓሳስባ ዳግም ሂወት ክዘርእ ተራእዩ እዩ። ብሰንኪ እዚ ድማ ወገናትና ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉ ከገድዶም ምጅማሩ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ፣ ተወዲብካ ክኹነንን ክስተኻኸልን ዝግብኦ ምዃኑ የረድእ።

ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ብወገኖም "እዚ ንሰብ ሞያ ኢደ ጥበብን ካልኦት ጠቓምቲ ስራሕቲ ንህዝቦም ንዘበርክቱ ወገናትን ዝግበሩ ባህላውን ልማዳውን ፅዕንቶታትን ቅሉዕ በደላትን ናይ ኩላትና ትኹረት ዘድልዮን ብኣጋ ክፍታሕ ዘለዎን ፀገም እዩ" ብምባል ይገልፁ። ብተወሳኺ ድማ ዋላ እኳ ዘለናሉ ህሉው ኩነታት ዝተማልአ ፍትሒ ንምስፋን ናይ ባዕሉ ውሱንነት ዘለውዎ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ እዞም ወገናት ዝፍፀሙ ዘለዉ ገበናት ግና በታ ዝርካባ ዓቕሚ መንግስትን ህዝብን ኣቢልካ ብዘይስግኣት ዝንቀሳቐስሉን ሰሪሖም ዝነብሩሉን ውሑስ ከባቢ ክህልዎም ምግባር ግቡእ ኩሎም ኣካላት ፍትሒ ምዃኑ የገንዝቡ። ብፍላይ እዞም ብድሑር ባህላዊ ልምድታት ግዳይ ዝተፈላለዩ መጥቃዕቲ ዝኾኑ ዘለዉ ወገናት ብዝተዋደደ ፃዕሪ ውሕስንኦም ክሕሎ ክስራሕ ከምዝግባእ ኣስሚሮምሉ እዮም።

ኣይተ ብርሃኑ ተስፋይ ኣብቲ መድረኽ ዘተ ካብ ዝተሳተፉ ነበርቲ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ሓደ እዮም። ከምኣገላልፃ ኣይተ ብርሃኑ፣ ኣብ መንጎ ተፈጥሮ ሰባት ኣፈላላይ ዝፈጥር ግጉይ ባህላዊ እምነት ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ከቢድ ፀገም የስዕብ ከምዘሎ የረድኡ። ስለዝኾነ ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ኣብያተ እምነታት ፅዑቕ ኣስተምህሮ ክህቡ ከምዝግባእን እዚ እንተዘይተገይሩ ግና ነንባዕልኻ ዘጓንፅ ኩነታት ክይፍጠር ስግኣት ከምዘለዎም ይገልፁ። "እከለ ከምዚ እዩ፤ እከለ ከምዚ ገይሩ" እናተብሃለ ኣብ ልዕሊ ኢደጥበበኛታት ጥቕዓት ዝበፅሕ ዘሎ ካብ ድሑር ባህላዊ እምነት ዝብገስ ብምዃኑ ነዚ ንምእራም መንግስቲ ብፍላይ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ሰፊሕ ስራሕ ክሰርሕ ከምዘለዎ የተሓሳስቡ።

ካሊእ ኣብቲ መድረኽ ዘተ ካብ ዝረኸብናዮም ተሳተፍቲ መስራትን ኣቦ ወንበርን ማሕበር ኢደ ጥበበኛታት ትግራይ ዝኾነ መንእሰይ በርሀ ኣብርሃ እዩ። እዞም ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ግጉያት ድሑራት እምነታትን ንኣስታት ሸውዓተ ምኢቲ ዓመታት ገንጊኖም ዝፀንሑ ምዃኖም፣ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት ግና ምምሕያሽ ተራእዩ ከምዝነበረ ይገልፅ። እዚ ከምማሕበረሰብ ናብ ውድቀት ዝዳርግ ተግባር ውሽጢ ውሽጢ እናደገሰ ይኸይድ ስለዘሎ ትኹረት ሂብካ ንዘተ ምቕራቡ ትኽክል ከምዝኾነ የገንዝብ። ድሑር ባህሊ እንትብሃል ብመንፅር ዘስዕቦ ፀገም ይፈላለ እዩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ኢደ ጥበበኛታት ዝበፅሕ ዘሎ ጥቕዓት ግና ዓልየት ከምዓልየት ዘጥፍእ ቤተሰብ ዝብትን ከምሕብረተሰብ ድማ ነንባዕሉ ክባላዕ ዝገብር ሓደገኛን ፀረ ሰብኣውነትን ዝኾነ ኣነዋሪ ተግባር ብምዃኑ ልዑል ትኹረት የድልዮ። ብፍላይ "መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ጣልቃ ኣይኣቱን፤ ሃይማኖት እውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ኣየእቱን" ዝብል ቅንፁል ሓሳብ ብምሓዝን ከምሽፋን ብምጥቃምን ንጭቡጥ ጥቕዓታትን ዝንባለታትን ሸለል ምባል ከምዘሎ እዚ ከዓ ነቲ ተግባር ዘበኣእስ ምዃኑን ብኣጋ ክእረም ከምዝግባእን ድማ ይሕብሩ። ኣብቲ መድረኽ ብጉጅለ ዳህሳስ ዝተዳለወ ሰነዳዊ ፊልምን መፅናዕታዊ ፅሑፍን ዝቐረበ ኮይኑ ተሳተፍቲ ነናይ ባዕሎም ሓሳብን ርኢቶን ብምሃብ ብቐፃልነት ኣብ ምክልኻል ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ክስርሑ ብዛዕባ ዝግብኦም ስራሕቲ ብምዝርራብ ኩሉ ኣእጃሙ ክወስድ ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ እዩ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብድሑር ኣተሓሳስባን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ኣብ ልዕሊ ሰባት ዝፍፀሙ ገበናት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኹ ዝኸዱሉ ኩነታት ኣሎ። እቲ ዝቐረበ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ከምዘመላኽቶ እውን ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ብፍላይ ከዓ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ጣብያ ሓረቖ እቲ ኣተሓሳስባ ኣንሳእሪሩ ብምህላዉ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ወገናት ጥቕዓት ክበፅሕ ክኢሉ እዩ። ካብዚ ዝብገስ እውን ገዝኦም ሓዲጎም ዝተመዛበሉ ስድራን ዓልየትን ከምዘለዉ ኣብቲ መድረኽ ተሓቢሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ነዞም ድሑራት ጎዳእቲ ኣተሓሳስባታትን ልምድታትን ንምቕራፍ ካብ ምዕባይ ግንዛበ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ፈፀምቲ ገበን ሕጋዊ ተሓታትነት ምርግጋፅን ፍትሒ ምስፋንን ትኹረት ምግባር ወሳንነት ኣለዎ። በቢከባቢኡ ዘለዉ ኣካላት ፍትሒ ፀጥታን ምምሕዳራትን እውን ካብቲ ሕሉፍ ተማሂሮም ህይወት ወገናት ንምድሓንን ከባብያዊ ሰላም ንምሕላውን ሓላፍነቶም ብኣግባቡ ክዋፅኡ ይግባእ።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

ድምፂ ዘይብሉ ኲናት!

ኣብ ዝሓሰብናዮ ቀልጢፍና ክንበፅሕ ቀስ ኢልና ንኺድ!!

ካብ ከተማ ዓዲግራት ተበጊስካ ጎቦ ዓለቛ እንትትወፅእ መብዛሕቲኦም ከባቢታት ምብራቕ ከለል ኢሎም እዮም ዝረኣዩ። እቶም በብከባቢኡ ንመሬት ዝተቖነቱ ዝመስሉ ፅርግያታት እንትትርኢ ውድብ ህወሓት ካብ በረኻ ጀሚሩ "ትግራይ ብመንገዲ ዓይኒ ዓራት ክንገብራ ኢና" ዝብል ጭርሕኡ ተግባራዊ ንምግባር ዝኸዶ ርሕቐት ዝያዳ ጎሊሁ ይረኣየካ። ከምውፅኢቱ እውን ፀለምቲ ፅርግያታት፣ ፀፀር መንገዲ ይኹን ብሕብረተሰብ ዝተሰርሑ ንመጓዓዝያ ዘገልግሉ መንገዲታት ኣብ ዝተፈላለየ ገጠር መሬት ትግራይ ተቐኒቶም ይረኣዩ። እዚ ውልቀ ትዕዝብተይ ካብ ምጉላት ክሳብ ዓድዋ፣ ምፍልላይ፣ ማይቅነጣል፣ ዕዳጋ ዓርቢ፣ ሓውዜን፣ ዓብዪ ዓዲ ብምኽንያት ስራሕ እንትጓዓዝ ዝረኣኹዎም መንገድታት እዮም።

ዝርገሐ መሰረተ ልምዓት መንገዲ ካብ ድሕንነት ተሳፈርትን ተሽከርከርትን ፈሊኻ ስለዘይረአ ኣብዚ ጉዳይ ዘለኒ ትዕዝብቲ ውሱን ክብል። ብርግፅ ኣብ መንገደይ ብዘይካ ውሱናት እዚ ዝበሃል ዝረኣኽወን በዝሒ ዘለወን ተሽከርከርቲ ኣይነበራን። ካብዚ ዝብገስ እቲ እንጓዓዘሉ ዝነበርና ፀሊም ፅርግያ ንነዊሕ ሰዓታት ፀረው ዝበለ እዩ ነይሩ። ነዚ ብዙሓት ምኽንያታት ምጥቃስ ዝከኣል እኳ እንትኾነ፤ እቲ ዝዓበየ ግን ሕፅረት ነዳዲ እዩ። ኣብ ክሊ እዚ ፀገም ካብ መናሃርያታት ሰብ ፅቓቒጠን እናፃዓና ዝወፃ በዝሒ ተሽከርከርቲ ግን ቁፅረን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብዘን ቁፅረን ዘይነዓቓ ተሽከርከርቲ ዘሎ ድሕንነት ግን መሰከፊ እዩ። ኣብነት ንምጥቃስ 20 መጋቢት 2017 ዓ/ም ካብ ከተማ ነበለት ናብ ዕዳጋ ዓርቢ ትኸይድ ዝነበረት ሓንቲ ሚኒባስ፤ ኣብ ጣብያ ዕዳጋ ሓሙስ ፍሉይ ቦታ ኩሕላ ኣብ ዝበሃል ምስሲኖትራክ ፊትንፊት ተላቲማ ንሓደጋ ተቓሊዓ እያ። ኣብ ውሽጢ እታ ምኒባስ ዝነበሩ ሓሙሽተ ተሳፈርቲ ሽው ንሽው እንትሞቱ 13 ወገናት ድማ ከቢድን ቀሊልን ጉድኣት በፂሕዎም እዩ። እዚ ሓፈሻዊ ትዕዝብተይ ኮይኑ በብጊዜኡ ከበድትን ቀለልትን ሓደጋታት ትራፊክ ምርኣይን ምስማዕን ግን ዝተለመደ እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ንኽትሰምዖም ዘሰንብዱ ሓደጋታት ትራፊክ በብመዓልቱ ይበራኸቱ ኣለዉ።

መበገሲ እዞም ዝበራኸቱ ዘለዉ ሓደጋታት ነታ ምኒባስ ዝዓይነታ ዝተሰፈርኩላ መኪና ይገንሕ ንዝነበረ መንእሰይ ኣብ መንጎ ዕላልና ሓቲተዩ ነይረ። ተሳፈርቲ ከዕርፍ ደው ካብ ዝበለላ ቦታ ንእሽተይ ግልስ ኢልና ኣብ ዝነበረ ፅላል ኮፍ ምስበልና እዩ ዕላሉ ቀፂሉ። እቲ ዝዓበየ ክፍተት ኣብ ገናሕቲ መኪና ዘሎ ጥንቃቐ ዝጎደሎ ኣገናንሓን ኣብ ሰብ ዋና ተሽከርከርቲ ዘሎ ንተሽከርከርቲ ብእዋኑ ምርመራ ዘይምግባርን ምኧኑ እዩ ገሊፁለይ። ገናሕቲ መኪና ነቲ ዝኸድዎ ቦታን መንገድን ኣብ ሓፂር ግዜ ንምብፃሕን ክንደይ ገንዘብ ከምዝረኽቡን እምበር ዝፀዓንዎ በዝሒ ሰብን ናህሪ ጉዕዞኦምን ኣየገናዝቡን። ስርዓት ክኽብሩ ዝግበኦም ኣባላት ትራፊክ ፖሊስ እውን ጥብቕ ክትትል ኣብ ዘይምግባርን ንዘጥፍኡ ኣብ ክንዲ ብሕጊ ምቕፃዕ ጉቦ ተቐቢልካ ምስዳድን ከምዘሎ እዩ ገሊፁለይ።

እዚ ድማ ከቢድ ዋጋ እናኸፈለና ዝመፀ ብገንኡ ክእረም ዘለዎ ተግባር እዩ። ነዚ መርኣዪ ዝኮነና ፀብፃብ ትሽዓተ ወርሒ 2017 ዓ/ም ከምዝገልፆ፤ 619 ሓደጋታት ትራፊክ ኣጋጢምዎም እዩ።" ካብዚኣቶም እቶም 248 ወገናት ካብ ዝወፈርዎ ከይተመለሱ በቲ ሓደጋ ህይወቶም ስኢኖም እዮም። 440 ወገናት ድማ ቀሊልን ከቢድን ጉድኣት ኣካል በፂሕዎም ግዳይ ስቓይን መከራን ምኧኖም የመላኽት። እዚ ማለት እቶም ወገናት ብሃንደበታዊ ሓደጋ ትራፊክ ምኽንያት ዓዲ ውዒል ኮይኖም ሽኽሚ ቤተሰብን ማሕበረሰብን ክኾኑ ተገዲዶም እዮም። እዚ ብህይወትን ኣካላዊ መጉዳእትን ዘጋጠመ ኮይኑ ኣብ ሕድሕድ ተሽከርከርቲ ወይ ንብረት ዝበፅሕ ዕንወት ናብ ገንዘብ ክቕየር እንተሎ ክንደይ ሃፍቲ ይባኽን ከምዘሎ ምግማቱ ኣይኸብድን።

ነዚ እውን እዩ ሓደጋ ትራፊክ "ድምፂ ዘይብሉ ኲናት" ዝብል ዘለኹ። እዚ ኣዝዩ ዘሰንብድ ቁፅሪ ብሰንኪ ናህሪ ምሽክርካር ዝፍጠር ዘሎ ሓደጋ እዩ። ነዚ ሓደጋ ሞትን ጉድኣትን ዝኾነ ዘሎ ናህሪ ምሽክርካር ንምቁፅፃር ሓዱሽ ደንቢ ትራፊክ 557/2016 ዓ/ም ተግባራዊ ምግባር ከምዝተጀመረ ተሓቢሩ ኣሎ። ብወገነይ እቲ በብግዚኡ ዘጋጥምን ዝረአን ዘሎ ስርዓት ኣልቦ ዝኾነ ናህሪ ዝተመልአ ጉዕዞ ገናሕቲ መኪና፤ ገንዘብ ንምርካብን ንምህፍታምን ዓሊሙ ካብ ኣጉል ስስዐ ዝብገስ ብምኧኑ ነቲ ዝወፀ ሓዱሽ ደምቢ ተግባራዊ ምግባር ሓደ መፍትሒ እዩ። እቲ መሰረታዊ ግን በብመዓልቱ ብሰንኪ ሓደጋ ትራፊክ ዝጠፍእ ዘሎ ህይወት ከብቕዕን ክቕንስን እንተኾይኑ ግንዛበ ገናሕቲ መኪናን መላእ ሕብረተሰብን ክዓቢ ምግባር መማረፂ የብሉን። ምኽንያቱ በዓል ዋና ዝኾነ ሕብረተሰብ ዘየሳተፈ ቁፅፅር ፖሊስ ትራፊክ ውፅኢት ስለዘይህልዎ ነቶም ዝረኣዩ ዘለዉ ፀገማት መሰረት ገይርካ ግንዛበ ኣብ ምዕባይ ክስራሕ ኣለዎ።

ናኤል ባና
ካብ ዕዳጋ ዓርቢ

መርኣያ ፅንዓትን ... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ትሽዓተ ለካቲት 2013 ዓ/ም ካብ ወረዳ ኣፅቢ ጠቕሊሎም ክወፁ ተገደዱ። ምልሻታት ኣፅቢ ፀላኢ ምስወፀ ንምክልኻል ካብ ዝሓዝዎ በረኻታት ዓዶም ተመሊሶም ምስ ህዝቦም ንምርኻብ ጊዜ ኣይወሰደሎምን። ካብ ምርኻቦም ብተወሳኺ መበል 46 ዓመት በዓል 11 ለካቲት 2013 ዓ/ም ብድምቀት ምስ ህዝቦም ከምዘኽበርዎ ተጋዳላይ በርሀ የረድእ። ኣብዚ ፈታኒ እዋን መኸተ መላእ ህዝቢ ወረዳ ኣፅቢ ለይትን ቀትርን ከይበለ ብዝወደበን ዘይተወደበን መንገዲ ኣብ ጎድኒ ምልሻታቱን ሰራዊት ትግራይን ጠጠው ኢሉ ክሳብ ድፋዕ እናኣተወ ስንቂ ኣቕሪቡ እዩ። መውጋእቲ ንዘጋጠሞም ኣባላት ምልሻን ሰራዊት ትግራይን ብጨው ሓፂቡ ሓኪሙ። በብዝኽእሎ ንውጉኣት ፀባ፣ እንቁላሊሕ፣ መዓር ይኹን ካልኦት ነገራት ቀሪቡ ኣላዒልዎም እዩ። ህዝቢ ወረዳ ኣፅቢ ምሽጥር ዓቂቡ ነቲ መኸተ ኣብ ምዕዋት ሓደ ኮይኑ ተቓሊሱ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ። ፀላኢ ናብቲ ወረዳ ቅድሚ ምእታዉ ኣብ ዝነበሩ ውግኣት ዝተማረኸ ብረት፣ ጥይት ዝተፈላለዩ ቁምቡላታትን ርክባት ሬድዮን ከም ህዝቢ ሓላፍነት ወሲዱ ተቐቢሉ ፀላኢ ንከይረኽቦ ኣብ ትሕቲ መሬት ቀቢሩ ከምዝሓበአ ተጋዳላይ ገብረማርያም የዘንቱ። እዚ ኹሉ ብምሽጥር ተዓቂቡ ንኽፀንሕ ዝገበሮ ቃልሲ ክትዕዘብ እንተለኻ 'ህዝቢ ወረዳ ኣፅቢ መርኣያ ፅንዓትን' ትብዓትን መላእ ህዝቢ ትግራይ ምኧኑ ትርዳእ።

ሓቦን ፅንዓትን ህዝቢ ወረዳ ኣፅቢ በዚ ኣየብቀዐን። ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅብን ኣባላት ሰራዊት ትግራይን 10 ለካቲት 2013 ዓ/ም ናብቲ ወረዳ ድሕሪ ምእታዎም ሰራዊት ትግራይ ብዕጥቅን ስንቅን ክድልድል ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ነይርዎ። ብምሽጥር ተዓቂቡ ዝነበረ ልዕሊ 1300 ዝኸውን ከም ክላሽን፣ ስናይፐር ዝበለ ብረት ልዕሊ 500 ሽሕ ጥይትን ካልኦትን ካብ ዝቐበሮ ኣውፂኡ ብሕጋዊ መንገዲ ንዝምልከቶም ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ኣረከቦ። ብፍላይ ወረዳ ኣፅቢ ማእኸል መሰልጠኒ ሰራዊት ምስኮነት ብቐረብ ሎጂስቲክ ዝገብሮ ዝነበረ ኣስተዋፅኦ ብቓላት ምግላፅ ፈፂሙ ኣይከኣልን። ካብ ዝነኣሰት ክሳብ ዝዓበየት "ሰራዊት ትጠቕም እያ" እትበሃል ዝኾነት ዓይነት ንብረት ትኹን ስንቂ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ በብዓቕሙ ነቲ መኸተ እጃሙ ኣበርኪቱ። ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ክጋደሉ ንዝመፁ መናእሰይ ብኽብሪ ተቐቢሉ ኣብሊዑ ኣስትዩ ሓቦ ኣስኒቑ። ካብ ዝተፈላለየ ከባብታት ትግራይ ዝተልኣኸ ዕጥቅን ስንቅን ብኣግባቡ እናተቐበለ ነቲ ቓልሲ ኣብ ምጥንኻር ከምህዝቢ ዝለዓለ እጃም ከምዘበርከተ ተጋዳላይ ግርማይ ገብረሚካኤል (ወዲ ዓላ) የዘንቱ። ኮታስ ምልሻታትን መላእ ህዝብን ወረዳ ኣፅቢ ከምቲ ፀላእትና ንምምካት ኣብ ኩሉ ከባብታት ትግራይ ዝተኻየደ ንምእማኑ ዘፀግም መሪርን ፈታንን ኩነታት ሓደ ኮይኑ ተኣምር ሰሪሑ። ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ ተቓሊሱ ከቢድ መስዋእትን ዋጋን ከፊሉ ህልውንኡ ኣረጋገፀ። ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅቢ ህዝቦምን መሬቶምን ንምውሓስ ብሽም ስውእ ተጋዳላይ ቃል ኣሚን 'ቃል' ኣትዮም ንኣስታት ሸሞንተ ወርሒ ኣብ ዝገበርዎ መኸተ 29 ኣባላት ታሪኽ ሰሪሖም ብኽብሪ ዝተሰውኡ እንትኾኑ ከባቢ 75 ኣባላት ምልሻ ድማ ኣካላዊ መጉዳእቲ ከም ዝበፀሖም ተጋዳላይ በርሀ ገብረስላሴ የረድእ።

ጀጋኑ ምልሻታት ኣፅቢ ቦታን መዓልትን እናቐያየሩ ይመፁ ንዝነበሩ ልፍንታውያን ወረርቲ ከም ቖፅሊ እናርገፉ ንባዕሎም ረዚንን ክቡርን ዋጋ ከፊሎም። እዚ 'መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን' ብዝብል ርእሲ ቆንጢርና ብክልተ ክፋላት ዘቕረብናዮ ዛንታ ተጋድሎ ምልሻታትን ህዝብን ወረዳ ኣፅቢ ኣብዚ ክንዛዝም።

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ማህደር ፎቶ

ርክክብ ሽመትን ኣቀባብላን ሓዱሽ ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ



ፕረዚዳንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ጀነራል ታደሰ ወረደ ብህወሓት ዝተገበረሎም ኣቀባብላ

ንምልክነት ምምካት ፅኑዕ ቃል ኪዳን ቓልስና እዩ!!